الحركة الشعبية الإرترية
ኤርትራዊ ህዝባዊ ምንቅስቓስ
Eritrean People's Movement

# ወፍሪ ዋርሳይ ይከኣለ ወፍሪ ባርነት
# ህግደፍ ተዓቝብሉ ዘሎ ሓንፈጽ ስነ-ሓሳብ።

## ሻሙናይ ክፋል

ብተጋዳላይ ኣድሓኖም ገብረማርያም

***መተሓሳሰቢ፣*** *እዚ ጽሑፍ'ዚ ነቶም ብዛዕባ ወፍሪ ባርነት ምጽሓፍ ንኽቕጽሎ ወትሩ ዘተባብዑኒን ካልኦት ግዱሳት ዜጋታትን ዝምልከት'ዩ።*

## መቕድም፡-

ሓደ ረፍዲ ኣብ ግንቦት 2002 ፕረሲደንት ህግደፍ፣ ነቲ ከድልዮ ከሎ ጥራይ ዝእክቦ፣ ስማዊ ካቢኔ ሚንስተራቱ ጸዊዑ ድቦላ መደብ ኣቕረበሉ። ፕረሲደንት ህግደፍ፣ ንኹሉ መንእሰይ ሃገር ኣብ ሓይልታት ምክልኻል ኣእቲኻ ኣብ ልምዓት ከም ዝሳተፍ ብምግባር፣ ሃገር ቅልጡፍ ኩለንተናዊ ምዕባለ ክትገብርያ በሎም፡፡ ኣብ ትሕቲ ጫምኡ ክሳብ ዘሎዉ ብዘይካ ሕራይ ምባል ካልእ ምርጫ ስለ ዘይብሎም ከም ወትሩ ሰጊዶም ካብ ኣኼባ ወጽኡ። ከምኡ'ውን ብዛዕባ እዚ መደብ'ዚ እቶም ከም ኣማኸርቲ ፕረሲደንት ዝንገረሎም ላዕሎዎት ሓለፍቲ ህግደፍ'ውን ከም ዝኾነ ተራ ዜጋ ብመራኸቢ ብዙሓን'ዮም ተነጊሮም። ኢሳያስ ነቲ መደብ "ወፍሪ ዋርሳይ ይከኣለ" ኢሉ ሰመዮ። እዚ መደብ'ዚ ቅድሚ ምእዋጁ፣ ሓደ ወርሒ ዘይመልእ፣ ኮምሽን ዶብ ኢትዮ-ኤርትራ ብይኑ ሂቡ ስለ ዝነበረ፣ ኣብ ሓይልታት ምክልኻል ዘሎ መንእሰይ ነናብ ገዝኡ እንተተመሊሱ፣ ከልዕሎ ዝኽእል ሕቶታትን ዲሞክራስያዊ ጠለባትን ከም ሳዓቤን ድማ፣ ነቲ ስርዓት ከኸትሎ ዝኽእል ናዕቢን ዘይምርግጋእን ንምግማት'ውን ኣጸጋሚ ስለ ዘይኮነ፣ ነዚ መደብዚ ኣንቂልዎ፡፡ ስለዚ ዕላማ እቲ መደብ ንልምዓት ዘይኮነ ንኹሉ መንእሰይ ውልቃዊ መሰላቱ ገፊፍካ፣ ኣብ ሰራዊት ኣእቲኻ፣ ብወተሃደራዊ ሕግታት ቀሪንካ፣ ነቲ ሃገር ናብ ዓቢ ወተሃደራዊ መዓስከር ምቕያር'ዩ ነይሩ፡፡ ኣብ ሕብረተሰብና ዘኸትሎ ብዓሰርተታት ዓመታት ዘይሓዊ ቁስሊ ንጎድኒ ገዲፍና፣ ኢሳያስ ሸቶኡ ኣይወቕዐን ግን፣ ክበሃል ኣይከኣልን። ኢሳያስ ሸትኡ ንኽወቅዕ ምብትታን ናይ ተቓዋሚ ደንበ ኣይሓገዞን'ውን ክብሃል ዝከኣል ኣይኮነን።

ብወገነይ እዚ ብስም ወፍሪ ዋርሳይ ይከኣለ፣ ፕረሲደንት ህግደፍ ኣበጊስዎ ዘሎ መደብ፣ ወፍሪ ልምዓት ዘይኮነ ወፍሪ ባርነት'ዩ ብምባል፣ ካብ መፋርቕ 2002 ጀሚረ ኣብ ውሽጢ 4 ኣዋርሕ ውሑዳት ዓንቀጻት "ወፍሪ ዋርሳይ ይከእለ ወፍሪ ባርነት" ብዝብል ኣርእስቲ ኣብ ኢንተርነት ጽሒፈ ነይረ። እዚ ኣርእስቲ'ዚ ቀዲሕካዮ ዘይነጽፍ ዒላ ክነሱ ኣይቀጸልክዎን። ውልቃዊ ስንፍናይን ዘይርጉእ መነባብሮን ንጎድኒ ገዲፈ፣ እቶም ቀንዲ ንኸይጽሕፍ ዝዓገቱኒ እዞም ዝስዕቡ ክልተ ምኽንያታት'ዮም። ንሳቶም ድማ፡—

* ቀዳማይ፣ ምስ'ቶም ዝቀራረቡና ውድባት ብዝለዓለ ፕሮግራም፣ ምስ'ቶም ዘይቀራረቡና ውድባት ድማ ኣብ'ቶም ዘሰማምዑና ነጥብታት ተመርኲስና ብዝተሓተ ፕሮግራም ተጠርኒፍና ስርዓት ኢሳይያስ ከነወግድ ኣሎና ዝብል መደብ፣ ንምትግባር ዓቢ ክፉል ካብ ዝነበረኒ ግዜን ጸዓትን ስለ ዝወሰደ።

* ካልኣይ፣ እቲ መደብ ወፍሪ ባርነት ምኻኑ ስነ-ፍልጠታዊ መርትዖታት ብምቕራብ ክምጉት ዝደረኸኒ ምኽንያት፣ ውልቃዊ መሰላት ናይ'ቲ ዓያይ ስለ ዝግህስ'ዩ። ብዝኾነ መዐቀኒ ሓደ ሰብ ውልቃዊ ሓርነታቱ ተነፊጉ ክሰርሕ እንተ ተቐሲቡ ባርያ ስለዝኾነ። ብተወሳኺ እቲ መደብ ነታ ፍልማዊት ቁጠባዊ ኣሃዱ ሰድራ-ቤት ኢልና ንጽውዓ ቀዳመይቲ ዒላማ ገይሩ ስለ ዝሃርማ ሃገራዊ ህንጻት ዘይኮነ ሃገራዊ ዕንወት ከም ዘስዕብ ብምርዳእ'የ። ኣብ'ዚ ህሞት'ዚ እቶም ነቲ ወፍሪ ጸሊኦም ዝሃድሙ ዘሎዉ ብልሳኖም፣ እቲ ወፍሪ ባርነት ምዃኑ ይገልጽዎ ስለ ዘሎዉ እንታይነቱ ተቐሊዑ'ዩ። ከምኡ'ውን ውላደን ኣብ ወጻኢ ዘይብለን ኤርትራውያን ስድራ-ቤታት ናብ ለመንቲ ተቐይረን፣ ከመይ ዝኣመሰለ ከርፉሕ ናብራ የሕልፋ ኣሎዋ ርእሰ-ግሉጽ እመስለኒ።

እቲ መደብ ግን ዘበገሶ ስነ-ሓሳብ ኣሎዎ። ከመይ? ህግደፍ ሃገር የዕንዋ'ሎ፡፡ ከመይ? እቲ መልሲ ዘድልይዮ እዚ ሕቶ'ዚ እዩ። ኩሉና ዘይኘኽሕዶ፣ ህዝብና ካብ ኣብ ትሕቲ ዝኾነ ዝተበራረይሉ ባዕዳውያን ገዛእቲ ዘሕለፎ ናብራ፣ ናይ ሕጂ ይኸፍእ። ብኣዋጅ "ወፍሪ ዋርሳይ ይከኣሎ" ናብ ዝዛረብ መጽዓኛ ተቐይሩ ኣሎ። መሰረት ናይዚ ኩሉ ሓሳረ-መከራ መን'ዩ? ንዝብል ሕቶ ጭፍራ ህግደፍ'ዩ'፣ ተባሂሉ ክምለስ ብዝኾነ ጥዑይ ኣእምሮ ዘሎዎ ሰብ ዝከኣል'ዩ። ብተመሳሳሊ ስለምንታይ ህግደፍ ከምዚ ይገብር ኣሎ? ተባሂሉ ምስ ዝሕተት፣ ብዋጋ ህዝቢን ሃገርን ስልጣኑ ንምንዋሕ ዝብል ቅኑዕ ግን ሓፈሻዊ መልሲ ኘኽወሃብ ብዙሕ ምርምር ዝሓትት ኣይኮነን። እቲ ሕቶታት ግን በዚ ኣየብቅዕን'ዩ፡፡ እሞ እንታይ'ዩ ህግደፍ? እንታይ ዓይነት ውድብ'ዩ? እንታይ ዓይነት ስርዓት'ዩ? ዝብሉ ሕቶታት'ውን መልሲ ዝጽበዩ'ዮም። ህግደፍ ከም ኩሎም ናይ ኣፍሪቃ ስርዓታት መጻዩ ስርዓት'ዩ፣ ዝብል ሓፈሻዊ መልሲ ቅኑዕ'ዩ፡፡ እኳ ድኣ ምስ ካልኦት ናይ ኣፍሪቃ ስርዓታት ኣዋዳዲርካ፣ ዝኸፍአ መጻዩ ስርዓት ምኻኑ መርትዖታት ንምቕራብ ብዙሕ ጸገም የብሉን፡፡

ንነጻነት ሃገር ዝተበገሰ ውድብ ጥራይ ዘይኮነ ነጻነት'ውን ዘርጋገጸ ከመይ ኢሉ ኣብ ልዕሊ ናይ ገዛእ ርእሱ ህዝቢ እዚ ይፍጽም? ጭፍራ ህግደፍ ኣብ ልዕሊ ወለዶም ኣሕዋቶም ውላዶም ከመይ ገይሮም እዚ ኩሉ ግፍዕታት ይፍጽሙ ኣሎዉ? ዝብል ሕቶ ኘኹሉና ዘጨንቕና ኢዩ፡፡ እዚ ሕቶ'ዚ መሰረታዊ ስለ ዝኾነ፣ ንሱ ከይተመለሰ መንእሰይ ወለዶ ብሩህ ስእሊ ክህልዎ ኣይክእልን'ዩ ኢለ ስለ ዝኣመንኩን፣ ቀዳምነት ስለ ዝሃብክዎን፣ ግን ድማ ቀሊል ኮይኑ ስለ ዘይረኸብክዎን፣ ብዛዕባ ወፍሪ ባርነት ካብ ምጽሓፍ በኺረ። ምኽንያቱ ህግደፍ ብኸመይ ኣብዚ ደረጃ'ዚ በጺሑ? ዝብል ሕቶ ከይተመለሰ፣ ብዛዕባ እቲ ወፍሪ ምጽሓፍ ነቲ ሱር-ነገር ብምልኣት ስለ ዘይምልሾ'ዩ፡፡ ከመይ ንዝብል ሕቶ ንምምላስ ከበድቲ ዝገብርዎ ምኽንያታት እዞም ዝስዕቡ'ዮም፡፡

1. ዝኾነ ይኹን ነገር ካብ ንእሽቶ ናብ ዓቢ ካብ ቀሊል ናብ ዝተሓላለኸ ክምዕብል ሞጎታዊ ሕጊ'ዩ። ህግደፍ ድማ ናብ'ዚ በጺሕዎ ዘሎ ፍጹም ደረጃ ቶታላዊ (TOTALITARIAN) ስርዓት ክበጽሕ ዝሓለፎ መስርሕን መድረኻትን ኣሎዎ። ዝሓለፎ መድረኻትን ዝተኸተሎ መስርሕን ክትብርብር ምፍታን ድማ ታሪኽ እቲ ውድብ እንታይ ከም ዝመስል ምብራህ ዝሓትት'ዩ። እዚ ድማ፣ ቀሊል ኮይኑ ኣይረኸብክዎን።

ስለ'ዚ ኣብ'ዚ ሕጂ ዝሕንጥጦ ዘሎኹ ኣርእስቲ'ውን ኣመት ሂበ እንበር ጽሒፈ'ውን ክብል ኣይክእልን።

ህግደፍ መቐጸልታ ናይ ህዝባዊ ግንባር'ዩ። ኩነታት ናይ'ቲ ሕርሲ ንጐድኒ ገዲፍና፡ ህዝባዊ ሓይልታት ድሒሩ ድማ ህዝባዊ ግንባር ካብ ተጋድሎ ሓርነት ዝተወልደ'ዩ። ስለዚ ክልቲኦም ውድባት ቀጥታዊ መጎታዊ ምትእስሳር ኣለዎም። ታሪኽ ብረታዊ ቃልስና ብዙሕ ዀርዓሉ መዳያት'ኳ እንተለዎ፡ ብዙሓት ግናያት ፍጻሜታት'ውን ኣለውዎ። ብዙሓት ናይ'ዘን ኣሎዋ ዝበሃላ ተቓወምቲ ውድባት ኣባላትን መራሕቲን ከኣ ተረፍ-መረፍ ናይ'ዘን ውድባት ስለ ዝዀንና፡ ብዙሓት ካብኦም ታሪኽ ክትንከፍ ከሎ ዘርእይዎ ቀጨውጨውን ብታሕቲ-ታሕቲ ውዲትን ጸለመን ኣቃሊልካ ዝረአ ኣይኮነን። ስለ'ዚ ግናይ መዳይ ታሪኽ ብረታዊ ቃልስና ከይንትንክፍን፡ ካብኡ ተማሂርና ኘኸይድገም ብቓልዕ ነቲ መንእሰይ ወለዶ ከይነምህሮን፡ ብፈንጂ ኣኽቢቦም ሓጺሮሞ ይርከቡ። ኣቃሊልካ ዝውሰድ ዕማም'ኳ ኣንተዘይኮነ፡ እዞም ፈንጂታት ክምዝሓቑ ኣለዎም። ምኽንያቱ፡ ንሓሳብ ሓሳብ ጥራይ'ዩ ተቓሊሱ ዘውድቆ፡፡ ከምኡ ንምግባር ድማ እንታይነት ናይቲ ትቃለሶ ዘሎኻ ነገር ምሉእ መረዳእታ ክህሉ ይግባእ። ነቲ ከተወግዶ እትደልዮ ሓሳብ፡ ብቐዳምነት ሱሩ መሰረቱ ክትፈልጦ ኣሎካ፡፡ ሹዑ ጥራይ'ዩ ድማ ብሉይ ኣተሓሳስባ ብሓድሽ ዝትካእ። ተሃድሶ ድማ ዝረጋገጽ። ስለዝዀነ፡ ብዛዕባ ህግደፍ ብፍላይ፡ ብዛዕባ ሰውራ ኤርትራ ድማ ብሓፈሻ፡ ገለ ሕጂ ቀያሕቲ መብራህቲታት ዝመስሉ፡ ቅንይ ኢሎም ግን ናብ ቀጠልያ ዝቕየሩ ጥሒሰ ዝመስለኒ ርእይቶ ኣቕሪበ ኣሎኹ። ጥንቃቐ ዘድልዮ ኣርእስቲ ስለ ዝዀነ ግን፡ ግዜን ጽዓትን ዝበልዕ ኮይኑ ረኺበዮ እየ። ዝዀነ ኮይኑ፡ ናይ ደጋፊ ይኹን ተጻራሪ ርእይቶታት ረኺቡ ክምዕብል ከኣ እጽበ።

2. ክልተ ሰባት ብዛዕባ ንሳቶም ዝፈልጥዎ ሳልሳይ ሰብ፡ ምስ ሓዲኦም ጥራይ ዝራኸብ እንተል'ዩ፡ እቲ ዘይረኸቦ ዘሎ ነቲ ዝረኸቦ ዘሎ፡ ኣንታ እገሌ ከመይ ኣሎ? ዝብል ሕቶ'ዩ ዘቕርበሉ። ቀጢኑ'ሎ፡ ከርሹ'ሎ፡ ነዳቓይ ኰይኑ፡ ክልተ ቆልዑ ወሊዱ፡ ዝብሉ ግዙፋትን ጭቡጣትን መልስታት ክህቦ ይኽእል። ዕላሎም እንተ ቀጺሎም ድማ፡ እገሌ'ኮ ለባም'ዩ፡ ዓዋን'ዩ፡ ርህሩህ'ዩ፡ ጨካን'ዩ፡ ውፉይ'ዩ፡ ተበላጺ'ዩ፡ ክብሎ ይኽእል። እዞም ኣብ ካልኣይ ምድብ ዘቕረቦም ረቀቕቲ ኣምራት'ዮም ድማ ከም ሰብ፡ መግለጺ መንነት ናይ'ዚ ናይ ዕላሎም ኣርእስቲ ኮይኑ ዘሎ ውልቀ-ሰብ። መግለ'ጺ መንነት ናይ ሓደ ውልቀ-ሰብ እንበኣር፡ ካብ ኣተሓሳስብኡ ዝምንጭዉ ተግባራቱ'ዮም፡፡

ህግደፍ ሕጋዊ ሰብ'ዩ። ውድብ'ዩ። መቐጸልታ ህዝባዊ ግንባር'ዩ። ማሕበር ኪዳነ-ምህረት ወይ ማሕበር ቅዱስ ሚካኤል ኣይኮነን። መግለጺ መንነቱ ድማ ኣብ ተግባራቱ ዝገሃድ ኣተሓሳስብኡ'ዩ። ስለ'ዚ፡ ህግደፍ ናይ ኣተሓሳስባ መስመር ይውንን'ዩ። እዚ ንተግባራቱ ቀንዴል ኮይኑ ዝመርሕ ዘሎ ኣተሓሳስብኡ ድማ ብኻልእ ኣዘራርባ ስነ-ሓሳቡ'ዩ። ህግደፍ ብመደብ ዋርሳይ ይከእሎ መላእ ህዝቢ ባርያ ገይርዎ ኣሎ። ህግደፍ ኣንጻር ዝተፈላልዩ ክፋላት ናይቲ ሕብረተሰብ ውግእ ከፊቱ'ሎ። ማለት ኣንጻር ተጋደልቲ፡፡ መዋእሎም ዘተቓለሱን ብጾቱን መራሕትን፡ ኣባላት ሃገራዊ ኣገልግሎት፡ ነጋዶ፡ ሲቪላዊ ኣግልግሎት፡ ዓበይቲ ዓዲ፡ ወለዲ፡ ገፈፍቲ ዓ ሳን፡ ሃይማኖትን መእምናንን፡ ትምህርቲን ተመሃሮን...ወዘተ። በቲ ካልእ መዳይ ምስ ኩለን ጎረባብቱ ውግእ'ውን ከፊቱ'ዩ። ሕጂ ድማ ምስ መላእ ዓለም ናይ ቃላት ውግእ ከፊቱ ኣሎ። ይኹን'ምበር፡ ኣብ ውጻኢ ንህግደፍን ኣተሓሳስብኡን ዝድግፍ ህዝቢ ከም ዘሎ ዘማትእ ኣይኮነን። እምበኣር ህግደፍ ስነ-ሓሳብ ኣሎዎ ኢልና ኣፍና መሊእና ክንዛረብ ኘኽእል ኢና፡፡ ግን ኣበየናይ ስነሓሳብ'ዩ ተዓቒኑ ዘሎ? ዝብል መሰረታዊ ሕቶ፡ መልሲ ይጽበ'ሎ።

*ዕላማ ናይ'ዚ ጽሑፍ'ዚ እንበኣር ህግደፍ ተዓቒኑብሉ ዘሎ ስነ-ሓሳብ ናብ ቃልዕ ምውጻእ'ዩ። ሕመረት እዚ ጽሑፍዚ ስነ-ሓስብ ህግደፍ ጋህዲ ብምግባር ተግባራቱ ንምቅላዕ'ዩ። ምቅልዑ ጥራይ ዘይኮነ ንምድምሳሱ'ዩ። ኣብ ልዕሊ መቓብር ኣተሓሳስብኡ፡ ሓድሽ ኣተሓሳስባ ከም ዝዕንብብ ንምግባር'ዩ፡፡ ብሓጺሩ እዚ ሓደሽ ኣተሓሳስባ ተቓውሞ (NEGATION) ናይ ኣተሓሳስባ ህግደፍ'ዩ። ምኽንያቱ ከምቲ ክብ ኢሉ ዝገለጽክዎ፡ ንሓሳብ ብመጀምርያ ብሓስብ ኢኻ ትገጥሞ። ሓደ ካብ መሰረታውያን ሽግርናትና እንበኣር ጥርኑፍ ከቃልሰና ዝኽእል ተባዕን ቅኑዕን ኣተሓሳስባ ክነማዕብል ዘይምኽኣልና'ዩ። ስለዝኾነ'ዩ ድማ ኣብ ሓድሕዱ ዝተሃራረም መግለጺ ካብ ብዙሓት መራሕቲ ተቓወምቲ ዝስማዕ። ሓደ ካብ'ቲ ምኽንያታት ደምበ ተቓውሞ ምስ ህዝቢ ማይን ጠስምን ገይሩዎ ዘሎ ድማ እዚ'ዩ።*

*3. ፖለቲካዊ ሽግራት ሃገርና በኸመይ ይፍታሕ ጥርኑፍ ሓሳብ ከየቕረብካ፡ ብዛዕባ ኢሳያስን ህግደፍን ጥራይ ምዝራብ እኹል ከምዘይኮነ ብዙሓት ሰባት ይዛረቡ'ዮም። ከም ተቓወምቲ "ኣካል ናይ'ቲ ፍታሕ እንበር ኣካል ናይ'ቲ ሽግር" ክትኮኑ የብልኩምን ዝብል ምኽሪ ይልግሱ'ዮም። "ኣብ ሕድሕድኩም ክትቋየቑ ጽሓይ ዓሪቡ"፡ ዝብል ለበዋታት ይደጋገም'ዩ። ሓቆም ኣለው። እዚ ጥራይ'ውን ኣይኮነን እቲ ወስ ዘብልዎ ወቐሳ ፡'ካብ ኢሳያስ ዝሓምቁን ዝሕሹን፡ ካብ ህግደፍ ዝኸፍኡን ዝጥዕዩን፡ ብዛዕባ ደሞክራሲን ዲክታተርነትን ክጽሕፉን ኣፎም ከፈቶም ክምድሩን ክትርኢ ከሎኻ፡ ከምዚ ኣብ እንዳስዋ ዝበዝሖ ከባቢ ሰኽራማት እንዳሽኑ ምስ ኣሸገርዎም፡ "ዝባን መንግስቲ ኣብ'ዚ ከይትሸኑ" ከም ምንባብ ኮይኑና ኣሎ ዝብሉ'ውን ኣለው። እዚ ዳሕራዋይ ኣበሃህላ'ውን ካብ ሓቂ ዝረሓቐ ኣይመስለንን። ዘሎናዮ መድረኽ ከም'ዚ ናይ ዕዳጋ ዕግርግር ተባሂሉ ዝምሰሉ ኩነታት'ዩ። ክልተ ሰባት ኣብ ናይ ብርዒ ስም ተዓቒኑቦም ህዝቢ ከደናግር ዝኽእል ቤላው-ቤላው ብኢንተርነት ከናፍሱ ይኽእሉ'ዮም። ብዘይካ ገንዘባዊ ሓገዝ ጎረባብቲ ሃገራት ሓደ ወርሒ ብእግሮም ጠጠው ክብሉ ዘይክእሉ ውድባት፡ ብህዝቢ ኤርትራ ክምሕሉን ክጥሕሉን ይነብሩ ኣለዉ። ብርግጽ ዘሎናዮ ፖለቲካዊ ክዉንነት ናይ ዕዳጋ ዕግርግር'ዩ። ካብ "ናይ ዕዳጋ ዕ ግርግር ከኣ ሌባ'ዩ ዝረብሕ"።*

*እንተኾነ ኣብ ትሕቲ እዚ ኩሉ ፖለቲካዊ ዕግርግር፡ ኤርትራዊ ህዝባዊ ምንቅስቓስ ሃገር ትድሕኑሉ መገዲ ብፕሮግራም መልክዕ ኣሚቱ'ዩ። መሰርተ-ሓሳብ ናይ'ዚ ፕሮግራም'ዚ፡ ኩሎም ንስርዓት ህግደፍ ዝቃወሙ ፖለቲካዊ ውድባት፡ ሲቪላዊ ማሕበራት ተራን ኣበርክቶን ዘሎዎም ውልቀሰባትን፡ ሰላም፡ ዲሞክራሲን ግዝእተ-ሕጊን ከም ዝተሓተ ናይ መጠራነፊ ፕሮግራም ተቐቢሎም፡ ህግደፍ ካብ ስልጣን ብምውጋድ ሃገር ንኸድሕኑ ዝጽውዕ'ዩ። እዚ'ውን ነቲ ውድብን ንዓይን ግዜናን ጸዓትናን ተሻሚውልና'ዩ።*

## መእተዊ፥

መሰረት ናይ'ዚ ጽሑፍ'ዚ ኣብ ጉባኤ ኤርትራዊ ህዝባዊ ምንቅስቓስ ኣብ ጥሪ 2005 ዝቐርበ ጽብጻብ ግዝያዊ መሪሕነት'ዩ። እቲ ጽሑፍ ንብዙሓት ኣብ ህሉው ፖለቲካዊ ኩነታት ኤርትራ ዘዛርቡ ተሃወስቲ ፖለቲካዊ ሕቶታት ዝዳህሰሰ'ዩ ነይሩ። ገለ ኣብነታት ንምጥቃስ ሕቶ ብሄራት ኣብ ሃገርና፥ ሕቶ ሃይማኖትን መንግስትን፥ ሰራዊት ናይ'ዘን ዘሎዋ ውድባት ናይ ጽባሕ ብግዜ ዝትኮስ ፈንጂ ምዃኑ፥ ሕቶ ክልተ ባህልታት ማለት ባህሊ ዓረብን ባህሊ ትግርኛን ተባሂሉ ዝንገረና፥ ሕቶ ክልተ ቤት ትምህርትታት ማለት ሻዕብያን ጀብሃን ተባሂሉ ዝዝረበሉ... ወዘተ፥ ዘጠቓለል'ዩ ነይሩ። እዚ ጽሕፍ'ዚ ሓደ ክፋል ናይ ሓደ "ባህርያት ስርዓት ህግደፍ" ዝብል ኣርእስቲ'ዩ ነይሩ። ሕጂ ግን ዝያዳ ታሪኻዊን ክልሰ-ሓሳባዊን መዳያቱ ኣግፊሐ፥ ቁሩብ ዕምቆት'ውን ተወሲኽዎ ኣቕርቦ ኣሎኹ።

እዚ ኣርእስቲ'ዚ ህግደፍ ተዓቍብሉ ዘሎ ስነሓሳብ ከነጽር'ዩ ዝፍትን። ህግደፍ ሓንፈጽ ስነ-ሓሳብ ከም ዘሎዎ ይጠቅስ፥ ኣብ ኣርባዕተ ንኡስ ክፋላት ድማ ይምቀል። ንሳቶም ድማ እዞም ዝስዕቡ'ዮም፥—

ሀ. ጸጋማዊ ስነ—ሓሳብ፥
ለ. ኣውራጃነት፥
ሐ. ናይ ከበባ መንፈስ፥
መ. ጃህራን ትምክሕትን ሓሶትን፥

ኣብ'ዚ፥ ከይጠቕስክዎ ክሓልፍ ዘይደሊ፥ እዚ ናይ ከበባ መንፈስ ዝብል ኣርእስቲ፥ ብግቡእ ኣብሪሁ ኣብ ኣእምሮይ ከም ዝሰርጽ ዝገበሮ ሓደ ምኩርን በሊሕን ተጋዳላይ ምዃኑ እንዳ ገልጽኩ፥ ሰናይ ንባብ እትምነ፥ ርእይቶታትኩም ድማ እጽበ።

ዓወት ወይ ሞት!

ኣድሓኖም ገብረማሪያም
መጋቢት 2006

## ሀ. ጸጋማዊ ስነ-ሓሳብ፥-

እዚ ስነ-ሓሳብ'ዚ ብማርክሰ-ለኒንነት ዝፍለጥ ኰይኑ፡ ኣብ ፖለቲካዊ መዳዩ ብዘይካ ሓደ ሰልፊን ንሱ ዝምረሓሎም ሓስባትን ካልኦት ክህልዉ ዘየፍቅድ፡ ንምልኪ ናይ ሓደ ደርቢ ኣብ ልዕሊ ካልኦት ደርብታት ዝጣበቕ እዩ። ብኻልእ ኣዘራርባ፡ ናይ ሽቃሎ ምልኪ ብምትሕግጋዝ ሓርስቶት ንምርግጋጽ ዝዓለመ ኰይኑ፡ ብባህሪኡ ረጋጽን ጨቋንን ስነ-ሓሳብ'ዩ።ኣብ ቁጠባዊ መዳዩ ዕዳጋ ኣሳታፊ ደሞክራሲ ምኻኑ ዝኽሕድ፡ናውቲ ማእቶት ኣብ ዋንነት መንግስቲ ዘእቱ፡ ጸረ-ብሕታዊ ጥሪትን ነጻ ዕዳጋን ኰይኑ ፡ እንታይ ከም ዝፈሪ፡እቲ ዝፈሪ ብኸመይ ከም ዝመቓራሕ ብውሑዳት መንግስታዊ ስልጣን ዝጨበጡ ዝውሰን ጸረ-ብሕታዊ ተበግሶ'ዩ።መንግስቲ እንታይ ዓይነት ኣቕሓን ኣገልግሎትን ከም ዝፈሪ ስለ ዝውስን ድማ፡ መን ኣበየናይ ስራሕ ይምደብ ክውስን ባህርያዊ ስለ ዝኾነ ኣበየናይ ቦታ ከም ትነብር ዝውስን'ውን ንሱ'ዩ። ስለዚ ብማሕበራዊ መዳዩ'ውን ጸቓጢ'ዩ።ስለ ዝኾነ እዚ ስነሓሳብ'ዚ ብኹሉ እንተንኡ ገባተን (collectivist) ጸረ-ኩሎም ውልቃዊ ሓርነታት ወዲ-ሰብን ኢዩ።

ገለ ካብ መራሕትን ካድረታትን ህዝባዊ ሓይልታት፡(ክልቲኡ ክፋላት ከይሓበረ ከሎ) ብሚያዝያ 1971 ብዘይ ኣፍልጦ ኣባላት ውድብ፡ ኣብ ውሽጢ ህዝባዊ ግንባር፡ በዚ ኣተሓሳስባ'ዚ እምራሕ'የ ዝብል ምስጢራዊ ሰልፊ መስረቱ። ካብ ካልኣይ ወገን ህዝባዊ ሓይልታት ስለምንታይ ተጋዳላይ ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ጥራይ ኣብ ምምስራት'ዚ ሰልፊ ተኻፊሉ?እቶም ኣብ ካልኣይ ወገን ህዝባዊ ሓይልታት ምስ ኢሳይያስ ካብ ተ.ሓ.ኤ ዝተፈለዩ ገሊኦም'ውን ቅድሚኡ፡ ብማዕርኡ ኣብ "ብልሒ መላጸ" ደው ኢሎም ውድብ ዝመስረቱ ስለምንታይ ተወጊኖም? ካብ'ዞም መስረቲ ተባሂሎም ዘለው፡ ዝንእስ ሃገራውነት፡ ጅግንነት፡ ተወፋይነት፡ ደርባዊ ንቕሓት፡ ወዘተ ስለዝነበሮም ድዩ? ዝብሉ ሕቶታት ክለዓሉ ግድነት'ኳ ይኹኑ ብኻልእ ጽሑፍ ምርኣዮም ይሓይሽ፡፡

ብዝኾነ እቲ ሰልፊ ነዊሕ ከይከደ ኣብ መንጎ እቶም መስረቲ ብዝተፈጥረ ዘይምርድዳእን ሓድሕድ ምውንጃላትን ናብ ሙማት ገጹ'ዩ ከይዱ ነይሩ።ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ውግእ ሓድሕድ ብምውላዕ ንህዝባዊ ሓይልታት ክትቅንጽላ ስለ ዝተበገሰት፡ ናይ ሓበር ነብሰ-ምክልኻል ክግበር ባህርያዊ ስለ ዝኾነ፡ ነቲ ኣብ'ቶም መስረቲ ዝነበረ ምቅሕሓር፡ኣዝዩ ከም ዝንኪ፡ቅንጸላ ተሓኤ ገዚፍ ተራ ተጻዊቱ'ዩ።ተ.ሓ.ኤ ውግእ ሕድሕድ እንተ ዘይትውልዕ ነይራ፡እቲ ድሒሩ ዝተከሰተ ታሪኽ ካልእ ጉዕዞ ምተኸተለ ኢልካ ምግምጋም ይከኣል'ዩ።

እቲ ሰልፊ ሂወት ሰሺዑ ክነጥፍ ዝጀመረ ኣብ 1973 ምንቅስቓስ ናይ ተጋደልቲ (ብተለምዶ መንካዕ ተባሂሉ ዝጽዋዕ) ሓይሉ ፡ እቲ ውድብ ኣብ ቅልውላው ምስ ኣቶወን ስልጣን ናይ'ቶም ኣብ ሓድሕዶም ዝወናጀሉ ዝነበሩ መራሕቲ ኣብ ሓደጋ ምስ ወደቐን'ዩ፡፡ ስለ'ዚ ዳግመ ምውላድ ናይቲ ሰልፊ ዝደረኸ እንኮ ኩነት ነቲ ንከቢድ ሓደጋ ዝተቓለዐ ተመቓቂሎም ሒዞሞ ዝነበሩ ስልጣን ንምዕቃብን ንምክልኻልን'ዩ ነይሩ።እምባኣር እቲ ሰልፊ ካብ ሞት ክትንስእ ከሎ፡መምዘኒ ረቛሒ ንኣባልነት ኣብ ክንዲ እምነት ነቲ ስነ-ሓሳብን ካልኦት ሰውራዊ ባህርያትን፡ማለት ተወፋይነትን ጅግንነትን ወዘተ፡ ከም ዝኾኑ ዝገብር፡ኣብ ኣፈታትሓ እቲ ሽግር ጸግዒ ናይ'ታ መሪሕነት ዝሓዙ ከም ዝኸውን ተገብረ።ብኸመይ ከም ዝተፈትሐ ናይ ገዛእ-ርእሱ ገዚፍ ታሪኽ ስለ ዘለዎ፡ ካብ ዓቕሚ እዚ ሒዝናዮ ዘለና ኣርእስቲ ንላዕሊ'ዩ። ስለ ዝኾነ ንግዝይኡ ምጉሳዩ ይሓይሽ።

ኣባላት ውድብ፣ ብሰንኪ ዘይምፍላጥ ህላዌ ናይ'ዚ ሰልፊ፣ መሪሕነት ናይ'ቲ ሰልፊ ብስም ሰልፊ ናይ ስለያ መርበቡ ኣብ መላእ ኣባላት ውድብ ንምዝርጋሕ ጽቡቕ ዕድል ረኺቡ። ብሰንኪ'ዚ፣ እዚ መሪሕነት'ዚ፣ኣብ ሓጺር ግዜ ንመላእ ኣባላት ውድብ ንምቁጽጻር ክኣለ።እዚ እቲ ሓደ ገጽ ናይ'ቲ ሰልፊ'ዩ።እቲ ካልኣይ ገጽ ድማ፣ እዚ ስነ-ሓሳብ'ዚ ዋላ'ኳ ብስም ውጹዓት ዝተፈልሰፈ እንተኾነ፣ ኣብ ዝተናውሐ ግዜ ብተግባር ኣብ ዝተራእየሉ ግን፣ ጸረ-'ቶም ዝሕለቕሎም ኣካላት ሕብረተ-ሰብ ብምዃን፣ ጸቢብን ጉጅላውን ጥቕምታት ውልቀ-ሰባት ካብ ምሕላው ሓሊፉ፣ ካልእ ዝፈየዶ ነገር ከቶ የልቦን።ቀንዲ መርኣያኡ ድማ ብስም ውጹዓት ሓደ ጭፍራ ገበርትን ሓደግትን ናይ ምዃን ብሓፈሻ፣ ካብቶም ገበርትን ሓደግትን ድማ፣ ሓደ ኣዝዩ ዝሓየለን ምንጭር ናይ'ቶም ገበርትን ሓደግትን ዝኾነ ውልቀ-ሰብ ዘፍረየ ምዃኑ ብፍላይ፣ ኣባና ጥራሕ ዝተራእየ ዘይኮነስ፣ ኣብ ብዙሓት ሃገራት ዝተራእየን፣ ንውጹዓት ኣህዛብ ዘሳቐየን ምዃኑ ዝሰሓት ኣይመስለንን። ስለዚ ብሱሩ-መሰረቱ መጻይን ጸር-ደሞክራሲን'ዩ።

ባህርያት እቲ ስነ-ሓሳብን ካብ'ቲ ስነ-ሓሳብ በቕ፟ልና ዝብሉ ሰልፍታትን ውጽኢቶምን ከም'ዚ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ ኮይኑ፣ ፍሉይ ባህሪ ናይ'ቲ ኣብ ህዝባዊ ሓይልታት ዳግማይ ዝተወልደ ሰልፊ ግን ብስም እቲ ስነ-ሓሳብ ብግስ ክብል ከሎ ውሽጣዊ ስለያዊ ትካል ኮይኑ ብምውላዱ'ዩ። እቲ ሰልፊ ኩሉ ውሽጣዊ ጸጥታዊ ስርሓት ይዓሞ ስለ ዝነበረ'ዩ ድማ ኣብ ህዝባዊ ሓይልታት ድሒሩ ህዝባዊ ግንባር፣ ከም ቅርጺ ክፍሊ ጸጥታ ዝበሃል ኣብ ኩሉ እቲ ውድብ መሓውራቱ ዝዘርገሐ ኣካል ዘይነበረ። እዚ ፍሉይ ባህሪ'ዚ ስለዝነበሮ'ዩ ድማ ብውሳነ ናይ ኢሳይያስ ጥራይ መጀመርያ ንዓመታት ከም ዝድስክል፣ ዳሕራይ ከም ዝፈርስ ዝኾነ። ኣብ ተሪር ናይ ኣባላቱ ስነሓሳባዊ እምነት ዝተሰረተ ሰልፊ ብውልቀ-ሰብ ክፈርስ ምኽኣለ'ዶ??? ብኣወንታ ክምልሽ ቅሩብ ዝኾነ ሰብ ከረድኣኒ ቅሩብ ኣሎ፟ኹ። ሃየ!!!

እዚ ስነ-ሓሳብ'ዚ፣ ኣብ ብዙሕ ክፋላት ናይ ዓለም ብዙሕ ተቐባልነት ረኺቡ ስለ ዝነበረ፣ ኣብ መዋእል ብረታዊ ቃልስና'ውን፣ ነዚ ስነ-ሓሳብ'ዚ ኣሚኖም ዝቃለሱ ዝነበሩ ተጋደልቲ ንተወፋይነቶም ኣዝዩ ኣዕዚዙዎ ጥራሕ ዘይኮነስ፣ ብዙሓት ሓደስቲ መንእሰያት ኣብ ቃልሲ ተሰሊፎም ሃገሮም ነጻ ንምውጻእ ንክቃለሱ፣ ናቱ ኣስተዋጽኦ ከም ዝገበረ፣ ዘይስሓት'ዩ። ብሰንኪ ኣብ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ዝፍጸም ዝነበረ ቅትለት ተጋደልትን ድሑርን መስፍናዊ ኣመራርሓን ብዙሓት ትምህርቶም ኣቛሪጾም ናብ ተሓኤ ዝተሰለፉ ናብ ኢትዮጵያ ተመሊሶም ይስልሙ ብምንባሮም፣ ብዙሓት ኣብ ገድሊ ኤርትራ ተስፋ ቖሪጽና ዝነበርና'ውን ወንናን ኣስሓኮናን ኣባራቢሩ፣ ናብ ገድሊ ኻኽንጽንበር ዝደረኸና እዚ ስነሓሳብ'ዩ። ህዝባዊ ሓይልታት ነዚ ስነ-ሓሳብ'ዚ ከም ዝኽተል ብዝተፈላለዩ መንገድታት ብምንጽብራቑ ድልየትና ኣርውዩ ሕልናና ኣቕሲንዎ ኢዩ።ተወፊናሉ ድማ።

እንተኾነ፣ እዚ ጃንዳ'ዚ፣ ነዚ ሰነ-ሓሳብ'ዚ ብምምዝማዝ፣ ደርባዊ ቃልሲ ዝብል ኣምር፣ ተጠቒሙ ኻኹሎም ከጥፍኦም ዝደለየ ተቓለስቲ፣ ደርቦም ኣይሓሸኹን፣ ጸረ ሸቃላይን ሓረስታይን እዮም ብዝብል ምስምስ ንምጥፍኦም ተገልጊሉሉ እዩ። ኻኹሎም ስልጣን ክቈራቑሱኒ ይኽእሉ እዮም፣ ትእዛዘይ ኣይቅበሉን እዮም፣ ንዝበሎም መጥፍኢ ተጠቒሙሉ እዩ። ወይ ድማ ድኽቶም ኣስትዩ ሰብነቶም ከም ዘጥፍኡ ገይርዎም'ዩ። ብፍላይ ምሁራት፣ ተወፋይነቶም፣ ሃገርነቶምን ጅግንነቶምን ብዘየገድስ፣ ከም ምድብ ኣብ ደርቢ ንኡስ-ቡርጆዋ ስለ ዝስርዑ፣ ብሰረተ-እምነት እቲ ክልሰ-ሓሳብ ድማ ደርቦም እንተ ዘይሓኺኾም ጸላእቲ ሰውራ ስለ ዝኾኑ፣ ንምድሃኾምን መንነቶም ከም ዘጥፍኡ ንምግባሮምን ዓይነታዊ መሳሪሒኡ ገይርዎ'ዩ። ናይ ፊደል ምቁጻር ዕድል ስለዝረኸቡ፣ ካብ'ቲ ናይ'ቲ ጃንዳ ርእይቶ ዝፍለ ሓሳባት ከመንጭው ባህርያዊ ስለዝኾነ ዒላማ'ዮም

ነይሮም። እቲ ስግኣት ብኣግኡ ንምክልኻሉ ምሁር ወይ ወዲ-ከተማ ኘኸይስለፍ ኣብ 1975-76 እቲ ጃንዳ ዝኣወጀሉ ግዝያት ድማ ነይሩ'ዩ። ኣማስያኡ ድማ፡ እቲ ፍልስፋና ዋላኳ ብዓንደራእሱ ጸቓጥን ጸረ-ዲሞክራስን ይኹን እምበር፡ እቲ ጃንዳን መራሒኡን፡ ዝህብዎ ትእዛዛትን መምርሒታትን ነቲ ፍልስፍና ተኪኡ፡ ኩሉ ንሳቶም ዝብልዎን ዝደልዩዎን፡ ስነ-ሓሳብ ናይ'ቲ ግንባር ከም ዝኾውን ገበሩ።

ንትእዛዛቶምን መምርሒታቶምን ዘይቅብል ወይ'ውን ኣይቅበልን'ዩ ተባሂሉ ዝግመት፡ ጸረ-ሰውራን ናይ ቃልሲ ዓንቃፍን ብምባል ከጸልሙዎን፡ ካብ ሓፋሽ ተጋዳላይ ክንጽሉዎን፡ እንተ ደለዮም ከኣ፡ ኣብ ሓለዋ ሰውራ ወሲዶም ከሕቅቕዎን ክቐትሉዎን፡ ከም ቀንዲ መሳርሒ ተጠቕምሉ።

ስልጣን ኣብ ሓደ ጭፍራ ምስ ተኣከበ፡መራሕ ጭፍራ ኣብ'ቲ ውድብ ልሉይ ቦታ እንዳ ሓዘ መጽአ።እዚ ኩነት'ዚ ኣብ ውሽጢ እቲ ጭፍራ መን ናብ መራሕ ጭፍራ ዝያዳ ቀረበ ዝመበገሲኡ ህልኽን ውድድርን ኣኸተለ።መራሕ ጭፍራ ከኣ ዝያዳ ገፍሓሉን ናይ ስልጣን ኮረሻኡ ኣጣጢሑ ገባሪን ሓዳጊን ኮነ።ምስ ግዜ ከኣ ልዕሊ ኩሎም ብጾቱ ምኺኑ እንዳ ተነጸረ ምስ መጽአ ነቶም ኣባላት ናይቲ ጭፍራ'ውን ስልጣኖም ቀንጢጡ ናብ ተራ ተለኣኣኽቱ ቀየሮም።ንሱ ከኣ "ብጹእ ዎቅዱስ" ኮነ።

"ንሕናን ዕላማናን" ዝብል መበቆላዊን ኣራሚን ሓዳሲን ጽሑፍ ምስ ጸሓፊ ኣጻብዕቱ ቆርዩ፡ ሓንጎሉ መኺኑ ክነሱ፡ንሱ ዝዛረቦን እቲ ሳሕቲ ካብ'ቲን ካብ'ዚን ቀዲሑ ዝጽሕፎን ኣበር ዘይብሉ ገስጋሲ ተብሂሉ ክዝመረሉ ጀመረ'ሞ ኩሉ ንሱ ዝገብሮ መተካእታ ናይቲ ፍልስፍና ኮነ።እቶም ኣብ ትሕቲ ጽላሎቱ ኮይኖም ከም መራሕ ጭፍራ ኣይተወልደን ኢሎም ዝውድሱ ከኣ፡ (ሰራሕ ታሪኽ ሓፋሽ ምኺኑ ተረሲዑ) ክሳብ እዚ ዕለት'ዚ ከም ጀጋኑ ናይቲ ካብ ዕረ ዝመረረ ቃልሲ ኮይኖም ኣብ ሕብረተ-ሰብ ኤርትራ ይረኣዩ ኣለው። ታሪኽ ሰሪቖም ይነብሩ ኣለዉ። ሕጂ'ሞ ድማ ክሻ ምሻ ማንኪ ወዲ ማንኪ ዝሰየምሉ መድረኽ'ውን ኣቲና ኣለና፡፡

በቲ ካልእ ሸነኽ፡ ኣብ ህዝባዊ ግንባር ዝነበረ ተጋዳላይ፡--ኣብቲ' መጀመርያ ዓመታት፡ ውሑዳት ደርቢ ኣልቦ ሓድሽ ሕብረተሰብ ንምፍጣር እቲ እንኮ መገዲ ምልኪ ብምዝውታር ጥራይ'ዩ ክረጋገጽ ዝኽእል ኢሎም ዝኣመኑ ስለ ዝነበሩ ነቲ ኣመራርሓ ዝተቐበልዎ ነይሮም'ዮም። ገሊኦም ነቲ ኣመራርሓ'ኳ እንተ ዘይተቐበልዎ ካልእ ኣማራጺ ስለ ዘይነበሮም፡እቲ ከም ኣማራጺ ክውሰድ ዝከኣል፡ ናብ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ምኻድ'ውን፡ ናብ ዝኸፍአ ዓዘቕቲ ምሽማም ምኻኑ ኣዳዕዲዕም ይፈልጡ ስለዝነበሩ፡ማለት መስመር ተ.ሓ.ኤ ሃገራዊ ነጻነት ከረጋግጽ ይኽእል'ዩ ዝብል ቅንጣብ እምነት ስለዘይነበሮም፡ ብሰንኪ ሃገራዊ ነጽነትና ከይተዓናቕፍ ካብ ዝብል ውሕሉልን ዉፉይን ኣተሓሳስባ ስኖም ነኺሶም ክቃለሱን ክስውኡን መረጹ። ገሊኦም ድማ፡ በቲ ሰልፊ ዝፍጸሙ ዝነበሩ ኣስካሕካሕቲ ተግባራት ተዳሂሎም፡ ብዘይዝኾነ ይኹን ሕቶ ዘዝተባህልዎ ኣሜን ኢሎም ንክፍጽሙ ተገደዱ። ሓደ ከይተጠቕሰ ክሕለፍ ዘይግብኦ ነገር ግን ኣሎ።እዚ ድማ ኣብ ወተሃደራዊ መዳይ (ክሳብ ኣብ ፖለቲካዊ መዳይ ኢድካ ጠብሎቕሎቕ ዘየበልካ) ኣብ ልዕሊ ጸላኢ ዘሰንብር ስጉምቲ ኘክትወስድ ዋላ በቲ መሪሕነት እሙን ኣይትኹን፡ ሓርነት ነይሩ'ዩ። ብኣጣቓላሊ ግን ኣብ ህዝባዊ ግንባር ሓድሽ ፍጡር ተፈጢሩ'ዩ። እዚ ድማ ላዕሎዎት ዝሓሰብሉ ዝሓስብ፡ ላዕሎዎት ዝተዛረብዎ ዝደግም፡ ዘልበስዎ ዝኽደን፡ዝተኣዘዞ ዝፍጽም፡ ኘኽስዋእ ምሉእ ዕድል ዘሎዎ፡ ተጋዳላይ ተባሂሉ ዝጽዋዕ ፍጡር።

እዚ ኩነት'ዚ፡ ነቲ ጃንዳ ዝደለዮ ስጉምቲ ንኽወስድ ምቹእ ዕድል ፈጠረሉ። ኣማስያኡ ከኣ፡ እቲ ውድብ ኣብ ፍጹም ምቁጽጻር ሓደ ውልቀ-ሰብ ስለ ዝወደቐ፡ ነቶም ሓላፍነት ዝሃቦም ተለኣኣኽቱ ኣብ ልዕሊኡ ዘሎዎም ተኣማንነት ክሳብ ዘየጕደሉ እዞም ዝስዕቡ ክልተ ዕድላት ከፈተሎም፡—- እቲ ቀዳማይ ከም ድልየቶም ኣያዊ ናይ ረብሓ መርበብ (PATRONAGE NETWORK) ክዝርግሑ'ዩ። እዚ ተግባር'ዚ ንዝፈተውዎ ኣብ ሰልፊ ንምእታውን ሓላፍነት ንምሃብን ዘጠቓለለ ኮይኑ ኣብ መወድእትኡ ኣብ ንሓድሕደን ዝተፋነና ጉጅለታት ንኽፍጠራ ዝገበረ ኩነት'ዩ። ካልኣይ እቶም ተለኣኣኽቱ ቃሕ ዝበሎም ውልቃዊ ሓለፋታት ንኽዘውትሩ ምትብባዕ'ዩ። ስለ ዝኾነ ድማ ኣብ መንጎ ላዕ ለዎት ሓለፍትን ተራ ተጋደልትን ናይ ሰማይን መሬትን ናይ መነባብሮ ፍልልይ ተፈጢሩ ክነሱ፡ ከም ቅቡል ተወሲዱ እቲ ውድብ ክጕዓዝ ጀመረ። ኣይፋል ክብለኒ ዝኽእል ሰብ ኣሎ?!!! ሃየ!!! ወይ ድማ ጆርጅ ኦርወል ካብ መቓብሩ ተንሲኡ ክጽሕፈልና ንጸበ!!!

እዘን ክልተ ተግባራት፡መራሕ ጃንዳ ስልጣኑ ንምድልዳል ኣዝየን ጠቒመንኦ እየን።እተን ዝተፈላለያ ኣያዊ ናይ ረብሓ መርበባት ወይ ንኡስ ጃንዳታት ኣብ ነንሕድሕደን ክወዳደራን ክተሃላለኻን ከሎዋ፡መራሕ ጃንዳ ባዕሉ ዘበገሶ ክነሱ፡እቲ ምትፍናን ከም ዘይምልከቶ ኮይኑ ብምቕራብ ቦታ ዓራቒ ብምሓዙ'ዩ። ከምኡ'ውን እቶም ተለኣኣኽቲ ዘዘውትርዎ ዝነበሩ ሓለፉ ከም ልሙድ'ኳ ይወሰድ፡ተጋዳልቲ ከም ዝጽየፍዎ ስለ ዝፈልጥ፡ናይ መፈራርሒን መህረምን በትሪ ተጠቒሙሉ'ዩ።እዚ ረሳሕ ናይ ፖለቲካ ጸወታ'ዚ ድማ "ብጹእ ወቅዱስ" ንኽበሃል ናቱ ኣስተዋጽኦ ኣሎዎ። "ዘይ በይኑ'ዩ ዝሰርሕ፡ ምስኪናይ ሓገዝቲ ስኢኑ"፡ ውድብ ንሱ'ዩ ጠሚሩ ሒዝዋ ዘሎ'በር እቶም ካልኦትሲ ምበተንዋ"፡ኣብ ዕቑብ ቦታ እንዳ ነበረ "ብዘይክኡ ሰውራዊን ጅግናን ውፉይን የለን" ተባህለ።

ስለ'ዚ እዚ ሕጂ ኣብ ሃገርና እንርእዮ ዘሎና ብሓደ ውልቀ-ሰብ ዝምራሕ ቶታላዊ ስርዓ ት፡ (TOTALITARIAN SYSTEM) እምበኣር ሕጂ ዝተፈጥረ ዘይኮነስ፡ ጸጋማዊ ስነሓሳብ ከም መቐናቐንቱ መጽነቲ ዝተጠቐመ ከድልዮ ከሎ ሕጂ'ውን ነቶም ኣብ ግዜ ቃልሲ ዝጥቀምሎም ዝነበሩ ስልትታት ዝጥቀም፡ ኣብ ሜዳ ኤርትራ ተወሊዱ፡ ኣብኡ ዓ ኾኹን ጐቢዙን ሰዊዱን ዝመጸ እዩ። ኣይፋል ዝብል ኣሎ???

ምስ ግዜ ተጋዳላይ ህዝባዊ ግንባር፡እቶም ሓለፍቲ (እቶም ሰውራውያን) ብግብሪ ዝገብርዎን ብኣፎም ዝዛረብዎን ዘየሳኒ ኮይኑ ስለ ዝረኸቦ፡ኣብ'ቲ ስነሓሳብ ዝነበሮ እምነት እንዳነከየ መጽአ። ኣብ ፖለቲካዊ ትምህርቲ ዝነበረ ተገዳስነት ቁንቁል ኣፉ ተነቕነቀ። ብፍላይ ምሁራት ነቲ ኣብ 70ታት ከም ጸባ ዝሃርፍዎ ዝነበሩ ማርክስ-ለኒናዊ ጽሑፋት ኣብ 80ታት ራሕሪሖሞ ኣብ ቅድሚኦም ዝረኸቡዎ ናይ ልቢ-ወለድ መጻሕፍቲ ኣብ ምንባብ ኣቶዉ።

ህዝባዊ ግንባር ኣብ 1987፡ ኣብ ካልኣይን ሓድነታውን ጉባኤኡ፡ ነዚ ደረቕ ስነ-ሓሳብ ከም ዘየዋጽእ ፈሊጡ 'መስለኒ፡ ኣብ ፕሮግራሙ ኣብ መጻኢት ኤርትራ ሕውስዋስ ቁጠባን ብዝሒ ሰልፍታትን ከህሉ ከምዘለዎ ኣስፈሩ። እዚ ዓብይ ተስፋ ዝህብ ለውጢ'ዩ ነይሩ። ሽሕ'ኳ ኣብ ወረቐት ናይ ለውጢ ኣንፈታት ይርአ፡ ኣብ ኣካይዳ ናይ'ቲ ውድብ ግን፡ ዝኾነ ይኹን ለውጢ ኣይነበረን። ውሽጣዊ ደሞክራስያዊ ኣንፈት ኣይተራእየን። "ሓርበኛ" እትብሃል ውሽጣዊት መጽሔት ድሕሪ ጉባኤ ኣቛልቒሉ፡ ገለ ግሩሃት ተጋደልቲ ብቓለ-መጠይቓት ስእነትን ድኽነትን ዲሞክራሲን ዲሞክራስያዊ ትካላትን ኣብ'ቲ ውድብ ከም ዘሎ ክገልጹ ምስ ጀመሩ ንምሽራባ ግዜ ኣይወሰደሉን፡፡ ካልእ

ኣብነት ክጠቕስ፡— ኣብ 1990 ኣብ ኣፍዓበት ማእከላይ ሽማግለ ኣኼባ ኣብ ዘካየደሉ፣ ኣሕመድ ኣልቀይሲ ኣባል ማእከላይ ሽማግለ ተኣሲሩ ነይሩ። ማሕሙድ ጃብራ እቲ ትብዓት ካበይ ከም ዘምጽኦ ዝገርም'ዩ፡"ቀይሲ ተኣሲሩ ይበሃል እንታይ ስለዝገበረ'ዩ ኢሉ ወታእታእ እንዳበለ ይሓትት"። ኢሳይያስ ጽውግውግ እንዳበለ፡ "ብጸጥታዊ ምኽንያት ብትእዛዝ ዋና ጽሓፊ ተኣሲሩ"ክብል መለሸ። ነብሲ-ወከፍና ምኽንያት መእሰሪኡ ኣብ ዓምበርበብ ስዋ እንዳ ሰተዩ፡ቀይሲ ምውቕውቕ ምስ በሎ ንኢሳይያስ ከም ዝተዳፈሮ ንፈልጥ ኔርና ኢና። እዚ ፍጻሜ'ዚ፡ ኣብ ንቡር እዋን ናይ ክልተ ብጾት ኣብ ግዜ ምዝንጋዕ ቀሊል ምጉንፋጥ ተባሂሉ ዝሕለፍ'ዩ። እቲ ሓቂ ከም'ዚ ምዃኑ እንዳ ተፈልጠ፡ዋላ ሓደ ካባና ክዛረብ ኣይደፈረን። ካብ ኣኼባ ውጽእ ምስ በልና ግን ሓያሎ ኣባላት ማእከላይ ሽማግለ "ጃብራ ድሓን ይእቶ ንቐይሲ ከማን ዘኪርዎ" ኢሎም ኣሕሸኹሺኾምን ትብዓቱ ኣድኒቖምን፡፡

ስለ'ዚ እንበኣር <u>ብሓደ ሰብ ዝምራሕ ውድብ ሒዝና ኢና ኣብ ግንቦት 1991 ናጻነት ዘረጋገጽና።</u> ድሕሪ ናጽነት መላእ ተጋዳላይ ኣብ ግዜ ቃልሲ ዘረከቦም ውልቃዊ መሰላቱን ሓርነታቱን ክመልስ፡ እቲ ብሓደ ሰብ ዝምራሕ ስርዓት፡ በቲ ናይ ግዜ ቃልሲ ኣካይዳ ክኸይድ ኣብ ቀጻሊ ረጽሚ ስለ ዝኣተዉ፡ ለውጢ ዘይሓተተን ዘይተቓለሰን ተጋዳላይ ነይሩ ክበሃል ኣይካልን። ዋና ጸሓፊ ናይ'ቲ ውድብ ዝነበረ ኢሳይያስ ኣፍወርቂ ከኣ ተጋዳላይ መኣዝኑ ኣጥፊኡ ብምባል ኣብ ኩሉ ኣጋጣሚታት ዓጸፌታዊ መልሲ ክድርቢ ጀመረ።

እቲ ዘይዕግበት ኣብ መላእ ተጋዳላይ ዝነበረ'ኳ ይኹን፡ ኣብነታት ንምጥቃስ፡—

ናይ ከቢድ ብረት ተጋደልቲ ኣብ ቀጻሊ ዕግርግር ነይሮም፡፡ ሓለፍትን ካድረታትን ክፍሊ ታዕሊም ኣዕገርጊሮም ዓመታት ተኣሲሮም፡፡ ገለ ሓለፍቲን ካድረታትን ሓይሊ ባሕሪ ኣዕገርጊሮም ዓመታት ተኣሲሮም፡፡ ብሪገድ 45 ናይ ክፍለ ሰራዊት 52 ብምልእታ ኣዕገርጊራ ዓመታት ተኣሲራ፡፡ ካልኦት ክፍለ-ሰራዊታት'ውን ተመሳሳሊ ኣረኣእያ'ዩ ነይርወን። ኣብ መወዳእታ ከኣ፡ ኣብ ድሮ በዓል ሪፈረንደም ዘይውዱብን ህጻናውን እኳ ይኹን፡ ተጋደልቲ ብኣድማ መዓርፎ ነፈርቲ ኣስመራ ተቛጺጺሮሞ ዊዓ ...ሎም'ዮም። ዓመታት ድማ ተኣሲሮም።ካብ ክፍልታት ሎጅስቲክስ፡ ሕክምና፡ ስለያ(72)፡ ባህሊ ኣብ ቀጻሊ ዕግርግር'ዮም ነይሮም ከም ዝብተኑ ድማ ተገይሩ። ድሕሪ ናይ 1993 ናይ ተጋደልቲ ኣድማ ከኣ፡ ኩሎም ናይ 90ን 91 ዝተሰለፉ ተጋደልቲ፡ ብምጥያስ ዝበሃል ምኽኒት ካብ'ቲ ውድብ ተሰጕጎም። እቲ ምጥያስ ናብ ገዳይም ተጋደልቲ'ውን ተሰጋጊሩ ልዕሊ ፍርቂ ካብ ጠቕላላ ብዝሒ ናይ ተጋደልቲ መብዛሕቶም ደም እንዳነብዑ ከም ዝሳናበቱ ተገብረ። ካብ'ተን ምስትንክር ታሪኽ ከም ዝሰርሓ ፈታዊ ጥራይ ዘይኮነ ጸላኢ'ውን ዝምስክረለን ደቀንስትዮ ተጋደልቲ 88% ከም ዝስጎጓ ተገብረ።

እዚ ድማ ነቶም "መኣዝኖም ኣጥፊኦም ተባሂሎም ዝግለጹ ዝነበሩ ተጋደልቲ ሓይሎምን ጥርናፊኦምን ንምድኻም ዝተወሰደ ስጉምቲ'ዩ።ምኽንያቱ መደብ ምጥያስ ብዝተጸንዐን ኣድማዒን ኣገባብ ንኽፍጸም ብሚንስተራት ጴጥሮስ ሰሎሙን (ሚንስተር ምክልኻል) ሃይለ ወልደንሰኣን (ሚንስተር ቁጠባን ኣህጉራዊ ምትሕግጋዝን) ከም መደብ ተታሒዙ እንክሎ'ዩ ኢሳይያስ ኣድማ ናይ ተጋደልቲ ከም መመኽነይታ ተጠቒሙ ንተጋደልቲ ብትንትን ዘእተወሎም።

ብተመሳሳሊ ኣብ ወጻኢ ዝነብሩ ዜጋታት ብማሕበር ተጠርኒፎም ንመንበሪ ገዝውቲ መሬት ክወሃቦም ከሎ፡ ንተመሳሳሊ ዕላማ ዝቖማ ማሕበራት ናይ ተጋደልቲ ከም ዝብተና ገይሩወን'ዩ። እዚ ስጉምት'ዚ እቲ ንቑጠባዊ ዕላማ ጥራይ ዝተገብረ ምትእኽኻብ

ተጋደልቲ ናብ ፖለቲካዊ ምጥርናፍ ኝኽይምዕብል ብምስጋእ በቲ ሓደ፣ ተጋደልቲ ናይ ገዛእ ርእሶም ገዛ ወኒኖም ካብ ተመጽዋትነት ናይቲ ስርዓት ኝኽይወጽኡን ብኽፊል ቁጠባዊ ሓርነት ኝኽይረኽቡን በቲ ካልእ፥ ዝዓለም'ዩ። ምእንቲ ዝካረ ገዛ ናይ መንግስቲ ክረኽቡ፥ ክብረቶም ሸይጦም፥ ናብ'ቶም ኮራኹር ናይ'ቲ ስርዓት ሰጊድ-ሰላም ዝበሉ ንጹሃት ተጋደልቲ ድማ ውሑዳት ኣይኮኑን። ስንኩላት ሓርነት፥ ብዘይ ዝኾነ ይኹን መጽናዕቲ ኣብ መዓስከር ማይሓባር ተኣኪቦም ኝኽልቢ ዘይትምነዩሉ ሂወት ነጺጎም፥ ተመሳሳሊ ዘይዕግበትን ምንቅስቓስን ስለዝገበሩ ከኣ ብግፍዒ ተቐቲሎም። ኣብ ገፊሕ ቤት ማእሰርቲ ዝሕየሩ ከኣ ነይሮም፥– ዝድስክሉ።

እዚ ኩሉ ዝጠቐሶ ዘለኹ፥ ናይ ተጋደልቲ ኣድማታት ከም'ቲ ብዙሕ ግዜ ዝጥቀስ፥ ቁጠባዊ ሕቶታት ጥራይ ዘይኮነ ብሱሩ መሰረቱ፥ ሕቶ ናይ ውልቃዊ መሰላትካ ናይ ምርግጋጽ ረጽምን ቃልሲን'ዩ ነይሩ። ሕቶ ናይ ፖለቲካውን ቁጠባውን ማሕበራዊ ሓርነታትካ ናይ ምርግጋጽ ቀጻሊ ቃልሲን ረጽምን'ዩ ነይሩ። ከም'ቲ ኣቐዲመ ዝጸሓፍኩዎ፥ ተጋዳላይ ህዝባዊ ግንባር ድሕሪ ናጽነት'ውን ይኹን፥ ገለ ውሱናት ላዕ ሎዎት ሓለፍቲ'ኳ ሓለፋ ይንበሮም ታሕታዋይ ስልጣን ይሃሉኻ ላዕላዋይ ስልጣን ይሃሉኻ መሰል ዝበሃል የብሎምን። ዋላ ሚንስተር ይኹን። ኣለዎም ወይ ነይርዎም ዝብል ሰብ ኣሎ? ሃየ!!!

ስለ'ዚ፥ እዞም ብስም ጉጅለ 15 ዝጽውዑ ላዕለዎት ሓለፍቲ፥ ቅዋም ይተግበር ቅዋማዊ መንግስቲ ንመስረት፥ ኢሎም ብጥርኑፍ ክንቀሳቐሱ ዝጀመሩ፥ መቐጸልታ ናይ'ቲ ን10 ዓመት ተጋዳላይ ህዝባዊ ግንባር ዝተቓለሰሎም፥– ዝተኣስረሎም፥ ዝሞተሎም ዝደስከለሎምን፥ ካብ'ቲ ውድብ ዝተሰጎሎምን ሕቶታት'ዮም ኣልዒሎም። ነቲ ፍኑውን ጥርናፈ ዝጎደሎን ሕቶታት ተጋደልቲ ቅንጣብ ትሕዝቶ (SUBSTANCE) ኣይወሰኹሉን። ቅርጺ (FORM) ጥራይ'ዮም ኣልቢሶሞ።ብኣኦም ከም ዝተጀመረ ጌርካ ምዝራብ ኣብ ልዕ ሊ ታሪኽ ገበን ምፍጻም'ዩ። ሕጂ'ውን ታሪኽ ክስረቕ የብሉን።

ልክዕ'ዩ፥ ጉዳይ ናይ ውግእን ሰላምን ሃገር፥ ብሓደ ሰብ ምስ ተወሰነ፥ እቲ ውግእ ከኣ፥ ዘይተኣደነ ሰብኣውን ንዋታውን ክሳራታት ኣስዒቡ፥ ብስዕረትና ምስ ተደምደመ፥ ነቲ ዝነበረ ጠንቂ፥ (CAUSE ) ማለት ውልቃዊ መሰላትካ ናይ ምምላስ ቃልሲን ረጽምን ከም መመኽነይታ (INCIDENT) ኮይኑ፥ ድሕሪ'ቲ ውግእ ላዕለዎት ሓላፍቲ'ውን ነቲ ቃልሲ ክጽንበሩዎ ሓጊዙ ኣዩ።እንበኣር እቲ ናይ 10 ዓመት ናይ ተጋደልቲ ቃልሲ ጥርኑፍ መሪሕ'ኳ ኣይንበሮ፥ ብዓንደርእሱ ፖለቲካዊ ቃልሲ'ዩ ነይሩ። ከም ዜጋ፥ሰብኣዊን ሲቪላዊን መሰላትካ ናይ ምርግጋጽ ቃልሲን ረጽምን'ዩ ነይሩ።ምእንቲ ምርግጋጽ ሃገራዊ ነጻነት ዝተረከቡ ውልቃዊ መሰላትን ሓርነታትን ናብ ዋናታቶም ናይ ምምላስ ቀጻሊ ረጽምን ቃልሲን'ዩ ነይሩ።

ስርዓት ህግዲፍ ኝኹሉ ናይ ለውጢ ጠለባትን፥ ለውጢ ዝጠለቡ ሰባትን ብግሁድ ኣብ መስከረም 2001 ምሰ ጨፍለቐ፥ ደሞክራስያዊ ለውጢ ንምትእትታው ዝነበረ ተስፋ ንግዚኡ ኣምከኖ። ብእዉጅ መልክዕ ኣብ ግንቦት 2002፥ ንመላእ መንእሰይ ልክዕ ከም'ቶም ተጋደልቲ ውልቃዊ መሰላቶም ቀንጢጡ፥ ኣብ ወፍሪ ዋርሳይ ይከኣሎ ከም ዝጽመዱ ገበረ። እቲ ኣብ ተጋደልቲ ጥራይ ዝነበረ ምሕራም መሰል ከኣ፥ ናብ ኩሉ መንእሰይ ተሰጋገረ። ሓደ ሰብ ውልቃዊ ሓርነታቱ እንተ ተቐንጢጡ፥ ባርያ እዩ።ተጋዳላይ ህዝባዊ ግንባር ምእንቲ ምርግጋጽ ሃገራዊ ነጻነት ዘረከቦም ውልቃዊ መሰላቱ ክመልሶም ስለ ዘይካለ ገዲም ባርያ'ዩ።ተጋደልቲ መጋበርያ ናይ'ቲ ስርዓት ኮይኖም ህዝቢ ይጭፍሉቑ ኣሎው ተባሂሉ ብሰፊሕ ይዕለል'ዩ።ሓንሳብ እቲ ናይ ጊላ

ስርዓት እንተ ተተኺሉ ኣብ'ቲ ስርዓት ዘገልግል ዝተባህሎ ክገብር ባህርያዊ'ዩ።ተጋዳላይ ይኹን ኣገልግሎት። ኣብ ታሪኽ ከም እንፈልጦ፡ ገዛእቲ ደርብታት ሮማዊያን፡ ባሮት ንባሮት ብምቅታል፡ዓቢ ስፖርታዊ መዛናግዒ ገይሮም ይርእይዎ ከም ዝነበሩ ክዘንጋዕ የብሉን።ባርያ ማለት እኮ መጋበሪያ ማለት'ዩ።ስለ ዝኾነ ድማ፡ ብዝኾነ መዐቀኒ ክስፈር ከሎ ተጋዳላይ ማለት እቲ ምእንቲ ነጻነት ሃገሩ ዝተበጀ፡ኣብ ግዜ ብረታዊ ቃልሲ ዘረከቦም ሓርነታቱ ክመልሶም ብዘይ ምኽኣሉ ቀዳማይ ናይ'ዚ ስርዓት'ዚ ግዳይ ኢዩ።
እዞም ኣብ ወፍሪ ዋርሳይ ይከኣሎ ተጸሚዶም ዘለዉ ብስም ሃገራዊ ኣገልግሎት ወይ ዋርሳይ ዝፍለጡ ከኣ፡ ውልቃዊ ሓርነታት የብሎምን። ስለ'ዚ ንሳቶም ውን ሓደስቲ ባሮት'ዮም። ስለ ዝኾነ፡ ወፍሪ ዋርሳይ ይከኣሎ፡ ወፍሪ ባርነት'ዩ።ግን ድማ መቐጸልታ።

ኣብ'ዚ ግዜ'ዚ፡ ናይ መላእ ሃገር ናውቲ ማእቶት ኣብ ትሕቲ መንግስቲ ኣትዩ'ሎ። መላእ መሬት ናይ መንግስቲ'ዩ። መራኸቢታት ናይ መንግስቲ'ዩ። ፊናንስያዊ ትካላት ናይ መንግስቲ'ዩ።ዓበይቲ ሆቴላትን መዛናግዒታትን ናይ መንግስቲ'ዩ።እተን ዝሰርሓ ዝበሃላ ንኣሽቱ ኢንዱስትሪታት ናይ ግንባር'የን።ናይ ህንጻ ኢንዱስቱሪ ብህግዲፍ ተባሒቱ'ዩ።ናይ ባሕሪን መሬትን መጎዓዝያ ናይ ህግደፍ'ዩ። ነጋዶ ካብ ንግዲ ተወጊኖም'ዮም፡፡ ህዝቢ ካብ ናይ "ቀበሌ" ድኳናት(ድኳናት ህግደፍ) መሰረታዊያን ሃለኽቲ ኣቑሑ ክገዝእ ኣብ መስርዕ ተሰጢሑ ይውዕልን ይሓድርን ኣሎ።ዝለምዐ መሬት ብሓለፍቲ ሰራዊት ተመንዚዑ'ዩ።መሬት ዓድታት ንሰብ ዶላር ብሓራጅ ይሽየጥ ኣሎ። መላእ ሃብቲ ዓሳ  ናይ ሓደ ግብጻዊን ናይ ኢሳይያስን ዋንነት'ዩ።ሓደስትን ነባራትን ኣግሮ ኢንዱስትሪ ናይ ህግደፍ'ዩ። መላእ ኣፍርዩ ጉልበት ኣብ ትሕቲ መንግስቲ ከም ዝሰርሕ ተገይሩ'ሎ።ንግዳዊ ትካላት ግንባር ናይ ጃምላን ንጽልን ንግዲ ብሞኖፖል ተቖጻጺሮንኦ ኣሎዋ።ሓረስታይ ዘፍረዮ ናይ ሕርሻ ምህርቲ ናብ ኣስመራ ወሲዱ ክሸጦ ኣይክእልን'ዩ።ናብ እኽሊ ቦርድ ተባሂሉ ዝጽዋዕ ትካል ናይ ህግደፍ ከረክቦ ኣሎዎ።ህግደፍ እንዳ መሻጢት ይውንን፡፡ኮሚደረን ጉዕ በርበረን ሓለፍቲ ሰራዊት፡ነተን ኣብ ጽርግያ ተሰጢሐን ድራር ዕለተን ዝምእርራ ዝነበራ ደቂ-ኣንስትዮ ኣወጊኖም፡ በቶም ባሮቶም ዝኾኑ ዋርሳይ ኣብ ጽርግያታት ይሽየጥ ኣሎ።ህግደፍ ብፎረስታል  ዝተታሕዘ ፍሓም ብንጽል ይሸይጥ።ዘንቢል ፍርቂ ዘንቢል ፍሓም ሸይጡ ይነግድ !!! ወዘተ።

ኣብ ሃገርና ናይ እምነት መሰል የለን።ብእምነቱ ምስ ኣምላኹ ክራኸብ ዝፈተነ ዜጋ ይእሰር።ሃይማኖታት መንፈስዊ ክብሮም ተጋሂሱ፡ሙፍቲን ጳጳስን ፓትርያርክን ተራ ናይ ሓደ ናይ ፖለቲካ ካድር ንክፍጽሙ ይእዘዙ ኣለዉ። ህዝቢ ንኣምላኹ ዘይኮነ፡ ንመራሕ ህግደፍ ከምልኽ'ዩ እቲ ዝካየድ ጻዕሪ፡፡ ናይ ምጽሓፍ፡ ምዝራብ፡ ምእካብን ዝተፈላለያ ማሕበራት ናይ ምቛም መሰል የለን። ዝፈተነ ዜጋ ብናይ ዓፈና ኣካላት ኣብ ሰብ ዘይፈልጦ ጎዳጉዲ ይእሰር። ዝኣምሉ ይጠፍእ። ፈራዲን ሓጋጊን ኣካል የለን። ዝሕግግን ዝፈርድን ዝኣስርን ሓደ ኣካል'ዩ። እዚ ኣካል'ዚ ልዕሊ ሕጊ'ዩ ኢሎም ገለ ምሁራትና ይገልጽዎ፡፡ሓቀኛ መግለጺኡ ግን ሕጊ-ኣልቦ'ዩ።

ዝበጽሐ ውላድካ ዋላ ልዕሊ 40 ዓመት ዝዕድሚኡ ባርነት መሪርዎ፡ናበይ ከም ዝኸይድ ዘይፈልጥ፡ካብ ኤርትራ ኣርሒቑ ንኽጠፍእ ጥራይ ዝዕላምኡ ካብ ሃገር ምስ ዝሃድም ትእሰር፡፡ 50 ሽሕ ናቕፋ እንተ ዘይከፊልካ ድማ ኣብ ቤት ማእሰርቲ ትማስን ጥራይ ዘይኮነ መገበርካ ከይትሓርስ'ውን ትኽልከል።

ስለ'ዚ እቲ ኣቐዲሙ ኣብ ተጋደልቲ ጥራይ ዝነበረ ባርነት ድሒሩ ናብ ዋርሳይ ዝተሰጋገረ ሕጂ ናብ ምሉእ ሃገር ልሒሙ መልእ ህዝቢ ባርያ ናይ ሓደ ጭፍራ ኮይኑ ኣሎ።

ከም'ዚ ዓይነት ስርዓት እንታይ ዓይነት ስርዓት'ዩ? ዝብል ሕቶ ክለዓል ግቡእ እመስለኒ። ታሪኻዊ ድሕረ-ባይታኡን ናይ ሕጂ ተግባራቱን ከምዘረጋግጽዎ ከኣ ኮሚንስታዊ'ዩ። ቶታላዊ ስርዓት'ዩ። ኮሙኒስታዊ ስርዓት ከኣ፣ ባርነት'ዩ። እዚ ስርዓት'ዚ ኮሞኒስታዊ ኣይኮነን፣ ቶታላዊ ስርዓት ኣይኮነን፣ኣይፋል ትጋገ ኣሎኻ ዝብለኒ ምሁር እንተልዩ ድማ ክመሃር ድሉው ስለዘሎኹ መልሲ ክጽበ'የ። እኒ ዶክቶር እኒ ፕረፈሰር ሕቶ ጥራይ ኣይኮንኩን ዘቕርብ ዘሎኹ፣ ብዓንደርእሱ ብድሆ'ዩ!!! ኩሎም መደባት ናይ'ዚ ጃንዳ እንኮላይ ወፍሪ ዋርሳይ ይካሎ ኮሙኒስታዊ መደባት'ዮም።ስለ'ዚ ከኣ፣ ባርነት'ዮም።

ነዚ ጥቕሉል መደምደታ ብዛዕባ ኮሙኒስታዊ ስርዓታት ዝሃብክዎ ኩሉ ሰብ ዝፈልጦ'ኳ ይኹን፣ገለ ታሪኻዊ ሓቅታት ምድጋም ሕማቕ ኣይመስለንን።

ኩሎም ኮሙኒስታዊ ስርዓታት ገበቲ እዮም። ስለ ዝኾኑ ከኣ፣ ጸረ'ቲ ዝሕለቑሉ ሕብረተ-ሰብ'ዮም።እንተኾነ ማርክሰ ለኒናዊ ስነ-ሓሳብ፣ ከም'ቲ ክብ ኢሉ ዝጠቐስኩዎ ኣብ ብዙሕ ክፋላት ናይ ዓለም ተቐባልነት ረኺቡ ስለ ዝነበረ፣ ብዙሓት ብእኡ ዝምርሑ ስርዓታት ቄይሞም ነይሮም'ዮም። ሕጂ'ኳ ዳርጋ ኩሎም ነበር እንተኾኑ፣ ኣብ ህዝብታቶም ዘውረዱዎ ዕንወትን ብርሰትን ቀሊል ኣይነበረን።

እዞም ስርዓታት እዚኣቶም መብዝሕትኡ ሃገር ንምምዕባል ኢሎም ዝጥቀምሉ ብውሑዳት ዝቕየስ ወፍሪ ዝተሓወሶ መደባት'ዩ። ብምስምስ ወፍሪ ብዙሓት ኩሙኒስታዊ ስርዓታት ኣብ ህዝቦም ዘውረዱዎ ኣስካሕካሒ ቅትለታት፣ ማእሰርትን፣ ስደትን ድኽነትን ዘርዚርካ ዝውዳእ ኣይኮነን። ጀማሪት ናይ'ዚ ስርዓት'ዚ ከኣ ሕብረት ሶቬት'ያ።

ቀዳማይ ኲናት ዓለም ብ1914 ምስ ተጀመረን ኣብ ምቕጻል ኣንከሎን፣ ብ1917 ብለኒን ዝምራሕ ማሕበርነታዊ መንግስቲ ኣብ ሕብረት ሶቬት ተተኽለ። ኣብ'ቲ እዋን'ቲ እቲ ውግእ ኣብ ገለ ክፋል ሕብረት ሶቬት እውን ይካየድ ስለ ዝነበረ፣ ሓድሽ መንግስቲ ሕብረት-ሶቬት ኩሉ ሃብቲ ናይ'ቲ ህዝቢ ብምውራስ፣ ዜጋታት ናይ'ታ ሃገር ብመልክዕ መቑንን ቀለብ ይወሃቦም ነበረ።ኣብ ግዜ ውግእ ህዝቢ ብመቑነን ክምገብ ዘጋጥም ተርእዮ'ካ ይኹን፣ ሕድሽ መንግስቲ ሕብረት ሶቪየት ግን ነቶም ሃብታማት ንብረቶም ወሪሱ፣ ተመጽወቲ ንኽኾኑ ኣካል ናይቲ ሰውራ ገይሩ'ዩ ወሲድዎ።። እቲ መንግስቲ ምህጋር ብሕታዊ ሃብቲ ንኽልተ ነገራት ተጠቐመሉ። ቀዳማይ፣-ብግብሪ ከም ዝተረጋገጸ፣ ኩሉ ዜጋ ናይ'ታ ሃገር፣ ኣብ ምሉእ ምሕረት መንግስቲ ብምውዳቕ፣ እቲ መንግስቲ ዝኣዘዞ፣ ብዘይ ዝኾነ ዕጥይጥይ ንኽፍጽም ክኸውን እንከሎ፣ እቲ ካልኣይ ከኣ፣ እቲ መንግስቲ፣ ሃብቲ ዜጋታቱ ወሪሱ መንግስታዊ ሃብቲ ብምግባር፣ መንግስታዊ ቁጠባ ብምሕያልን፣ ነቶም ነቲ ስርዓት ንምሕላው ተዋፊሮም ዘሎዉ ሰባት ዝለዓለ መነባብሮ ከም ዝህልዎ ንምግባርን'ዩ።'

ብድሕሪ ሞት ለኒን፣ ብ1924 የሴፍ ስታሊን ኣብ ስልጣን ምስ መጸ፣ ቀዳማይ ዕማሙ ጌሩ ዝወሰዶ ጉዳይ ናይ ስልጣን ተቓናቀንተይ እዮም ኢሉ ንዝገመቶም መዘናታቱን ካልኦት ሓለፍቲን፣ ምቕታል፣ ኣብ ሳይበርያ ምእሳርን ከም ዝስደዱ ምግባርን'ዩ። ነዚ ተግባራት'ዚ ኣጽፊፉ ምስ ወደአ፣ ኢንዱስትርያዊ ሰውራ ምክያድ ዝብል ኣዋጅ ድሕሪ ምውጻእ፣ መላእ ዜጋታት ናይ'ታ ሃገር፣ ከምዝዛረብ ኣንስሳ ተቖጺሮም፣ ተገዲዶም ኣብ ስራሕ ከምዝዋፈሩ ተገብረ። እዚ ጥራይ ኣይኮነን ናይ ስታሊን ተግባራት፡፡ ስታሊን ናይ ስለያ መሳርሒኡ ተጠቒሙ፣ ከም'ዚ ነይሩ ኢልካ ንምግላጽ ዘሸግር ቅትለት ኣብ ልዕሊ ዜጋታቱ ፈጺሙ እዩ። ብዛዕባ ስታሊን ኣብ ልዕሊ ዜጋታቱ ዝፈጸሞ ቅትለትን ማእሰርትን ዝገልጹ መጻሕፍቲ ኣዝዮም፣ ኣዝዮም ብዙሓት'ዮም። ዮሴፍ ስታሊን ኣብ

ልዕሊ ዜጋታቱ ዝፈጸሞም ገበናትን ግፍዕታትን ንምርኣይ እዞም ዝስዕቡ መጻሕፍቲ ምውካስ ኣኻሊ'ዩ።


1. The Stalinist Terror in the thirties (1974): Documentation from the Soviet press; (Compiled by Levytsky Borys), Hoover Institution Press. pp 45-48, pp 421-423
2. Conquest Robert (1968): The Great Terror. Stalin's Purge of the Thirties, Macmillan. pp 277-322, pp 323-374, pp 450-495
3. Carmichael Joel (1976): The Show Trials and Purges of the Thirties-the Consolidation of the Bolshevik Dictatorship; Marison and Gibb Ltd, London and Edinburgh. pp 17-38


ስታሊን እዚ ኩሉ ቅትለታት ዝፈጸመሉ ቀንዲ ምኽንያት፡ ቅድሚ ኩሉን ልዕሊ ኩሉን ስልጣኑ ንምሕላው ክብል እዩ። ኩሎም ኮሙኒስታዊ ወይ ቶታላዊ ስርዓታት፡ ብስም ህዝቢ ዝምሕሉን ዝጥሕሉን ኮይኖም፡ ብባህርያቶም ጸረ-ህዝቢ ኣብ ልዕሊ ምኧኖም፡ ንሰብኣዊ ፍጡር ቅንጣብ ትኣክል ርህራሄ ዘይብሎም ጨካናት'ዮም። መርኣያ ጭካንየኦም ከኣ፡ ንዜጋታቶም ባርያ ምግባር ጥራይ ዘይኮነ፡ ርእይቶ ዝሃቦም ይኹን ዝተቓወሞም ካብ ምጥፋእ ድሕር ኣይብሉን'ዮም።

ስታሊን ተመሃሮ'ውን ኣጥርዩ'ዩ።እቶም ብኣብነት ክጥቀሱ ዝክእሉ ማኦ ዘዱንግ ናይ ቻይናን ፖልፖት ናይ ካምቦዲያን ኢዮም። ብማኦ ዘዱንግ ዝምራሕ ኮሙኒስታዊ መንግስቲ ቻይና ድማ፡ ብፍላይ ካብ 1949 ክሳብ 1976 ኣብ ዘለዉ ዓመታት፡ ኣብ ልዕሊ ዜጋታት ናይ'ታ ሃገር ኣስካሕካሕን ጨካንን ተግበራት ተፈጺሞም'ዮም። ኣብ ኮምቦድያ እውን እንተኾነ፡ ልክዕ በዚ ሕጂ ኣብ ሃገርና ብጃንዳ ህግዲፍ ዝፍጸሙ ዘለው ግፍዕታት ተፈጺሞም'ዮም። መራሕ ካሜሩጅ ብስም ሃገርን ህዝብን እንዳመሓለ፡ ንዜጋታቱ ሰብኣዊ ክብሮም ቀንጢጡ፡ ከም ዝዛረብ ኣቕሓ ወይ'ውን ከም ባሮት ጌሩ ብሙቑጻር፡ ብራዕድን ሽበራን ክርዕሙ ድሕሪ ምግባር፡ ብፍላይ ተቐማጠ ከተማታት፡ ናብ ኩሉ ገጠራት ናይ'ታ ሃገር ብምብታን ኣብ መንግስታዊ ናይ ሩዝ ሕርሻ ኣዋፊሩ ጉልበቶም ብኸንቱ መዝሚዙዎን ኣህሊቑዎምን እዩ።ህግደፍ መላእ መንእሰይ ብስም ልምዓት ሃገር ካብ ገጠርን ከተማን ኣብ በረኻታት ከም ዝሰፍሩ ብምግባር ኣብ ጻህያይ ናይ መሸላ ኣዋፊሩ ብዓሶ ከም ዝሳቐዩን ከም ዝሞቱን ክግብር ከሎ፡ ከም'ቲ ናይ መራሒ ካምቦድያ ፖልፖት መላእ ከተመኛ ናብ ገጠር ምብታንን ባሮት ምግባሮምን ተመሳሳልነት ኣሎዎ።ኣይፋል ዝብለኒ ምሁር ኣሎ?።ብርእይቶይ ተግባራት ፖልፖትን ኢሳይያስን ብደቂቕ ምስ ንምርምሮም ክልተ ገጻት ናይ ሓደ ቅርሺ'ዮም።

እዚ ብሕጽር ዝበለ ክገልጾ ዝፈተንኩ ግፍዕታት፡ ምንጩ ኮሙኒስታዊ ስርዓት ኮይኑ፡ መራሕቲ ኮሙኒስታዊ ስርዓታት ድማ፡ ንህዝቢ ከይጨፍለቑን ከየርዓሙን እንተ ዘይገዚኦም ክነብሩ ከምዘይክእሉ ስለ ዝርድኡ፡ ዝተፈላለዩ መልክዓት ጭቆና ተጠቒሞም፡ ምልእቲ ሃገርን ህዝባን ናብ ብሕታዊ ሃብቶም ናይ ምቕያር ዕማሞም ቀዳምነት ዝህብሉ ጉዳይ ኮይኑ፡ ነዚ ንኽፍጽሙ ክብሉ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ዝፍጽሙዎ ቅትለታትን ኣብ ከም'ኒ ሳይበርያ ዝኣመሰሉ ሕማቕ ኩነታት ኣየር ዘለዎም ቦታታን ምእሰርን፡ ሓባራዊ ተግባራቶም እዩ።ደሴት ናኹራ ካብ ሳይበርያ ይፍለዶ?!!! ገላዕሎኸ!? ብጉድኣቱ ሓደ'ዩ። ብክሊምኡ ግን፡ ሳይበርያ ኣዝዩ ቆራሪ፡ ናኹራን ገላዕሎን ከኣ ኣዝዮም ውዑያት።

ንምድጋሙ፡ ጃንዳ ህግዲፍ፡ ኣብ ልዕሊ ህዝብና ዘካይዶ ዘሎ ግፍዕታት ካብ'ዚ ክብ ኢለ ክጥቕሶ ዝፈተንኩ፡ ዝፍለ ኣይኮነን። ክፍለ እንተ ድኣ ኮይኑ፡ ብመሰረት ኣብ ኤርትራን ኣብተን ዝተጠቕሳ ሃገራትን ዘሎ ብዝሒ ህዝብን ደረጃ ቁጠባዊ ዓቕሚ ሃገርናን ቁጠባዊ ዓቕሚ ናይተን ዝጠቐስኩወን ሃገራትን ሕጂ ዘሎ ኣህጉራዊ ክውንነትን

ንነብሲ ወከፎም ዝፈጠሮም ታሪኻዊ ድሕረ-ባይታን ከባቢያዊ ኩነታትን ጥራሕ'ዩ ዝኸውን።

ስለ'ዚ ህግደፍ ብኹሉ መዐቀኒታት ክዕቀን እንከሎ ካብ'ዞም ኣብ ላዕሊ ዝተጥቅሱ ስርዓታት ዝፈልዮ ዋላ ሓደ ረቛሒ የለን።ከምኡ'ውን ቶታላዊ ስርዓት'ዩ።ስለ'ዚ ህግደፍ ሓደ ካብቶም ተዓቒቡለም ዘለው ስነ-ሓሳባት፡እቲ ቀንዲን መሰረትን፡ እቲ ንነዊሕ እዋን ኣብ ሜዳ ዝተጠቐመሉን ዝተራቐቐሉን፡ ስልጣኑ ንምሕላው ክንደይ ሰውራዊያን ከም መጥፍኢ ዝተገልገለሉን ናይ ጸጋም ስነሓሳብ'ዩ።<u>ተመሃራይ ናይ ማኦ ኮይኑ መዘና ካመሩጅ ኢዩ፡፡</u>

## ለ. ኣውራጃነት፡-

ሃገራት ኣፍሪቃ ብብዙሓት ብሄራት ዝቖማ ኢየን፡፡ ኣብ ውሽጢ እተን ብሄራት'ውን ከባቢያዊ ፍልልያት ኣሎ። እዚ ኩነት'ዚ ንኣፍሪቃ ካብ ካልኦት ኣህጉራት ዝፈልያ ዘይኮነስ፡ ኣብ መልእ ዓለም ዘሎን ዝነበረን ተርእዮ'ዩ። ከባቢን ብሄርን ሃይማኖትን መግለጺ መንነት ናይ ሓደ  ህዝቢ ስለዝኾኑ፡ ኣብ ፖለቲካዊ ሂወት ናይ ዝኾነት ሃገር ናይ ገዛእ-ርእሶም ተጽዕኖ የዕርፉ'ዮም። ኣወንታዊ ወይ ኣሉታዊ ተራ ክህልዎ ድማ በቲ ኣብ'ቲ ሃገር ስልጣን ሒዙ ዘሎ ኣካል'ዩ ዝውሰን። እዚ ኩነተ-ህላወ'ዚ ብዓንደ-ርእሱ ሓድነትን ብዙሕነትን ዝሓቖፈ ስለ ዝኾነ፡ ኣዝዩ ጥንቁቕ ኣተሓሕዛ ዝሓትት'ዩ። ኣብ ኩሉ መዳያት ማዕርነት ናይ ኩሎም ኣካላት ዝጠልብ'ዩ። ሓደ ካብ'ቲ ዓበይቲ ሽግራት ናይ ኣፍሪቃ ድማ ነዛ ጥበብ'ዚኣ ዘይምፍላጥ'ዩ።

ሃገራት ኣፍሪቃ ብባህርያዊ ዘገምታዊ ምዕባለ ናብ ደረጃ ሃገራት ዝማዕበላ ዘይኮና፡ ብሓይልን ጎነጽን መግዝእታዊ ሓይልታት ዝቖማ ኢየን። መግዛእቲ፡ ዝፋለጡን ኣሕዋትን ህዝብታት ፈላልዩ፡ ዘይፋለጡን ዘይራኸቡን ህዝብታት ብሓንሳብ ደዊዊሱ ሃገራት ኣቚሙ'ዩ። እዚ ተግባር'ዚ ነቶም ዝተፈላለዩ ብሄራትን ከባቢታትን ብሓደ መግዛእታዊ ስርዓትን ኣብ ዶባቱ ዝተነጸረ ጆግራፊያዊ ምምሕዳርን ከምዝነብሩ ዝገበሮም'ዩ። ኣብ'ዚ መግዛእታዊ ምምሕዳር'ዚ፡ ምእኩል ስርዓተ-ምሕደራ ተኣታትዩ'ዩ፡፡

ብተወሳኺ ኣብ ኩሎም ኣካላት ናይ'ቲ ሕብረተ-ሰብ ተፈጻምነት ዘለዎም ገበናውን ሲቪላውን ሕግታት ኣተኣታትዩ'ዩ፡፡ ካብ ኩሎም ኣካላት ንመግዛእታዊ ዕላማታት ዝቖመ ናይ ደቀባት ሰራዊት ኣቚሙ'ዩ፡፡ ከተማታትን ወደባትን ብምህናጽ ህዝቢ ናብኣን ከም ዝውሕዝ ጌሩ'ዩ፡፡ መጓዓዝያን መራኸቢታትን ብምዝርጋሕ ነቲ ህዝቢ ኣብ ሓድሕዱ ከም ዝራኸብ ጌርዎ'ዩ፡፡ ኣብ መግዛእታዊ ሕርሻታት፡ ፋብሪካታት፡ ዕደናታት፡ ወደባት... ወዘተ፡ ህዝቢ ከም ዝሰርሕ ብምግባር ደርቢ ሸቃላይ ከምዝፍጠር ጌሩ'ዩ፡፡ ከደምቲ ካብ ያታዊ መነባብርኦም በቲኾም'ዮም። ኣብ መንግስታዊ ትካላትን ብሕታዊ ጽላታትን ብዘገልግሉ ናይ ደቀባት ደርቢ ንኡስ ብርጆዋ ፈጢሩ'ዩ፡፡ ብተማሳሳሊ ኣብ ከተማታት ኣብ ንግድን ኣገልግሎትን ዝሰርሑ ደቀባት ንኡሳን ወነንቲ ክኾኑ በቒዖም እዮም፡፡ ቋንቋ ገዛእቲ ብሰፊሕ ከም ዝስርሓሉ ብምግባር እቲ ህዝቢ ናይ ሓባር መረዳድኢ ንኸረክብ ብመጠኑ ኣበርክቶ ጌሩ'ዩ፡፡ ብቐንዱ ድማ፡ እቲ ህዝቢ ኣብ ዕዳጋታት ከም ዝራኸብ ብምግባር፡ ሓድሕዳዊ ቁጠባዊ ምትእስሳርን ምምሩኳስን ከም ዝገብር ጌሩ'ዩ፡፡ እዚ ኩለንትናዊ ምትግብባር (INTERACTION)፡ ነቲ ግዙእ ህዝብታት ናይ ሓባር ስነ-ኣእምራዊ ኣቃውማ ከምዝገብር ጌሩ'ዩ፡፡ እዚ ማለት፡ መግዛእቲ ብሓይልን ብጎነጽን ሃገራት ፈጢሩ'ዩ፡፡ ከምሳዕቤን ድማ ሃገርነትን መንነትን ተፈጢሩ'ዩ፡፡

*ብኻልእ ኣዘራርባ፡ መግዛእቲ ነቲ ኣብ ትሕቲኡ ብሓይልን ጎነጽን ዘእተዎ ህዝቢ፡ ኣብ ሓደ ቁራዕ ጠጢቑ ንኽብስለሎም ፈቲኑ'ዩ፡፡ እቲ ህዝቢ ብምልኣት በሲሉ ካብ ዓቐናዊ ምትሕውዋስ ወይ ለውጢ ናብ ፍጹም ዓይነታዊ ለውጢ ተሰጋጊሩ ክባሃል ግን ዝከኣል ኣይኮነን፡፡ ዓቐናዊ ይኹን ዓይነታዊ ለውጢ፡ ከም ኣምር ረቂቕ ስለዝኾነ መጠኑ ንምፍላጥ የሸግር'ዩ። ኣብ ተግባር ዝኽሰቱ ተርእዮታት'ዮም ግምታት ከውህቡና ዝኽእሉ። ብግብሪ ንዕዘቦ ከምዘለዎና ድማ፡ ሃገርነት ኣብ ኣፍሪቃ ብምልኣት ኣይበሰለን ኢልና ኣፍና መሊእና ክንዛረብ ንኽእል ኢና።፡ ስለዚ ምህናጽን ምኹስኳስን ዘድልዮ ሃገርነትን ሃገራዊ መንነትን ኣብ ኣፍሪቃ ከም ዘሎ ዘማትእ ኣይኮነን፡፡*

*ብስለት ሃገርነት ካብ ሃገር ናብ ሃገር ይፈላለ'ዩ፡፡ ኣብ ገለ ሃገራት፡ ሃገርነት ደሓን ዝኾነ ብስለት ክህልዎ እንከሎ፡ ኣብ ገለ ድማ ድሒሩ ይርከብ፡፡ ኣብ ትዕዝብቲ ዝተመርኰሰ ኣብነታት ናይ ከባቢና ሃገራት ክንጠቅስ ንኽእል ኢና፡፡ ንኣብነት ሓደ ኢትዮጵያዊ ሶማል፡ ካብ ኢትዮጵያውነቱ ሶማላዊ ምኻኑ እዩ ብቐዳምነት ከረጋግጽ ዝመርጽ፡፡ ሃገረ ኦሮሞ ክንምስርት ኣሎና ዝብሉ ኣብ ኢትዮጵያ ከም ዘለዉ ናይ ኣደባባይ ምስጢር'ዩ። ብተማሳሳሊ ሓደ ወዲ ደቡብ ሱዳን ፡ ቅድሚ ሱዳናዊ ምኻኑ ወዲ ደቡብ ሱዳን ምኻኑ ከረጋግጽ ይመርጽ፡፡ ኤርትራዊ ግን እዚ ባህርያት እዚ የብሉን፡፡ ብቐዳምነት ዝሰርዖ መንነት ኤርትርውነት'ዩ፡፡*

*ስለ ዝኾነ እዩ ድማ፡ ስርዓት ሃይለስላሴ ንምምሕዳር ፌደሬሽን ምስ ተፈታተኖ መላእ ህዝቢ ኤርትራ፡ ኣብ ኣዝዩ ሓጺር ግዜ፡ ከም "ቆፍኡ ዝተተንከፎ ንህቢ" ወይ "ንጣር ቁልዒ ሽኻ የባርዕ" ዝዓይነቱ፡ ኣብ ምንቅስቓስ ሓርነት ኤርትራ( ሓራካ ወይ ማሕበር ሸውዓተ) ተወዲቡ መንነቱ ከረጋግጽ ዝበድሀ፡፡ ብተማሳሳሊ ተ.ሓ.ኤ ምስ ኩሉ ጉድለታትን ዘጋጥምዋ ዝነበሩ ተጻብኦታትን ቅልጡፍ ተቐባልነት ካብ ህዝቢ ረኺባ'ያ፡፡ ስለ'ዚ ኣብ ኤርትራ ካብ ብዙሓት ሃገራት ኣፍሪቃ ዝሓሸ ሃገራዊ መንነት ከም ዝማዕበለ ዘካትዕ ኣይመስለንን፡፡*

*መራሕቲ ጀብሃ ብብረት ንስርዓት ሃይለስላሴ ክቃወምዎ ምብጋሶምን ብረታዊ ቃልሲ ምጅማሮምን ንጽምኢ ኤርትራዊ ሃገርነት፡ ቁኑዕ ምላሽ ሂቦምሉ እዮም፡፡ ኣብ ምኹስኳስ ሃገርነትን ዲሞክራስያዊ ባህልን ግን፡ ኣሉታዊ ተራ ተጻዊቶም'ዮም ንምባል እደፍር፡፡ ነዚ ድማ፡ እዞም ዝስዕቡ ኣብነታት ንምጥቃስ እኹል 'መስለኒ፡-*

1. *መሪሕነት ጀብሃ ኣብ'ቲ ሕብረተ-ሰብ ዘለዉ ፈላለይቲ ረቛሒታት ብምዝውታር ነዊሕ ከይጸንሑ ኣያዊ ናይ ረብሓ ሰኪዐት* (PATRONAGE NETWORK) *ኣብ'ቲ ዕሽል ውድብ ክዝርግሑ ግዜ ኣይወሰደሎምን፡፡ እቲ ምእንቲ ኤርትራ ክስዋእ ዝስለፍ ዝነበረ ሓድሽ ተጋዳላይ ኣያ ዘለዎን ኣያ ዘይብሉን ተባሂሉ ክፍለ ግዜ ኣይወሰደን፡፡ መን ናይ ትምህርቲ ዕድል ይረክብ ኔሩ መን ይኽላእ ኔሩ፡ መን ኣብ ሱዳን ንዕ ረፍቲ ምስ ኣተዉ ፉል ይቈርስ ኔሩ፡ መን ብኣፍ ጸሙ ይውዕል ኔሩ፡ ዝወዓሉ ዝምስክርዎ'ዩ፡፡ እቲ ዝኸፍኣ ኸኣ ስራሕን ተወፋይነትን ብዘየገድስ እሙንን ዘይእሙንን ተባሂሉ እቲ ብንጽህና ክጋደል ዝመጸ ተጋዳላይ ይፈላልይዎ ምንባሮም'ዩ፡፡*

2. *ተ.ሓ.ኤ ኣብ* 1965 *ንምንቅስቓስ ሓርነት ኤርትራ(ሓራካ) ብብረት ምድምሳሱ'ዩ፡፡ እዚ ተግባር'ዚ ካላኣዊ ግርጭታት ኣብ ክንዲ ብልዝብን ብሰላምን ዝፍትሑ ብሓይልን ጎነጽን ንምፍትሖም ዓብይ ባብ ዝኸፈተ'ዩ። ምፍልላይ ማለት ምብልላዕ ማለት'ዩ፡ ዝብል ስነ-ኣእሙራዊ ኣተሓሳስባ ንኽሰርጽ ዝደረኸ'ዩ። ተ.ሓ.ኤ*

ኣብ ቀዳማይ ጉባኤኡ፣ ብእዉጅ ነቶም ካብኡ ዝተፈለዩ ሓይልታት ንክቕንጽል ዝበየነ፣ ኣሰር'ዚ ተግባር'ዚ ብምኽታል'ዩ። እዚ ድሑር ኣገባብ'ዚ ኣሰሩ ዘይሃሰሰ ንሃገርነትና ዝተፈታተነ'ዩ።

3. እቲ ዝኸፍአ ገበን ኣብ ልዕሊ ሃገርነት ኤርትራ ዝተፈጸመ፣ መሪሕነት ጀብሃ ብ1965 ንሰራዊት ሓርነት ኣብ ክፍልታት ምምቕቓሉ'ዩ፡፡ እዚ ምቓም ክፍልታት ጆግራፍያዊ ከባቢታት ዝዓብለሎ እኳ ይንበር፣ ምስ ሙቓም ሓሙሻይ ክፍሊ ብሄራዊን ሃይማኖታውን በኣታታት ተሓዊሶሞ እዮም፡፡ እዚ ውሳኔ'ዚ ነቶም ኣብ ውሽጢ ሕብረተ-ሰብና ዝርከቡ ፈላለይቲ ረቛሒታት ትካላዊ (INSTITUTIONALIZE) ስለ ዝገበሮም'የ ከኣ ኣብ ልዕሊ ሃገርነትና ገበን ፈጺሞም ዝብል ዘሎኹ። ምኽንያቱ፣ ከምቲ ክብ ኢሉ ዝተገልጸ መስርሕ ምዕባለ ሃገርነት ሃገራት ኣፍሪቃ ዓይነታዊ ለውጢ ስለ ዘይገበረ፣ ሃገራዊ መንነት ኤርትራ'ውን ብምንጽጻር ካብ ካልኦት ሃገራት ኣፍሪቃ ዝሓሸ እኳ ይኹን፣ ምኹስኳስን ምዕባይን ከም ዘድልዮ ዘማትእ ኣይኮነን፡፡ እቲ ምእንቲ ሃገሩ ናብ ሜዳ ዝውሕዝ ዝነበረ መንእሰይ፣ ኣብ ሓደ ቁራዕ ተጠጢቑ፣ ማእከለ ስሕበት ናይ ኩሎም ሃገራውያን ኮይኑ፣ ክፉኡን ጽቡቑን ብሓንሳብ ኣሕሊፉ፣ ኣሃዱኣዊ ስምዒትን ሓድነትን ኣማዕቢሉ፣ ሓደን ዘይናጸጸልን መጻኢ ሂወት ከምዘለዎ ኣሚኑ፣ ናይ ሓባር ስነ-ኣእሙራዊ ኣቃውማ ከም ዘሕድር ክግበር ኔርዎ፡፡ ስለ'ዚ ምቛም ክፍልታት፣ ዕጥቃዊ ቃልሲ ኤርትራ ክፈጥሮ ዝግብኦ ዝነበረ ሓደን ውሁድን ሃገራዊ መንነት ኘኸይፍጠር ዝዓንቀፈ፣ ሰራዊት ሓርነት ማእከል ስሕበት ናይ ኩሎም ሃገራውያን ኘኸይከውን ዝኾለፈ ፍጻሜ እዩ ኔሩ፡፡

ከም ውጽኢት ናይ'ዚ ምክፍፋል'ዚ ድማ፣ እተን ዝተፈላለያ ክፍልታት(መናጥቕ) ኣብ ክንዲ ሃንቀውታን ጽምኢን ህዝቢ ዝምልሻ፣ ኣብ ሓድሕደን ዝተፋነና፣ ነናይ ገዛእ-ርእሶም ግዝኣታት ዘጥረዩ ወተሃደራዊ መራሕቲ (WAR LORDS) ኣፍረያ። ነታ ንእሽቶይ ኤርትራ ተመቓቂሎም "ግዝኣተይ ኣይትርገጸለይ፣ ካብ ኣነ ዝቋጻጸሮ ህዝቢ ምግቢ ከይትኣዝዝ ኣኸተለ"። እተን ኣያ ዘይነበረንን ኣብ ክፉእ ግዜ ድጎማ ካብ'ታ መሪሕነት ክረኽባ ዘይክእላን ክፍልታት ብዳቓዳምነት 3ይቲ ክፍሊ፣ እታ ድሒራ ዝተፈጥረት 5ይቲን ብዝያዳ ግዳያት ኮይነን ተሳቐያ። እቲ ዝኸፍአ ግን ጦር-ሰራዊትን ኮማንድስን ህዝቢ ኣብ ዝሓርዱሉን ዓድታት ኣብ ዘንድዱሉን ዝነበርሉ ህሞት ናይ ሓቢርካ ምስራሕን ምትሕግጋዝን መንፈስ ቅሂሙ፣ ህዝቢ ግዳይ ኮነ።

ህላወ ክፍልታት ሃገራዊ መንፈስን ስምዒትን ምህሳስ ጥራይ ዘይኮነ፣ ብሰንኪ ምክፍፋል ሰራዊት ሓርነት፣ ህዝቢ ንኣደዳ ግፍዕታት ጸላኢ ከም ዝተቓለዐ ብዙሓት ሃገራውያን ስለ ዝተረድኡ'ዩ ድማ፣ ኣብ'ቲ ውድብ ናይ 1968 ናይ ምእራም ምንቃቓስ ዝተጀመረን ኣብ መወዳእታ፣ ኣብ ስምረት ናይ ሰለስተ ክፍልታት ዝበጽሐን።

ስምረት ሰለስተ ክፍልታት ውጽኢታዊ ኮይኑ፣ ንጸላኢ ኣብ ዝተፈላለዩ ዓውደ-ውግኣት ምስ ደሃኾን ድሌት ህዝቢ ከርዊ ምስ ጀመረን፣ ኣብ'ተን ዘይሓበራ ክልተ ክፍልታት'ውን ጽልዉኡ እንደዓበየ ምስ መጸ፣ ጉባኤ ኣዱብሓ ብ1969 ኘኽካየድ ሓደ ካብቶም ዝደረኹ ረቛሒታት ክኸውን በቕዐ። እንተኾነ፣ ኣብ ጽባሕ ጉባኤ ኣዱብሓ፣ እቲ ናይ ዘበነ ክፍልታት መንፈስ ኣከያይዳን ኣመራርሓን ዓብሊሉ፣ ኣብ ክንዲ ስምረት፣ ምብትታንን ምፍንጫልን፣ ናይ ሰርዊት ሓርነት ኣኸተለ። ህዝባዊ ሓይልታት እንበኣር ካብ'ዚ ምፍንጫላት'ዚ ዝተወልደ ሓይሊ'ዩ።

ኩሉና ከም ንፈልጦ፡ ህዝባዊ ሓይልታት ክሳብ 1973 ክልተ ውድባት'ዩ ነይሩ።ተ.ሓ.ኤ ውግእ ሓድሕድ ምስ ኣወጀን ቅንጸላ ኣብ'ቲ ቀዳማይ ወገን ህ.ሓ ምስ ተጀመረን፡ ናብ'ቲ ካልኣይ ወገን ምስ ለሓመን፡ ክልቲኡ ወገናት ንናይ ሓባር ነብሰ-ምክልኻል ኣፈናዊ ናይ ሓባር ምምሕዳር መስሪቱ፡ ውግእ ሓድሕድ ከም ዝመከተ ግን ክዝንጋዕ ኣይግባን። ቅድሚ ውግእ ሓድሕድ ምጅማሩ ግን ኣያ ዝነበሮን ኣያ ዘይነበሮን ወገናት'ዩ ነይሩ። ኣብ'ቲ ኣያ ዝነበሮ ወገን ነፍሲ-ወከፍ ተጋዳላይ ቃንጫ ዝመስል ክላሽን ወይ ተመሳሳሊ ዘመናዊ ኣውተማቲክ ብረት ክዓጥቕ እንከሎ፡ እቲ ኣያ ዘይነበሮ ወገን ኣብ መስርዕ 3-4 ጠበናጁ'ዩ ነይርዎ። እቶም ዝተረፉ ኣባላት ናይ'ታ መስርዕ ዕጥቆም ኣብትርቲ'ዩ ነይሩ፡፡ ኮለይ (ጃለ) ተባሂሎም ድማ ይጽውዑ፡፡ ጃለ ኮይኖም ግን ክጋደሉ መሪጾም። እዚ ማለት ክሳብ ኣስመራ ኣትዮም፡ ብቕልጽሞም መኻዚኖ ብረት ጸላኢ ዘሚቶም፡ ጓንዴን ቾኮዝን ዝተባህሉ ጠበናጁ በብሓደ ዝትኩሱ (ኣውቶማቲክ ዘይኮኑ) ዝዓጥቁ'ዩ። እቶም ኣያ ዝነበሮም ሩዝን ተምርን ካብ ወጻኢ ክመጽኦም ከሎ፡ እቶም ኣያ ዘይነበሮም፡ ጓሶት ክምግብዎም እንተ ዘይክኢሎም፡ ሓምሊ በረኻ ብምምጋብ መማቕርቲ ጨው ወሲኾም'ዮም ተጋዲሎም። ኣብ ናይ ሓባር ውግእ ኣንጻር ጸላኢ፡ እቶም ኣያ ዘይብሎም ካብ'ቶም ኣያ ዘሎዎም ጥይት ይልምኑ፡፡ እንተደለዩ ይህብዎም ቃሕ እንተ ዘይበሎም ከኣ፡ ይኸልእዎም።

ኣብ'ቲ እዋንቲ፡ እቲ ኣያ ዘይነበሮ ሰልፊ ናጽነት ተባሂሉ'ዩ ይጽዋዕ ነይሩ። እዚ ሓይሊ'ዚ ብዑፍ በረር ካብ ኣስመራ ካብ 15 ኪሎ ሜተር ዘይበዝሕ ርሕቀት'ዩ ይነብር ነይሩ። ኣብ ኣፍንጫ ጸላኢ ስለ ዝነበረ፡ ኩሉ ግዜ ሃድን ናይ ጸላኢ ነይርዎ። ናይ ካልኦት ሓይልታት ተጻብኦ ስለ ዘስግኦ ምስ ሱዳን ዝነበሮ ርክብ ዳርጋ ተበቲኹ ነይሩ'ዩ። ባሕሪ ቆሪጽካ ምርኻብ'ሞ ነዚ ሓይሊ'ዚ ሕልሚ'ዩ። እቶም ካብ ጀብሃ ዝተፈለዩ ኣባላት ናይ'ዚ ሓይሊ'ዚ ነፍሲ-ወከፎም ኣብ ጀብሃ ዘጋጠሞም ምጉናይን ጥልመትን መጽሓፍ ክጽሕፉ ዝኽእሉ'ዮም ነይሮም። ኣብ ጀብሃ ዝነበረ ፈላላይን ቀንጻሊን ኣመራርሓ ዝጸልኡን ዝጽየፉን'ዮም ነይሮም። ሓንቲ ዘይትዕጸፍ እምነት ግን ነይራቶም፡፡ ጠንቂ ናይ ኩሉ ፍልልያት ኣብ'ቲ ሰውራ መሪሕነት ጀብሃ ጥራይ ምዃና'ያ። ጽሩይን ገስጋስን መሪሕነት ምስ ዝርከብ ሰውራ ኤርትራ ሸቶኡ ከም ዝወቅዕ ፡ ነጻነት ከም ዘረጋግጽ፡ ቅንጣብ ጥርጠረ ኣይነበሮምን።

ብዘይካ ኢሳይያስ እቶም ቀዳሞት ምስኡ ዝተፈለዩን ክሳብ መወዳእታ ጸኒዖም ዘትከሉን ኩሎም የሎዉን። ምእንቲ እዛ ሓላል ሃገር ተበጺዮም'ዮም። ንገለ መራሕቲ ድማ ባዕሉ ቀቲልዎም። ስለ'ዚ፡ “እንኮ ከም ሓሙስ” ከም ዝበሃል፡ ብሂወት ኢሳያስ ጥራይ'ዩ ዘሎ። እዞም ጀጋኑ ምፍልላይ ይኹኑ ነይሮም። ምኽንያቱ፡ ህዝቢ ኤርትራ ሓደ ኢድ ኮይኑ እንተ ዘይተቓሊሱ፡ ዝርከብ ዓወት ከም ዘየለ ኣንጊሆም ዝፈለጥዎ ጉዳይ'ዩ ነይሩ። ስለ ዝኾነ ድማ፡ ህዝቦም ኣንቂሖም ክሳብ ኣብ ጎድኖም ዘሰልፍዎ፡ ናይ ጀብሃን መንግስቲ ኢትዮጵያን ተጻብኦታት ተጻዊሮም፡ በቲ ናይ'ቲ ጸልማት ህሞት ኣብሃህላ "ኣብ ብልሒ መላጸ" ደው ኢሎም ዘትከሉ።

ስለ'ዚ እዚ ሓይሊ'ዚ ነተን ክብ ኢልና ዝጠቐስናየን ሰለስተ ጌጋታት መሪሕነት ጀብሃ ንኽቃወም ኢዩ ተፈጢሩ፡፡ ነቲ ብሉይ ብሓድሽ ንምትካእ'ዩ ዕላምኡ ነይሩ። ብኣተሓሳስባን ግብሪን ነቕውሞ (NEGATION) ናይ ኣተሓሳስባን ግብሪን ጀብሃ'ዩ ነይሩ። እዚ ድማ፡-

1) ዝኾነ ይኹን ኣያዊ ናይ ረብሓ መርብብ ምቅዋም።
2) ካልኣዊ ግርጭታት ብልዝብን ሰላማውን ደሞክራስያውን መገዲ ጥራይ ምፍታሕ።
3) ሓድነት ናይ ኩሉ ሃገራውን ገስጋስን ኤርትራዊ ሓይልታት ምርግጋጽ።

እምበኣር፡ ነዚ ክቱር ጽልኣት ምፍልላይን ክቱር ጽምኣት ሓድነትን'ዩ ኢሰያስ መዝሚዝዎ'ዩ። ኢሳያስ ካብ ኣየነናይ መጽሓፍ ከምዝተማህሮ ዘገርም'ዩ፡ ነቲ ኩቱር ናይ ምፍልላይ ጽልኣት መዝሚዙ ኣብ'ዚ ንጽሁን ሃገራውን ሓይሊ ምፍልላይ ከስርጽ ግዜ ኣይወሰደሉን። ሓላይ ሓድነትን ጸላኢ ምፍልላይን ብምምሳል፡ ኢሳያስ ተቖናቖንቱ ወይ ስልጣን ክሻረኹኒ ይኽእሉ'ዮም ንዝብሎም ንምጽናት፡ ደርባዊ ቃልሲ ጥራይ ኣይኮነን ይጥቀም ነይሩ። ኃኽጥፍኦም ዝመደቦም ተጋደልቲ ብኣውራጃነት ምኽሳስ ሰልፊ ነጻነት ዕሸል ከሎ ዝጀመሮ ክሳብ ሕጂ ዝጥቀመሉ ዘሎን ዝተራቐቐሉን ስልቲ'ዩ። ነዊሕ ግዜ ስለ ዘዘውተሮ ድማ፡ ስነ-ሓሳባዊ ሓይሊ ለቢሱ'ሎ።

ክብ ኢሉ ኣብ ሃገራት ኣፍሪቃ ብሄራዊን ከባብያዊን ፍልልያት ታሪኻዊ ድሕረ-ባይትኦምን ክልሰ-ሓሳባዊ ትርጉሞምን ከብርህ ፈቲነ ነይረ። ብተመሳሳሊ ኣብ ሃገርና ኤርትራ፡ ብምንጽጻር ምስ ጎረባብትና ዝሓሸን ዝደልደለ ሰራውር ዘሎዎ ሃገርነት ከም ዝማዕበለ ኣብነታት ጠቒሰ ነይረ። ብንጹር ንምዝራብ ኢሳያስ ምስ ጃንድኡ ነቶም ብኣውራጃ ከሲሱ ዘጥፍኦም ተጋደልቲ ኩሎም ደቂ ትግርኛ'ዮም። እዚ ተርእዮ'ዚ ነዚ ዝስዕብ ሕቶ ክንሓትት ዝዕድም'ዩ። እዚ ድማ፡ ኣውራጃዊ ምፍልላይ ኣብ ከበሳዊ ሕብረተ-ሰብ ኤርትራ ብውድዓውነትን ብስነ-ፍልጠትን ክንምርምሮ እንከሎና፡ ንፖለቲካዊ መሳርሒ ድዮም ተጠቒሞሙሉ ወይ ንሓድነት ህዝቢ በታኒ ኮይኑ ኣብ ምቕታል ዘብጽሕ ውድዓዊ ህላወ ስለ ዝሎም'ዩ? ዝብል'ዩ፡፡ ብርእይቶይ ኢሳያስን ኣምሳሉን ንእኩይ ፖለቲካዊ ጸወታ'ዮም ተጠቒመምሉ። ብውድዓውነት ክንምርምሮ እንከሎና፣ ከምቲ ኤርትራዊ ሕብረተ-ሰብ ምስ ጎረባብቱ ክነጻጸር ከሎ ዝሓሸ ጥምረትን ውህደትን ዘሎዎ፡ ሕብረተ-ሰብ ትግርኛ ካብ ገለ ብሄራት ኣብ ኤርትራ ዝሓሸ ጥምረትን ውህደትን ኣሎዎ። እዚ ከኣ ኃኽልተ ምኽንያታት'ዩ።ንሳቶም ድማ፡-

1ይ.– ኣብ ከበሳ ቀቢላ ዝበሃል ምድብ የለን።ታሪኻዊ ኣመዓባብላ ናይ'ቲ ሕብረተሰብ ኣጥፊእዎ'ዩ። ስለ'ዚ ቀቢላዊ ፍልልይ የብሉን።
2ይ.– ቀንዲ መለለዪ መንነት ናይ ሓደ ማሕበረ-ኮም ይኹን ሓደ ሕብረ-ሰብ እቶም ኣብ መዓልታዊ ሂወቱ ዝጥቀመሎም፡ ከም ሕብረተሰብ ይኹን ከም ማሕበረ-ኮም ግቡኣትን መሰላትን ኣነጺሮም ጠሚሮም ዝሕዝዎ ሕግታት'ዮም። ብዘይካ ኣዝዮም ደቀቕቲ ፍልልያት ያታዊ ሕግታት (ሕጊ እንዳባ) ናይ'ዚ ሕብረተ-ሰብ ሓደ ኢዮም። እቶም ኣሎው ዝበሃሉ ፍልልያት ብማይክሮስኮፕ ደሊኻ እተውጽኦም'ዮም። ኣብ መንጎ ሕጊ ለጎጭዋ፡ ኣድከመ ምልጋእ፡ ኣድግና-ተገለባ፡ ሃብሱሉስ ገብረክርስቶስ... ወዘተ እንታይ ፍልልያት ኣሎ? ብተወሳኺ ኣብ ሞት ይኹኑ፡ ኣብ ሓጎስ ዝዘውተውሩ ያታዊ ክብርታት ሓደ'ዮም፡፡ ኩሎም ኣብ መጓሰን ሕርሻን ዝተመርኰሰ መነባብሮ'ዩ ዘሎዎም። ኩሎም ጣይታን ቅጫን'ዮም ዝምገቡ...ወዘተ። ኣረ ብዓንደርእሱ፡ ሓደ ሰብ ካብ ገጠር ናብ ከተማ ምስ ተሰደ ወዲ ኣውራጃይ ኢልካ ዕርክነት ነይሩ ድዩ? ኩሉና ናብ ገድሊ ክንስለፍ ከሎና ኣብ መሳልፍትና ኣውራጃዊ መዓቀኒ ኣብ ግምት ኣእቲና ንፈልጥ ዲና? ብሓቂ ንምዝራብ፡ ኩሎም ኣሎዉ ዝበሃሉ ሕማማት ናይ'ቲ ሕብረተ-ሰብ ኣብ ሰውራ ምስ ወጻእና ኢና ብሳላ እቶም መራሕቲ ፈሊጥናዮ።

መሪሕነት ጀብሃ እንተስ ንሱ ኮይኑ ዓቕሞም፡ እንተስ ንስልጣኖም ክብሉ፡ ነቲ ኩሉ ፈላላዪ ረቛሒታት ኣዘውቲሮሞ ጥራይ ዘይኰነ፡ ትካላዊ መልክዕ ኣትሒዞም፡ ንሰራዊት ሓርነት ብዕሸሉ በቲኖም፡ ኣብ ምሸኻኺስ ኤርትራዊ ሃገርነት ክጻወቶ ዝግብኦ ዝነበረ ተራ ኣምኪኖሞ'ዮም።ጀብሃ ክሳብ ሱዳን ትኣቱ ምሕዝነት ናይ ኣብ ውሽጣ ዝነበሩ ዝተፈላለዩ ሓይልታት ነይራ'በር ውሁድ ውድብ ክትሃብጽ ኣይከኣለትን።ናይ ምብትታና መሰረታዊ ጠንቂ ድማ እዚ ኩነተ-ህላወ'ዩ ነይሩ።

ኢሳይያስ ድማ፡ ብግልባጥ ተግባራት መሪሕነት ጀብሃ እንዳ ሰበኸ፡ ዘይነበሩ ፍልልያት ከም ህሉዋት ገይሩ ብምቕራብ ኣሎዉ እንተ ተባህለ'ውን፡ ካብ ዓለባ ሳርየት ዝረቁ ክነሶም ከም ድርዒ ናይ ታንኪ ገይሩ ብምቕራብ፡ ሓንጎል ሰብ ሰሪቑን ሰሊቡን ስልጣኑ ንምድልዳል፡ ንስልጣነይ የስግኡኒ'ዮም ዝብሎም ተጋደልቲ ንምጽናት ተጠቒምሉ'ዩ። ዘይሩ ዘይሩ ናይ ክልቲኦም ተግባራት ንኤርትራዊ ሃገርነት ዝሃሰየ በታኒ ተግባር'ዩ። ኣብ'ዚ ህሞት'ዚ ፖለቲካዊ ጸወታን ስልትን ኢሳያስ ቀዲሑም፡ ኢዶም ወስ ከብሉ ዝፍትኑ ዝጠስጠሱ ተቓወምቲ ኢና ዝብሉ ከንኑፉ ከሎው ክሳብ ክንደይ ኣብ ኣእምሮ ገለ ኤርትራውያን እዚ ተግባር'ዚ ቦታ ሒዙ ከም ዘሎ ንምርዳእ ዘጸግም ኣይኮነንን። መንቀሊ መሰረታዊ ፖለቲካዊ ፍልልያት ኣውራጃዊ ምምስሕሓባት ምኻኑ ከም መመኸነይታ ከቕርቡ እንከሎዉ ሰማዒ እዝኒ ይረኽቡ'ዮም።ኣብ'ቲ ህዝቢ ከኣ ተጻራሪ ስምዒታት ይፈጥር። ስለዝኾነ ድማ እዚ ስነ-ሓሳብ'ዚ ኣብ ወጻኢ ንዝነብር ኤርትራዊ ክሳብ ክንደይ ጸልይዎን ግዳይ ገይርዎን ኣሎ ኩሉና እንርእዮ ዘሎና'ዩ።እዚ በታኒ ተርእዮ'ዚ ኣበጋግስኡን ኣመጻጽእኡን ተቓሊዑ ክቕተል ኣሎዎ።

ብመርትየታት ንምዝራብን ንምቕታሉን፡ ኢሳያስን ጭፍርኡን ካብ መዓስን ክሳብ ክንደይን ነዚ ስነ-ሓሳቦም ተጠቒሞምሉን ዘስዓቦ ስምብራትን ነዞም ዝስዕቡ ኣብነታት ከም መረዳእታ ንምቕራብ ኣኻሊ እመስለኒ፡—

1. ኣብ ኣጋ መወዳእታ 1971፡ ኣብ ሰሜናዊ ባሕሪ፡ ተኽሊ ኣብ ዝተባህለ ቦታ፡ ቀዳማይ ጉባኤ ሰልፊ ነጽነት (ካልኣይ ወገን ህዝባዊ ሓይልታት)፡ ኣብ ዝተኻየደሉ እዋን፡ ኢሳያስ ኣብታ እትምረጽ መሪሕነት ብዘይ ምርጫ ይእቶ፡ ዝብል ርእይቶ ብገለ ተሳተፍቲ ምስ ወረደ፡ ሰለሙን ወልደማርያም ኢሳያስ ከም ሰቡ ኣብ ምርጫ ክኣቱ ኣለዎ፡ ዝብል ተጻራሪ ርእይቶ ስለ ዘቕረበ፡ ኢሳያስ ኣይተሓጐሰን። ውጽኢት ምርጫ ምስ ተነግረ፡ ኢሳያስ እዚ ምርጫ'ዚ፡ ኣውራጃነት ኣለዎ፡ ብምባል ነቲ ዝተኻየደ ምርጫ ወንጀሎ። ምስኪን ኣስመሮም ገርዝጊሄር ሓደ ካብቶም 5 ዝተመርጹ መሪሕነት'ዩ ነይሩ፡ በቲ ድቦላ ዘረባ ኢሳይያስ ተሰናቢዱ፡ እቲ ወስታ ንዕ ኡ ዘይምልከት ክነሱ ካብ ስልጣኑ ኝኽወርድ ሓቲቱ። እንተኾነ ግን፡ ኢሳይያስ ከምኡ ክብል ከሎ፡ ነቲ ውድብ ንምሕማም እንተ ዘይኰይኑ ዘምጽኦ ጭብጢ ኣይነበረን። ብታሕቲ ታሕቲ ግን፡ ሰሎሙን ወልደማርያም ኣውራጃዊ እዩ፡ ዝብል ዘረባታት ኣብ ኩሉ ተጋዳላይ ተባጽሐ። እቲ ውድብ ድማ፡ ብውሽጡ ሓመመ፡ ኢሳይስ ከኣ፡ እቲ ዝደልዮ ረኸበ። ኣብ'ቲ ውድብ ድሒሮም ዝመጽኡ ፖለቲካዊ ምዕባለታት ንጎድኒ ገዲፍና፡ ኣብ'ቲ ህሞት'ቲ ሰሎሙን ኣውራጃዊ ምንቅስቓሳት ይገብር ነይሩ ኢሎም እቶም መሳትኡን መቖናቕንቱን ዝነበሩ ክሳብ'ዚ ሰዓት'ዚ ኣፎም መሊኦም ክዛረቡ ኣይክእሉን ኢዮም። እቲ ውድብ ሓንሳብ ብጥበብ ኢሳያስ ምስ ሓመመ ግን ተምሳላት ክርኣዩ ዘይተርፍ'ዩ። እቶም ካብ ብጾትና ምባል ኣሕዋትና ምባል ዝቐለም ዝነበረ ድማ ኣብ ሓድሕዶም ኝኽጠራጠሩ ጀመሩ።

2. ኣብ 1973፡ ቀዳማይን ካልኣይን ወገን ህዝባዊ ሓይልታት ምስ ተሓናፈጹ፡ እቲ ኣብ ካልኣይ ወገን ህዝባዊ ሓይልታት ዝነበረ ተጋዳላይ፡ ቁሩብ መተንፈሲ ረኺቡ፡ ክዛረብ ስለ ዝጀመረ፡ ኢሳያስ ስግኣት ተሰምዖ። ኣብ'ቲ ውድብ ቅልውላው ፈጢሩ፡ ስግኣታቱ ክኣሊ ስለ ዝመደበ ከኣ፡ ንገለ ካድራት ኣኪቡ፡ ኣብ ካልኣይ ወገን ህ.ሓ. ንዝነበሩ ክልተ ኣባላት መሪሕነት ከሰሰ። ሓደ ካብቶም ዝተኸሰሱ ሰባት ድማ፡ ብኣውራጃነት እዩ ዝነበረ። እዚ ኩነት'ዚ፡ ንመላእ ተጋዳላይ ናይ'ቲ ግንባር ኣነዓዓቡ፡ መጀመሪ ናይ'ቲ ናይ 1973፡ ወይ ብተለምዶ፡ ናይ መንካዕ ምንቅስቓስ ተባሂሉ ዝጽዋዕ፡ መበገሲ ኰነ። እቲ ምንቅስቓስ፡ ኣዝዩ ስለ ዝሓየለን፡ ንስልጣን

ናይ ከሰስትን ተኸሰስትን ስለ ዘስግአን፡ ክልቲኦም ተሻሪኾም፡ ነቶም ቀንዲ ኣንቀሳቐስቲ ዝበሃሉን ሰዓብቶምን ዝነበሩ፡ ብዙሓት ምሁራት፡ ምቕንጻል ኣስዓበ። ነዞም ዘስግኡዎም ምሁራት ንምጥፋእ ድማ፡ ነቲ ብኣውራጃነት ዝኸሰሶ፡ ናይ ሓለዋ ሰውራ ሓላፊ ገይሩ ብምምዳብ፡ ነቶም ንዕኡ ንምድሓን ዝተኻሳኸሉ ተጋደልቲ ብሓባር ቀንጸሉዎም። ውጽኢት ናይቲ ክሲ ድማ እዚ ረሳሕ ናይ ፖለቲካ ጸወታ ኮነ። ብሽብጢ ተሓጺቡ ዘይጸሪ ረሳሕ ታሪኽ ድማ ወረስና።

3. እቲ ናይ 1973 ምንቅስቓስ፡ ፍኑው ናይ ተጋደልቲ ምንቅስቓስ'ዩ ኔሩ። ቅንጣብ ናይ ኣውራጃነት መልክዕ ይኹን ትሕዝቶ ፈጺሙ ኣይነበሮን። መጀመርያ፡ እቲ ምንቅስቓስ፡ ብሕሉፍ ጸጋምነት'ዩ ተኸሲሱ። እዚ ናይ ሕሉፍ ጸጋምነት ክሲ፡ ከፋፊልካ ንምግዛእን ስልጣኖም ንምድልዳልን፡ ነዊሕ ከም ዘየስርሖም ኢሳያስን ሰዓብቱን ስለ ዝተረድኡ፡ ኣብ ህዝቢ ይኹን ተጋደልቲ፡ ናይ ሓደ ወገንን ኣውራጃዊ ምንቅስቓስ ከምዝኾነ፡ ጌሮም ብምቕራብ፡ እቲ ምንቅስቓስ፡ ትሕዝቶኡን ታሪኹን ተደምሲሱ፡ እንሆ ዛጊት ኣብ ህዝቢ ኤርትራ ከም ናይ ሓደ ወገን ምንቅስቓስ ኰይኑ ይፍለጥ። እቶም ነቲ ምንቅስቓስ ዝመርሑ ዝነበሩ ከም ኩሉና ኣብ ፖለቲካዊ ቃልሲ ንፋጠም ዘይሓበሱ ሕጻውንቲ ብምንባሮም ናይ ኣገባብ ጉድለታት ክፍጽሙ ባህርያዊ ምኻኑ ኣብ ግምት ዝኣቱ ኮይኑ፡ ጽበት ናይ ኣተሓሳስባ ግን ኣይነበሮምን። ኣሸንኳይዶ በውራጃ ክሓስቡስ ኤርትራ ንዐኦም ጸባብ ኢያ ነይራ። እዞም ስውኣት ተጋደልቲ ኣህጉራዊ ኣተሓሳስባ'ዩ ነይሩዎም። በቲ ኩሉና ዝነበረና እምነት ኣብ ሰውራታት ሞዛምቢክን ኣንጎላን ተሰሊፎም ሂወቶም ምእንቲ ውጹዕ ኣህዛብ ክብጅዉ ቅሩባት ዝነበሩ'ዮም።

4. ኢሳያስን ጭፍሩኡን፡ ንብዙሓት ምሁራት፡ ብኣዕናዊ ምንቅስቓስ ናይ 1973 (መንካዕ ) ከሲሱ ምስ ኣሕቀቐም፡ ካልኦት ዝተረፉ ንስልጣን ዘስግኡ፡ ምሁራት ስለ ዝነበሩ፡ ቅንጣብ ናይ ወገንን ኣውራጃነትን ምንቅስቓስ ከይገበሩ፡ ነቲ ብ1977 ዝተኻየደ ቀዳማይ ጉባኤ ህዝባዊ ግንባር፡ ገለ ካብኦም ዕቃቤታት ጥራሕ ስለ ዝነበሮም፡ ኣብ ሓለዋ ሰውራ ወሲዶም ኣሕቀቒዎም። ካልእ ኣብነት ንምጥቃስ፡ ሓደ ካብዞም ምሁራት፡ "ህ.ግ ብመገዲ ሃገራዊ ደሞክራስያዊ ሰውራ ማሕበርነት ክትተክል ትቃለስ ስለዘላ ተ.ሓ.ኤ ድማ ዘይርእስማላዊ ምዕባለ ተኸቲላ ማሕበርነት ክተክል'የ ትብል ስለ ዘላ፡ ክልቲኣተን ውድባት ዕላመአን ማሕበርነት ንምትካል ስለዝኾነ ናይ ስነ-ሓሳብ ፍልልይ የብለንን" ዝብል ምሁራዊ ሓሳብ ስለ ዘቕረበ፡ ሓደ ካብዞም ዳሕረዎት ዝተቐንጸሉ ምሁራት ኮይኑ ንረኽቦ። እዞም ስዉኣት ተጋደልቲ እዚኣቶም፡ ኩሉ ኣባል ህዝባዊ ግንባር ዝፈልጦም ከም ብወገን ወይ ብኣውራጃ ተንቀሳቒሶም፡ ነቲ ውድብ ንኽብትኑ ዝተበገሱ ጌሩ እዩ። ምኽንያቱ፡ ከሳስን ፈራድን ሓደ ስለ ዝኾነ፡፡ ዋላ ቅንዕንኦም እውን ዝፈልጥ ሰብ ብፍርሃት ዝኣክል ክዛረብ ስለ ዘይክእል፡ እንሆ ክሳብ ሕጂ “የሚን” ዝብል ስም ተጠሚቖም፡ ከም ወገናውያን ዝነበሩ እዮም ዝፍለጡ።

5. ኣብ 2000–2001፡ ላዕለዎት ሓለፍቲ ግንባርን መንግስትን፡ ብተልምዶ ጉጅለ 15 እንዳተባህሉ ዝጽውዑ፡ ብጠለብ ናይቲ ኣብ ዝጸንከረ ኩነታት ትእዛዛቶም ዝፈጸሙን ብጻዕሩን መስዋእቱን ናይ ጅግንነት ካባ ዘልበሶምን ተጋዳላይ ህዝባዊ ግንባር፡ ጽገናታት ከተኣታትዉ ስለ ዝፈተኑ፡ ዋላ'ኳ ብተሰዓርነት፡ ሃገራዊ ክድዓት...ወዘተ ክስታት ይንበሩ፡ እቲ ቀንድን ብታሕቲ ታሕቲ ዝተዘርበሉን ህግዲፍ ዝኸሶምን፡ ህዝቢ ንምኽሳብ ዝጸዓረሉን ወገናውያን'ዮም ዝብል ክሲ እዩ። እዉጅ መርገጺ ናይ'ቲ ምንቅስቓስ ናይ ዓሰርተ ዓመት ተሞኩሮና ገምጊምና ደሞክራስያዊ ጽገናታት ክነተኣታቱ ኣሎና ዝብል'ዩ። ብዘይካ'ዚ እውጅ መርገጺ ሃይለ ውልደትንሳኤ (ድሩዕ)

> ኣብ ኣኼባታት ይኹን ብቃለ-መጠይቕ ካብ ኩሉ ንላዕሊ ብትብዓት ሃገር ኣብ ደልሃመት ከይትኣቱ እቲ ክትኣታቶ ዘድሊ ጽግናታት ውዓል ሕደር ዘየድልዮ ምኻኑ ስለ ዘብርሀ፣ ነቲ ምንቅስቓስ ምስ ድሩዕ ንምትሕሓዙን ናይ ሓደ ወገን ንምምሳሉን ዘይተፈንቀለ እምኒ የለን። ኢሳያስ ብዘይካቲ ምዱብ ስለያዊ ትካላቱ ምስኡ ጥራይ ዝራኸቡ ሰለይቲ ስለ ዘለውዎ ብምጀመርያ ነቲ ምንቅስቓስ ብወገን ከነውርዎ ዝጀመሩ እቶም ብቐጥታ ብደረጃ ውልቀ-ሰባት ዘዋፍሮም'ዮም ነይሮም። ንግዚኡ ድማ ሰብ ኣደናጊሩ'ዩ። እዚ ጸለመ'ዚ ብኸፊል ንኣብ ወጻኢ ዝነብር ህዝቢ ኤርትራ ብምድንጋር ግዝያዊ ዓወት ረኺቡሉ'ዩ።

ስለ'ዚ፥ ኣብ ስልጣን ዘሎ ጭፍራ ኢሳይያስ፥ ንስልጣኑ ዘስግኡ ኩነታት ክርከብ ከሎ፥ ናይ ኣውራጃነትን ወገንነትን ክስታት፥ ከም ቀንዲ መሳርሒ ይጥቀመሉ። እዚ ድማ፥ ንልዕሊ 30 ዓመታት ዝተጠቐመሉ ስልቲ ስለ ዝኾነ፥ ስነ-ሓሳባዊ መቃለሲ ናይ'ቲ ጃንዳ እዩ። ምኽንያቱ ምፍልላይ ዕንወት ጥራይ ከም ዘኸትል እቲ ሕብረተሰብ ስለ ዝርዳእ በቲ ሓደ፥ነቶም ደቀቕቲ ፍልልያት ፖለቲካዊ ትርጉም ብምሃብ በቲ ካልእ፥ መዝሚዙ ባዕሉ ከሳሲን ፈራዲን ብምኻን፥ ተቐናቐንቱ ዘጽንተሉ ስነ-ሓሳብ ኢዩ።

## ሐ. ናይ ከበባ መንፈስ፥

ብመሰረት ብ1884-85 ብኤውሮጳውያን ኣብ በርሊን ዝተኻየደ፥ ኣፍሪቃ ናይ ምምቕቓል ስምምዕ፥ ከም ኩለን ሽዑ ብኤውሮጳውያን ዝተፈጥራ ሃገራት ኣፍሪቃ፥ ኤርትራ ብጥልያን ተፈጢረት። ከምኡ'ውን ሶማልያን ሊብያን ተወሰኽቲ ግዝኣት ጥልያን ኮና። እዚ ማለት፥ ኤርትራን ሶማልያን ሊብያን ኣብ ትሕቲ መግዛቲ ጥልያን ዝነበራ ሃገራት ኣፍሪቃ'የን። መንግስቲ ጥልያን ኣብ ግዜ 2ይ ውግእ ዓለም ብዓባይ ብሪጣንያ ምስ ተሳዕረ፥ ኣካል ሓይልታት ኪዳን ዝነበረት እንግሊዝ፥ ንኤርትራ ካብ ጣልያን ብ1941 መንዚዓ ከተመሓድር ጀመረት። 2ይ ውግእ ዓለም ብ1945፥ ብዓወት ሓይልታት ኪዳን ምስ ተዛዘመ፥ ሽዑ ንሽዑ ብሰንኪ ናይ ግዝኣት ይብጽሓኒ እዩ፥ ዝብል ክርክር ኣብ መንጎ ኣባላት ኪዳን ምስ ተራእየ፥ ጉዳይ ኣብ ትሕቲ መግዛእቲ ጥልያን ዝነበራ ሃገራት ብሕቡራት ሃገራት ኽክርአ ተወሰነ።

ኣምስያኡ፥ ሕቡራት ሃገራት፥ ኣብ ዝተወሰነ እዋን ሶማልያን ሊብያን ነጻነተን ክረኽባ ክብይን እንከሎ፥ ጉዳይ ኤርትራ ግን ዕንክሊል ከም ዝብል ገበሮ። ብሰንኪ'ዚ፥ ነታ ንጥልያን ብምስዓር ንኤርትራ ዝተረከበት መንግስቲ ዓባይ ብሪጣንያ ሓድሽ ውጥን ኽክትውጥን ዕድል ሃባ። ንሱ ድማ፥ ነቲ ሰፊሕን ልሙዕን ዝኾነ ምዕራባዊ ቈላ ኤርትራ፥ ምስ'ቲ ሽዑ ግዝኣታ ዝነበረት ሱዳን ብምጽንባር፥ እቲ ዝተረፈ ክፋል ኤርትራ ድማ፥ ምስ ኢትዮጵያ ንክጽምበር እዩ። ነዚ ድማ፥ ምስ ናይ ሽዑ ናይ ጥልያን ናይ ወጻኢ ጉዳይ ሚኒስተር ብምስምማዕ፥ ብስም ወጻኢ ጉዳይ ሚንስትራት ዓባይ ብሪጣንያን ጥልያን፥ ዝፍለጥ፥ በቪን-ስፎርዛ ዝብል ውጥን ኣብ ውርሒ ጉንቦት 1949፥ ብምውጻእ፥ ናብ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኣቕረቡ። ይኹንምበር፥ እዚ ንኤርትራ ኣብ ክልተ ንምምቃል ዝዓለመ ገበናውን ውዲታውን መደብ፥ ብውድብ ሕቡራት ሃገራት ብድምጺ ተቐባልነት ኣብ ልዕሊ ዘይምርካቡ፥ ኤርትራውያን ድማ፥ ንምምቃል ኤርትራ ፈጺሞም ኣይተቐበሉዎን። ድሕሪ ብዙሕ ክርክር ድማ፥ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኤርትራ ምስታ ሽርካ ኣመሪካን ገለ ምዕራባውያን ሃገራትን ዝነበረት ኢትዮጵያ ብፈደርሽን ንክትቘረን ወሰነ።

ኣብ'ቲ ብ1952፣ ብውሳኔ ሕቡራት ሃገራት ኤርትራ ምስ ኢትዮጵያ ብፌደረሽን ኣብ ዝተቈረነትሉ እዋን፣ ሃጼ ሃይለ-ስላሴ "*እዚ ፌደረሽን ኣድላዪ ኮይኑ ኣብ ዝረኸብናሉ እዋን ክንፍርሶ ንኽእል ኢና*"፣ በለ። ነዚ ኣበሃህላ'ዚ ድማ፣ እቲ ሽዑ ኣብ ኤርትራ ልኡኽ ሕቡራት ሃገራት ዝነበረ ተወላዲ ቦሊቪያ፣ ኣንዞ ማቴንዞ፣ "*እዚ ፌደረሽን'ዚ ብዘይካ ውሳኔ ሕቡራት ሃገራት፣ ማንም ኣካል ክቕይሮ ወይ'ውን ክፍርሶ ኣይክእልን'ዩ*"፣ ዝብል ዓጸፌታዊ መልሲ ሃበሉ። ኰይኑ ግን፣ ሃይለ-ስላሴ ከምታ ዝበላ፣ በብቑሩብ ነቲ ፌደራላዊ ውዑል እንዳቐርመመ ክኸይድ ድሕሪ ምጽናሕ፣ ብ1962፣ እቲ ዝነበረ ውዑል ፌደረሽን ብምፍራስ፣ ንኤርትራ መበል 14 ጠቅላይ ግዝኣት ኢትዮጵያ ገበራ። ሕቡራት ሃገራት ድማ፣ ነቲ ኣንዞ ማቴንዞ ሂቡዎ ዝነበረ ተቓዉሞ፣ እንዳፈለጠ እንከሎ፣ ንተግባር ሃይለ-ስላሴ ዝኾነ ይኹን ናይ ምቅዋም መንፈስ ኣየርኣየን። ብሰንኪ'ዚ፣ ገለ ዝተማህሩ ኤርትራውያን፣ ነዚ ተንኮላት'ዚ እቐዲሞም ስለ ዝተረድኡ፣ ምንቅስቓስ ሓርነት ኤርትራ (ሓራካ) መስሪቶም፣ ኣብ መልእ ኤርትራን ሱዳንን ኢትዮጵያን ማእከላይ ምብራቕን ንዝተፈላለዩ ክፋል ሕብረተ-ሰብ፣ ከም መማህራን፣ ተመሃሮ፣ ሰራሕተኛታት፣ ፖሊስ፣ ሓረስቶት፣ ናይ ሃይማኖት መራሕትን ደቂ-ንስትዮን ንምውዳብ ከኣሉ። ከምኡ'ውን፣ መራሕቲ ጀብሃ፣ ንብዙሓት መንእሰያት ንሜዳ ከይዶም ንኪጋደሉ ደፋፍኡ። ከም ውጽኢቱ ከኣ፣ ነቲ ብ1961 ተጀሚሩ ዝነበረ ብረታዊ ቃልሲ፣ ብሓይሊ ሰብ እንዳ ዓበየ ንኽመጽእ ዕድል ሃቦ። እቲ ኣብ ኣእምሮ ህዝቢ ኤርትራ፣ ናይ "በይንና ኢና፣ ሓገዝቲ የብልናን"፣ ዝብል ስነ-ኣእሙሮ ወይ ናይ ከበባ መንፈስ ዝሰረጸ፣ መበገሲኡ ጥልመት ሕቡራት ሃገራትን ሽርካ ኢትዮጵያ ዝነበራ ኣመሪካ እትመርሖን ናይ ምዕራብ ሃገራትን እዩ፣ ንምባል ይከኣል።

ኣብ ግዜ ብረታዊ ቃልሲ፣ ህዝቢ ኤርትራ ኣውያቱ ዝሰምዓሉ ብሰንኪ ምስኣኑን፣ ካብኡ ሓሊፉ ድማ፣ ገለ ሃገራት ንስርዓት ሃይለስላሴ ምሉእ ደገፈን ክህባ ብሰንኪ ምጅማረንን፣ ህዝብና ብሕብረተ-ሰብ ዓለም ከምዝተጠልመ ኣመነ። ህዝቢ ኤርትራ ነጻነቱ ንምጉንጻፍ ኣብ ዘካይዶ ዝነበረ ፖለቲካውን ወተሃደራውን ቃልሲ፣ ማእለያ ዘይብሎም ተጻባእቲ ማሕለኻታት ከምዘጓነፉዎ ዝተፈልጠ'ዩ። ብሓጺሩ፣ ንፍትሓዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ፣ ካብ መላእ ዓለም ዝረኸቦ ምላሽ፣ ወይ ርኢኻ ከምዘይረኣኻ ምጽቃጥ፣ ወይ'ውን ዓንቃፊ ዝኾነ ተራ ኔሩዎ'ዩ። እተን ዝርካበን ብሕቡእ ዝድግፋ ዝነበራ ሃገራት ኣዕራብ'ውን፣ ብሰንኪ ኣብ ውሽጢ ዕጥቃዊ ቃልሲ ዝተፈጥረ ፍልልይ፣ ናብ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ስለ ዝወገና፣ ብህ.ግ. እንተ ወሓደ ብዓይኒ ጥርጣረ፣ ካብኡ ሓሊፉ ድማ፣ ከም ጸላእቲ ከምዝረኣያ ኰይነን'የን። ስለ ዝኾነ ከኣ፣ ኣብ ውሽጢ ህ.ግ. ብኡ ኣቢሉ ድማ፣ ኣብ ዓ ብይ ክፋል ናይ'ቲ ህዝቢ፣ ናይ "በይንና ኢና፣ ብጸላእቲ ዝተኸበብና" ኢና፣ ዝብል መንፈስ (SIEGE-MENTALITY) ክፈጥርን፣ ዓሚቑ ሱር ንኽሰድድን ክኢሉ እዩ።

እዚ መንፈስ'ዚ፣ ኣብ ግዜ ዕጥቃዊ ቃልሲ፣ ናቱ ኣውንታዊ ተራ ተጻዊቱ'ዩ። ኣብ ገዛእ ርእሰኻ ናይ ምትእምማን መንፈስ ንምሕዳር ደሪኺ'ዩ። ኩሉ ዓቕምታትካ ናይ ምጥቃም መንፈስ ንኽምዕብል ደሪኹ'ዩ። ለይትን ቀትርን ብዘይ ዕርፍቲ ንኽትሰርሕ ደሪኹ'ዩ። ካብ'ዚ ሓሊፉ ከኣ፣ ንተጋደልቲ ብዘይካ ስርዓት ኢትዮጵያ ካልኦት ዓበይቲ ጸላእቲ ከም ዘለዉዎም መረዳእታ ስለ ዝፈጠረሎም፣ እቲ ነቲ ውድብ ዝመርሕ ጭፍራ፣ ዋላ'ኳ ሃገራውያን ብምቕንጻል፣ ንመንፈስ ተጋዳላይ ዝሰብር ተግባራት ይፈጽም እምበር፣ በካይዳ ናይ'ቲ ጭፍራ ልቦም ብቑሱሉ፣ ኣብ ጽዕጹዕ ውግእ፣ ዝወደቑ ሳንጣ ጦር-ሰራዊት ክሰልቡ ዝስውኡ ዝነበሩ ተጋደልቲ ውሑዳት ኣይኮኑን።

ይኹን'ምበር፣ እቲ ኣብ ግዜ ዕጥቃዊ ቃልሲ ዝነበረ መንፈስ፣ ብድሕሪ ነጻነት ኤርትራ፣ ክቕንጠጠሉ ዝኽእል ወድዓዊ ኩነታት ፈጢሩ ኔሩ'ዩ ጥራሕ ዘይኮነስ፣ ክቕንጠጥ እውን ጀሚሩ ነይሩ'ዩ። እዚ ዝኾነሉ ቀንዲ ምኽንያት፣ ኤርትራ ኣባል ማሕበረ-ሰብ ዓለም ስለ

***ዝኾነት ጥራሕ ዘይኮነስ፡ ካብ ማሕበረ-ሰብ ዓለም ንሕሳስ-ልደ ውሉድካ ዝወሃብ ሕንቅቕት'ውን ስለ ዝተለገሰላ'ዩ'። እንተኾነ፡ ጭፍራ ህግዲፍ ነዚ ኣብ ግዜ ዕጥቃዊ ቃልሲ ዝነበረ ናይ ምክልኻልን መንነትካ ምዕቃብን ስነ-እእሙራዊ ኩነት፡ ናብ ጨካንን ተጓናጽን*** (AGGRESSIVE) ***ቀይሩ፡ ንመጨቈንን ንመርገጽን ክጥቀመሉ ጀመረ። እዚ ድማ፡ ካብ ማሕብረ-ሰብ ዓለም ዝረኸቦ ክብሪ ብኣገባብ ክጥቀመሉ ኣይከኣለን ጥራይ ዘይኮነስ፡ ግዝያዊ ጥቕሚ ኣብ ዝረኽበሉ ነገር ጥራይ ብምትኳር፡ ሕግታት ማሕብረ-ሰብ ዓለም ብምጥሓስ፡ "ጨጉራፍ ሃሪማ ተእዊ' ከም ዝበሃል፡ ባዕሉ ብዝፍጽሞ ተንኰላትን በደላትን፡ ተመሊሱ ከም ዝተበደለ መሲሉ ብምቕራብ፡ ነቲ ኣብ ኣእምሮ ህዝቢና ሱር ዝሰደደ ናይ ከበባ መንፈስ ብምምዝማዝ፡ ንህዝቢ ጅሆ ብምትሓዝ ክሳብ'ዚ ስዓት'ዚ ዝጥቀመሉ ስነ-ሓሳብ ኰይኑ'ሎ።***

***ብመጀመርያ በቲ ኣነ ዝፈልጦን ኣብ ስራሕ ዝተውሳእኩሉን ኣብነታት ብምጥቃስ ኣሃዱ ክብል፡-***

***መንግስቲ ዴንማርክ በቲ መንግስቲ ኤርትራ ዘናፍሶ ዝነበረ መትከል ርእሰ-ምርኮሳን ሽርክነትን ተመሲጡ፡ ካብ'ተን ብቐዳምነት ብክልተኣዊ መገዲ ፊናንሳዊ ሓገዝ ዝህበን ውሑዳት ምሩጻት ሃገራት፡ ንኤርትራ ሓንቲ ገይሩ ብምስራዕ፡ ሚልዮናት መዊሉ'ላ እዩ። መንግስቲ ዴንማርክ እዚ ናይ ሽርክነት መትከል ዝተቐበሎ፡ ንኣፍሪቃ ዝወሃብ ገንዘብ ብመራሕቲ ሃገራት ከም ዝብላዕን ንረብሓ ህዝቢ ከም ዘይውዕልን ብኡ ኣቢሉ ድማ፡ ንምዕባለ ኣህዛብ ኣፍሪቃ ከምዝደቈሰን፡ ኣብ ተመጽዋትነት ከም ዘውደቐንን ኣዓ ርዩ ኣሚኑ ስለ ዝነበረ እዩ። ከም እምር እዚ ናይ ሽርክነትን ርእሰ-ምርኰሳን መትከል፡ ኣብ ሰማንያታት መንግስቲ ህንዲ እዩ ኣበጊሱዎ። መንግስቲ ዴንማርክ ድማ፡ ተቀቢሉዎ። መንግስቲ ኤርትራ፡ ነዚ መትከል'ዚ ኣብ ማክሮ-ቁጠብኡ ምስ ኣስፈረን ምስ'ቲ ኣብ ግዜ ቃልሲ ኣብ "ርእሱ ተመርኲሱ ናጽነት ኣምጺኡ" ዝብል ዝና፡ ተደሚሩ ዋላ ሓደ ዲፕሎምስያዊ ስራሓት ከይሰርሐ እንከሎ፡ ሓደ ካብቶም ቀንዲ ብመንግስቲ ዴንማርክ ዝምወሉ መንግስታት ኰነ።***

***ዝኾነ ይኹን ውዑል ኣብ ክልታዊ ዝምድና ክቕየር እንተ ኾይኑ፡ ክልቲኣቶም ወገናት ዝሰማምዑሉ ክኸውን ኣለዎ። ካብ'ቲ መንግስቲ ዴንማርክ ዝምዉሎ ዝነበረ ፕሮጀክትታት፡ ንመሳለጥያ ተባሂሉ ዝተመደበ ገንዘብ ነይሩ'ዩ። እዚ ከኣ፡ ነቶም ዝተፈላለዩ ፕሮጀክትታት መካይን ተገዚኤን ኣብ ስራሕ ዊዒለን ነይረን። ኣብ መወዳእታ 1997፡ ሓደ ንግሆ፡ እቲ ብሕጊ በረኻ ዝኸይድ መንግስቲ ኤርትራ፡ ኾኑለን እተን መካይን ሃጊሩ ኣብ ኣስመራ ኣኪቡወን። ሽዑ ኣብ ኣስመራ ዝነበረ ኤምባሲ ዴንማርክ ዘቕረቦ ተቓዉሞ ብንዕቀት'ዩ ተመሊሱሉ። ቅንይ ኢሉ ድማ፡ እተን መካይን ካብ ማከልነት ቦጠሎኒ ንላዕሊ ንዝነበሩ ሓለፍቲ ሰራዊት ተዋሂበን።***

***ኣብ መንጎ ሓድሽ መንግስቲ ኤርትራን መንግስቲ ነርወይን'ውን ኣዝዩ ጽቡቕ ዝምድና'ዩ ብኣግኡ ዝተመስረተ። መንግስቲ ነርወይ ቅድሚ ነጻነት እውን እንተኾነ፡ ብመንገዲ ዘይመንግስታዊ ትካላት ኣቢሉ ምስ ህ.ግ. ርክብ ነይሩዎ'ዩ። እዚ ኣቐዲሙ ዝጸንሐ ርክብ'ዚ፡ ነዚ ብድሕሪ ነጻነት ዝማዕበለ ሓድሽ ርክብ፡ ኣዉንታዊ ጽልዋ ኣበርኪቱ ክኸውን ይኽእል'ዩ ኢልካ ክግመት ይከኣል'ዩ። ብተወሳኺ ኣብ ኣርባዓታት ንጉዳይ ኤርትራ ከጽንዑ ብውድብ ሕቡራት ሃገራት ተላኢኾም ዝነበሩ ልኡኻት፡ ሓደ ካብኣቶም ነርወጃዊ ስለ ዝነበረን፡ ንሱ ድማ፡ ንኤርትራ ምስ ኢትዮጵያ ክትሕወስ ኣለዋ ዝብል ርእይቶ ንሕቡራት ሃገራት ከምዝሃበ ይፍለጥ። ብዙሓት ነርወጂያውያን ህዝቢ ኤርትራ ንሰላሳ ዓመት ክቃለስን መሪር መስዋእቲ ክኸፍልን ዝተገደደ፡ ብሰንክና እዩ፡ ዝብል ስምዒታት ኣሕዲሩሎም'ዩ። ስለ'ዚ፡ ነዚ ድሕሪ ነጻነት ዝተመስረተ ጽቡቕ ዝምድና፡***

ንኤርትራ ክንክሕሳ ኣለና ዝብል ስነ-ኣእሙራዊ ኩነት'ውን ኣብ ግምት ክኣቱ ይከኣል'ዩ። በዚ ኩዩኑ በቲ፣ መንግስቲ ነርወይ'ውን፣ ንኤርትራ ሓንቲ ካብተን ውሑዳት ሓለፉ ዝግብረለን ሃገራት ገይሩ ብምስራዕ፣ ልዑል ገንዘባዊ ሓገዝ ብኣግኡ ክህብ ጀሚሩ'ዩ። ክሳብ መንግስቲ ኤርትራ ኣናሸዩ ዘበሳብሶ ድማ፣ መንግስቲ ነርወይ ኣብ ትምህርትን ሕርሻን ካልኦት ጽላታትን ሚልዮናት ኣፍሲሱ'ዩ።

ብ1998፣ ኣብ መንጎ ኤርትራን ኢትዮጵያን ውግእ ምስ ተወልዐ፣ መንግስቲ ነርወይ ነቲ ኣዕናዊ ውግእ ብሰላም ንምውድኡ፣ ኩሉ ናይ ቤት-ፍርዲ ወጻኢታት ክንከፍለልኩም፣ ኣብ ክንዲ ውግእ ሕጊ ረጊጽኩም ኪዱ ዝብል፣ እማመ'ውን ንመንግስቲ ኤርትራ ኣቕሪቡ'ዩ። ነዚ ቅኑዕ ሓሳብ ግን፣ ርትዒ-ኣልቦ ዝኾነ መራሒ ህግዲፍ፣ ኣብ ኣርብዓ ታት ዝገበሩና ከይኣኽለም፣ ሕጂ'ውን ክደግሙና'ዮም ብምባል፣ ነቲ ቅኑዕ ተበግሶ ነጸጎ።ዘቕረብዎ ሰናይ ሓሳብን እቲ ነርወጂያዊ ኣብ 40ታት ዘቕረቦ እማመን ከዛምዱ ዝኽእል ነገር ኣሎ!!

መንግስቲ ሽወደን፣ ምስ ኢትዮጵያ ናይ ዓሰረተታት ዓመታት ዝምድና ነይሩዎ'ዩ። ኣብ ቃልሲ ኤርትራ ኣሉታዊ መርገጽ ከምዝነበሮ እውን ይጥቀስ'ዩ። ድሕሪ ነጻነት'ውን ኣብ ሽወደን ዝነበሩ ኤርትራውያን፣ ከም ኩሉ ኣብ ወጻኢ ዝነብር ኤርትራዊ 2% ክፈሉ ምስተባህሉ፣ ገለ ሰበ-ስልጣን ሽወደን ግቡእ ኣይኮነን ኢሎም ተዛሪቦም ተባሂሉ፣ መንግስቲ ኤርትራ ኣንጻር ሽወደንን መንግስታን ሰፊሕ ጐስጓስ ኣካይዱ። እንተኾነ፣ መንግስቲ ሽወደን ምስ ኤርትራ ዝምድና ንኽገብር ደፊኡሉ ኣብ መወዳእታ ድማ፣ ኣብ ደሓን ደረጃ ንኽበጽሕ ኪኢሉ'ዩ። ኣብ'ቲ እዋን'ቲ፣ መንግስቲ ኤርትራ ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ፣ ቀንዲ ተዋሳይ እዩ፣ ዝብል እምነት ኣብ ብዙሓት ሃገራት ስለ ዝነበረ፣ ብፍላይ ድማ፣ መንግስቲ ሽወደን ኣብ መንጎ ኢሂወደግን ግንባር ሓርነት ኦሮሞን (ግሓኦ) ዝነበረ ሽግር ንምፍታሕ፣ ልዑል ድሌት ስለ ዝነበሮ፣ ነቲ ኩሉ ገስረጥ ባህርያት መንግስቲ ኤርትራ ተጻዊሩ፣ ዝምድና ክምስርት ኪኢሉ'ዩ። ዳርጋ ብልማኖ መንግስቲ ሽወደን ክበሃል ዝከኣል፣ 120 ሚልዮን ናይ ሽወደን ክሮነር፣ ከም ሓገዝ፣ 30 ሚልዮን ድማ፣ ልስሉስ ዕዳ፣ ንኤርትራ ንክወሃብ ፈቒዱ። ብሰንኪ ኣብ ኤርትራ ዝነበረ ሕጽረት ዓቕሚ ናይ ምትግባርን፣ ኢሰያስ ኣብ ኩሉ ፕሮጀክትታት ኢዱ ጠብሎቕሎቕ ስለ ዘብልን፣ ንዕ ኡ ከየፍቀድካ ክግበር ስለ ዘይካልን፣ ዝፈጠሮ ቢሮክራስያዊ ኣሰራርሓ፣ እቲ ገንዘብ ተኾሚሩ'ዩ ነይሩ።

መንግስቲ ፊንላንድ ብዝምልከት፣— ብሰንኪ ቢሮክራስያዊ ኣሰራርሓን፣ ሕጽረት ኣተግባሪ ዓቕምን፣ ብክልተኣዊ ዝምድናታት ዝተረኽበ ገንዘብ፣ ናይ ዴንማርክ፣ ነርወይን ሽወደንን መንግስቲ ኤርትራ ብግቡእ ይጥቀመሉ ስለ ዘይነበረ፣ ንመንግስቲ ፊንላንድ ድማ፣ ንሕና ሃበና ኣይበልናዮ ንሱ ድማ፣ ክህበኩም ኣይበለና። እዚ ድማ፣ ንሕና ዓቕምናን ኩነታትናን ትረዲእና፣ ማለት ካብ ዝነበረና ናይ ምትግባር ሕጽረትን ቢሮክራስያዊ ኣሰራርሓን ዝተበገሰ ክንጥቀመሉ ከም ዘይኽእል ስለ ዘረጋገጽና ክገብረልና ዝኽእል ዝነበረ ፊናንሳዊ ሓገዛት ኣይደፋእናሉን፡፡

ዝኾነ ኤርትራዊ ንሃገራት ምዕራብ ክኸስስ ከሎ፣ ኩሉ ግዜ ምስ ኢትዮጵያ ብምሽራዎም'ዩ። ቅድሚ ነጻነት፣ ከምኡ ስለ ዝገበሩ፣ ኣብ ስነ-ኣእሙሮ ህዝቢ ኤርትራ ምእንቲ ረብሓ ኢትዮጵያ ግዳያት'ዮም ዝገብሩና ዝብል፣ ናይ ከበባ መንፈስ ኣሕዲሩ'ዩ። ድሕሪ ነጻነት፣ ኣብ እስካንዲኔቭያን ከምዝረኣኹዎ ግን፣ ብተግባር ከምኡ ኣይነበረን። ብዝሒ ህዝቢ ኤርትራን ብዝሒ ህዝቢ ኢትዮጵያን ኣነጻጺርና ምስ እንርእዮ፣ ካብ ንኢትዮጵያ ዝወሃብ ዝነበረ ፊናንስያዊ ሓገዝ፣ ንኤርትራ ዝወሃብ ዝነበረ ዝተዓጻጸፈ እዩ። ኣብ ኤርትራ ዝነበረ ክብርን ኣድናቖትን'ውን፣ ብቐሊሉ ዝግመት ኣይነበረን።

ብሓፈሻ ክርአ እንከሎ፡ ጃንዳ ህግዲፍ ከበባ በዚሑና ብምባል ንህዝቢ ኤርትራ ጅሆ ንምሓዝ ተጠቒሙሉ እንሆ፡፡ ብዓይኒ ሓቂ ምስ እንርእዮ ግን፡ ኤርትራ ብ24 ግንቦት 1993፡ ብዕሊ ነጻነታ ምስ ኣወጀት፡ ሽዑ-ንሽዑ ኣባል ውድብ ሕቡራት ሃገራትን፡ ውድብ ሓድነት ኣፍሪቃን ኰነት። ኣብ ሓጺር ኣዋን ድማ፡ መራሒ ኤርትራ ንውድብ ሓድነት ኣፍሪቃ ኣቈናጸቦን ሓጨጨሉን። ብርግጽ፡ ውድብ ሓድነት ኣፍሪቃ ንፍትሓዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ግጉይን ዘይፍትሓውን መርገጺ ነይሩዎ እዩ። እዚ ድማ፡ ነቲ ውድብ ሓድነት ኣፍሪቃ ኣብ ልዑላውነት ኣባል ሃገራት ጣልቃ ኣይኣቱን ዝብል፡ ናይ 1964 ብካይሮ ዲክላራስዮን (ውሳነ)፡ ዝፍለጥ ንኤርትራ ዘይምልከት ክነሱ፡ ንዕኡ መዘሚዙ ንቓልሲ ኤርትራ ተጻቢኡዎ እዩ። ዋል'ኳ ብዲፕሎማስያዊ ስነ-ምግባር ዘይቅቡል ይኹን፡ ኣብ'ቲ እዋን'ቲ፡ ኢሳያስ ከምኡ ኢሉ ምዝራቡ፡ ሸለል ኢልካ ክሕለፍ ይከኣል እዩ። ምስ'ቲ ህዝቢ ኤርትራ ዘሕለፎ ምረት፡ "ማዕለሽ"! ኢልካ ዝሕለፍ'ዩ።

እቲ ኣብ'ዚ ነጥቢ'ዚ ክዛረበሉ ደልየ ዘለኹ፡ ኣብ መንጎ ኤርትራን ኢትዮጵያን ብ1998 ውግእ ምስ ተወልዐ፡ ሩዋንዳን ኣመሪካን መፍትሒ ኢሎም ዘቕረቡዎ እማመ ነይሩ እዩ። እዚ እማመ'ዚ፡ ብመራሒ ህግዲፍ ምስ ተነጸገ፡ መንግስቲ ኣመሪካ እንደገና ናብ ውድብ ሓድነት ኣፍሪቃ ኣቕሪቡዎ። ውድብ ሓድነት ኣፍሪቃ ከኣ፡ ከምዘለዎ ተቐቢሉዎ። መራሒ ህግዲፍ ነዚ'ውን ነጺጉዎ። ውድብ ሓድነት ኣፍሪቃ፡ ተበግሶኡ ብምቕጻል፡ ጀማሪ ናይ'ቲ ውግእ መን ምዃኑ፡ ዘጻሪ ናይ ኣምባሳደራት መርማሪ ኰሚቴ ኣውጺኡ። ኤርትራ ነቲ ውግእ ከምዝጀመረቶ፡ መርትዖታቱ ምስ ኣቕረበ፣ መራሒ ህግዲፍ ነቲ ውድብ ሓድነት ኣፍሪቃ ኣብ ልዕሊ ፍትሓዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ዝወሰዶ ዝንቡዕን ግጉይን ታሪኻዊ ፍጻሜ፡ ዳግማይ ብምሕዳስ ኣፍሪቃውያን ምስ ኣመሪካ ተሻሪኾም ኣብ ልዕሌና ውዲት ይገብሩ ኣለዉ ብምባል፡ ነቲ ናይ ዕንወትን ውርደትን ውግእ ቀጺሉ።

ብዘይካ'ዚ፡ መራሒ ኤርትራ ብ1994፡ ኣብ ኒዮርክ ኣብ ዝተኻየደ ሓፈሻዊ ኣኼባ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ከምቲ ኣብ ውድብ ሓድነት ኣፍሪቃ ዝሰንዘሮ ዘለፋታት ዝመሳሰል ኣብ ልዕሊ ውድብ ሕቡራት ሃገራት'ውን ደጊሙዎ'ዩ።

ኣመሪካውያን ብወገኖም፡ ኢሳያስ ኣብ ጉዳይ ሶማልያ ንጡፍ ተራ ክጻወት ይኽእል'ዩ፡ ኣብ ጉዳይ ኢትዮጵያ ብድሕሪት ክዝውር ይኽእል'ዩ፡ ከምኡ'ውን ጸረ-እስላማዊ ጥሩፍነት ጽኑዕ መርገጺ ኣለዎ፡ ዝብል እምነት ስለ ዝነበሮም፡ ንሱ'ውን ንባዕሉ ከምኡ ከም ዝኾነ ገይሩ ይዋሳእ ስለ ዝነበረ፡ መንግስቲ ክሊንተን ዋላ'ኳ ንኢሳያስ፣ መለስ፣ ሙሰቬኒን ፖል ካጋምን ከም ሓደስቲ መድሕን ኣፍሪቃ ዝኾኑ መራሕቲ ገይሩ ይቘጽሮም፡ ንኢሰያስ ልሉይ ቦታ ይወሃቦ ከምዝነበረ ዘካትዕ ኣይኰነን። ኢሳያስ ብወገኑ፡ ካብ ምቁንጻቦም ዓዲ ውዒሉ ኣይፈልጥን። ነዚ ከም ኣብነት ክኾነና ዝኽእል፡ ኲሎም'ዞም ኣብ ላዕሊ ዝጠቐስናዮም ሓደስቲ መራሕቲ ኣብ'ቲ ክሊንተን ኣብ ኡጋንዳ ዝጸውዖ ኣኼባ ክሳተፉ እንከለዉ፡ ኢሳያስ ኣብ መበል ዓሰርተ-ሓደ ሰዓት ኣይሳተፍን'የ ብምባል ጽላለኡ ኣግሂደ።

ከምኡ'ውን፡ ከም'ዚ ሎሚ ኣብ ብርኮም ተደፊኡ ሳናቲም ኣብ ምልማን ከይበጽሐ እንከሎ፡ ንግብጺ፡ ንሱዑዲን ማሕበር ሃገራት አዕራብ (ARAB LEAGUE)) ዘነኣኣሰን ዘቈናጸብን መንደዩ? ኢሳያስ'ዶ ኣይኰነን። ብፍላይ ንግብጺ ብ1994፡ ቀዋሚ ፖሊሲ መንግስቲ ግብጺ፡ ንፈለግ ኒል ንዘመንጭዋን ኒል ዝሓልፈንን ሃገራት፡ ብቘዋሚ ርግኣትን ቅሳነትን ንከይረኽባ፡ እዩ ዝሰርሕ ብምባል፡ ጽዑቕ ጐስጓስ ኣብ ምሉእ ዓለም የካይድ ነይሩ። እቲ ዝበሃል ዘሎ ክሲ ሓቂ እንተኾይኑ፡ ብቐዳምነት ክዛረቡ ዝግብኦም

ኢትዮጵያ ሱዳንን ኡጋንዳን ድኣምበር፣ ኤርትራ ኣይኮነትን። እዚ ተግባር'ዚ፣ "ንኣድጊ ዘይከበዶ ንመጽዓን ከበዶ" ዝዓይነቱ እዩ። ኢሳያስ ተሓላቒ ናይ'ዘን ሃገራት ኮይኑ፣ ክቐርብ ከሎን ምስ ግብጺ ከባእሰና ከሎን፣ ነቲ ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ ሓያል'ዩ ዝብል ናይ ሓሶት ስሙ ንምድማቕ ኢሉ'ዩ። ንናይ ገዛእ ርእሱ ስስዐ ከርዊ ጥራይ ኣዩ። እዚ ናብ ሃገራት ኣዕራብ ዘቕንዐ ጐስጓስ፣ ነቲ ኣብ ግዜ ዕጥቃዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ሓያሎይ ሃገራት ኣዕራብ ብሓፈሻ፣ ብፍላይ ድማ፣ እተን ተኸተልቲ ሰልፊ በዓስ ናብ ጀብሃ ይውግና ስለ ዝነበራ፣ ንዕኡ መበገሲ ገይሩ'ዩ ነቲ ንህዝባዊ ግንባር ዝስዕብ ህዝቢ ኣብ ሃገራት አዕራብ ጽልኡ ንክቕጽሎ ገይርዎ'ዩ።

ሰውራ ኤርትራ ብዘይካ ደገፍ ዘይመንግስታዊ ትካላት፣ ዓወቱ ኣይምተቓላጠፈን ነይሩ እንተበልኩ ካብ መስመር ሓቂ ዝወጻኹ ኮይኑ ኣይስመዓንን። ምኽንያቱ፣ ንግዙፍ ሰራዊት ደርጊ ንምስዓር፣ ዘይምንግስታዊ ትካልት ናይ ሃገራት ምዕራብ ኣድላዪ ስንቂ፣ መካይንን መቀያየሪ ኣቑሑተንን፣ ናውቲ ሕክምናን ኣፋውስን...ወዘተ፣ ስለ ዘቕረቡ እዮም፣ ንስዕረት ግዙፍ ሰራዊት ስርዓት ደርጊ፣ ከቀላጥፎ ዝኸኣለ። ብድሕሪ ነጻነት ኤርትራ ድማ፣ ዘይመንግስታዊ ትካላት ኣብ ኤርትራ ልዑል ሓገዛተን የበርክታ ነይረን'የን። ይኹንምበር፣ ስስዐ ጃንዳ ህግዲፍ ደረት-ኣልቦ ስለ ዝኾነ፣ ሃብቲ ዘይመንግስታዊ ትካላት ንምውራስ ክብል፣ ካብ ኤርትራ ከምዝባረራ ገበረ።

"ወዮ ናታስ ንሓማታ" ከምዝበሃል፣ ኢሳያስ ኣብ ልዕሊ ዝተፈላለዩ መንግስታትን ኣህጉራዊ ውድባትን ዘካየዶ ዘለፋታትን ኢድ ምትእትታውን ምትንኳላትን፣ ከምኡ'ውን ምስጓግ ዘይመንግስታውያን ትካላትን፣ መርሚርካን መዚንካን ሓቐኛን ርትዐኛን ፍርዲ ምሃብ፣ ኣድላይነቱ ዕዙዝ ምዃኑ ከይሰመርኩሉ ክሓልፍ ኣይመርጽን። ካብኡ ወጻኢ፣ ነገራት ብህድኣትን ብርትዓዊ ዓይንን ከይመዘንካን ከይረኣኻን፣ ብሽፉኑ ብኣህጉራዊ ከበባ ተበዲልና ኢና ምባል፣ መቓልሕ ኢሳያስ ካብ ምዃን ሓሊፉ፣ ካልእ ዝወሃቦ ትርጉም የልቦን። እዚ ኸኣ፣ ንህዝብና ይኹን ንሃገርና ክጠቅም ዝኽእል ኣይኮነን። ምኽንያቱ፣ ክንዲ ጐቦ ዝኸውን ጉድለታት ጃንዳ ህግዲፍ ኣብ ክንዲ ምንቃፍን ምቅዋምን፣ ኩሉ ጸገማት ናብ ካልኦት ምልጋብ፣ ስልጣን ህግዲፍ ካብ ምንዋሕ ሓሊፉ ንህዝብና ራህዋ ዘምጽእ ጉዳይ ስለ ዘይኮነ።

ካልእ ክበርህ ዝግብኦ ጉዳይ፣ ኣብ ወርሒ ግንቦት 1998፣ ንባድመ ብሓይሊ ምስ ሓዘ፣ ዓለም ብዓለማ ንእማመ ውድብ ሓድነት ኣፍሪቃ ብምድጋፍ፣ መንግስቲ ኤርትራ ሰራዊቱ ናብ'ቲ ቅድሚ 6 ጉንቦት 1998፣ ዝነበሮ ንኽምለስ ለሚና እያ። ብፍላይ ድማ፣ መንግስቲ ኣመሪካ ኣብ ወጻኢ ጉዳይ ናይ ኣፍሪቃ ሓላፊት ዝነበረት፣ ሱዛን ራይስ ብምምዛዝ፣ ነቲ ሽግር ንክፈትሕ ካብ ፈለማ ብዙሕ ፈቲኑ እዩ። ይኹን'ምበር፣ መራሕ ህግዲፍ ንልመና ኣመሪካ ነጺጉ ጥራይ ዘይኮነስ፣ ንልእኽቲ መንግስቲ ኣመሪካ፣ ሱዛን ራይስ "ተመኩሮ ዘይብላ ቈልዓ" ብምባል ኣናሽዩዋ እዩ። ብእንጻሩ መንግስቲ ኣመሪካ፣ ተበግስኡ ብምቕጻል፣ ናይ ሃገራዊ ጸጥታ ኣማኻሪ ዝነበረ ኣንቶኒ ለይክ ዳግማይ ብምልኣኽ ነቲ ሽግር ክፈትሕ ፈቲኑ እዩ። ኣብ ምወዳእታ ድማ፣ መራሒ ህግዲፍ ንኣንቶኒ ለይክ ሲ. ኣይ. ኤ. ብምባል ኣናሸዎ ኢዩ።

ብዝኾነ መላእ ዓለም ነቲ ጉዳይ ብሰላም ፍትሑዎ ኢሉ ክልምን እንከሎ፣ ኣብ ሕጊ ተመርኵሱ እዩ። እዚ ማለት ኣብ ቻርተር ሕቡራት ሃገራት ዓንቀጽ 33 ተመርኵሱ'ዩ።

ንሱስ ዓንቀጽ ሓደ ናይ'ዚ ዓንቀጽ'ዚ፣ ተዛማዲ ትርጉም ከም'ዚ ዝስዕብ ይብል፦

“ኣብ መንጎ ክልተ ወገናት ዘሎን ቀጻልነቱ ንኣህጉራዊ ዕቃበ ሰላምን ድሕንነትን ኣብ ሓደጋ ከእቱ ዝኽእል ዝኾነ ይኹን ዘይምስምማዕ፣ ብቐዳምነት ብዞባዊ ወኪላት ወይ'ውን ንሳቶም ዝመድመዱዎ ወይ ውን ብናይ ክልቲኦም (ዘይተሰማምዑ) ወገናት ስምምዕ ዝግበር ሰላማዊ ኣገባብ ብዘተ፣ መርመራ፣ ሽምግልና፣ ዕርቂ፣ መንጎኝነት ወይ'ውን ፍርዳዊ ፍታሕ ክግበረሉ ይግባእ።”

መላእ ዓለም ይኹን ኣሳለጥቲ፣ ኣብ'ዚ ዓንቀጽ'ዚ ተመርኲሶም፣ ንመራሒ ህግዲፍ ክልምኑዎ ኣንከለዉ፣ ዕጭ ሓንፈፍኩ እዩ ዝበለ። ኣብ ለካቲት 1999፣ ሰራዊት ኢትዮጵያ ንዕርድታትና ኣብ ድፈዓት ግንባር መረብ-ሰቲት፣ ብሓይሊ ምስ ተቈጻጸሮ ግን፣ ኹሉ ዲፕሎማስያዊ ጻዕርታት ዝተሓሰመ መራሒ ህግዲፍ፣ ርዒዱን ጠልቅዩን ንምሽቱ ነቲ እማመ ሰላም ተቀቢለዮ፣ ኣሎኹ ዝበለ። “ደርሆ ሓሪድካያ ሞተት ነጺኽያ ሞተት” ከምዝበሃል፣ ምስ'ቲ ኣብ መንጎ መራሕቲ ወያኔን መራሒ ህግዲፍን ዝነበረ ክሑን ጽልኢ፣ ኣብ ግምት ኣእቲኻ፣ ወዮ ደኣ ጥዑይ ኣእሙሮ ዘይብሉ ኰይኑምበር፣ እመመ ሰላም ይቀበል ኣይቀበል ሽዑ ንሽዑ ውግእ ጠጠው ከብሉ ይኽእሉ'ዮም ኢልካ፣ ምሕሳብ ምስ ወድዓዊ ክዉንነት ዘይሳነ እዩ። ኢሳያስ ንርእሱ ተዋሪዱ ከኣ፣ ንመላእ ህዝቢ ኤርትራ ኣዋረዶ። ዝኾነ ኰይኑ፣ ውግእ ብሰላም ዓሪፉ፣ ናይ ኣልጀርስ ውዑል ተፈሪሙን፣ ኮምሽን ዶብ ድማ፣ ብወርሒ ሚያዝያ 2002፣ ቀያዲ ዝኾነ ብይን ሂቡ።እቲ ፍርዲ ብሰንኪ መንግስቲ ኢትዮጵያ ዕንክሊል ኣትይዎ ዛጊት ክትግበር ኣይከኣለን፡፡ ኢሳያስ'ውን ኣይሰላም ኣይውግእ ጥራይ ኣብ ስልጣን ዘጽንሖ ኩነት ምኺኑ ኣጸቢቑ ስለ ዝፈልጥ ዝተፈላለዩ ኣህጉራዊ ተበግሶታት ብምምካን ፖለቲካዊ ምንዝርንኡ ይቕጽል ኣሎ።
ማለት ዋና ጽሓፊ ሕቡራት ሃገራት ሚስተር ኮፊ ኣናን ብመጀርያ ንሚስተር ኣክስዎርዝ ናይ ካናዳ ሚኒስተር ወጻኢ ነበር ከም ፍሉይ ልኡኽ መዚዙ ብፕረሲደንት ህግደፍ ተነጺጉ። ድሒሩ እውን ኣብ መጀመሪያ ወርሒ ጥቅምቲ ስርዓት ህግዲፍ በረራ ሆሊኮፕተራት ናይ ዓቃብ ሰላም ሰራዊት ኣጊዱ ጥራይ ዘይኮነ ፡ ንዋና ጸሓፊ ውድብ ሕቡራት ብቕሉዕ ጸረፎ። ቀጺሉ ኣብ ወርሒ ታሕሳስ ድማ ካብ ምዕራባውያን ሃገራት ዝመጹ ኣባላት ዓቀብቲ ሰላም ዓዲ ለቒቖም ክወጹ ኣዚዙ፡፡ ብተወሳኺ'ውን ኣብ መወዳእታ ወርሒ ታሕሳስ ብላዕለዋት ሓለፍቲ ዓቀብቲ ሰላም ዝተመዘዘ፣ ንኣንደር ሰክሬታሪ ጀነራል ጂን ማሪ ጉሃኖ፣ መእተዊ ፍቃድ ንምርካብ፣ ናብ ሓለፍቲ ህግዲፍ ዝተላእከ ክልተ ደብዳቤ ምላሽ ከምዘይረኸበን፣ ላዕለዎት ሰበስልጣን ህግደፍ'ውን ክረኽብዎ ፍቃደኛታት ከምዘይኮኑ ኣብ ዘቕረቦ ሪፖርት ገሊጹ'ዩ፡፡ ከምኡ'ውን ፍሉይ ልኡኽ ዋና ጸሓፊ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኮይኑ ኣብ መጀመርያ ሰሙን ወርሒ ሕዳር 2005 ዝተመዘዘ፣ ጃፓናዊ ኣምባሰደር ከንዞ ኦሺማ፣ ሰበስልጣን ህግደፍ ከዘራርብዎ ስለ ዘይፈቐዱ ኣብ ኣስመራ ቀንፈዘው ኢሉ ተመሊሱ። ብተመሳሳሊ'ውን ኣብ ሚንስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ኣመሪካ ምክትል ሰክረተሪ ኣህጉር ኣፍሪካ ዝኾነት ጀንዳየ ፍሬዘር ነቲ ኣብ መፋርቕ ጥሪ ናብ ኤርትራ ክትገብሮ ዝመደበት ጉዕዙ ብሰበ ስልጣን ህግዲፍ ተቀባልነት ስለ ዘይረኸበ ጉዕዘኣ ናብ ኤርትራ ከምዝሰረዘቶ ዝዝከር'ዩ፡፡ብዛዕባ'ዚ ፍጻሜታት'ዚ ብዙሕ ገጻት ክትንተንን ክጽሓፍን ምተኻለ። ሽግራት፡ጎንጽታትን ግርጭታትን ብኸመይ ክፍትሑ ይግብኦም ናቱ ስለ-ፍልጠት ስለ ዘሎዎ። ውድብ ሕቡራት ሃገራት ነዚ ኣብ ሞንጎ ኤርትራን ኢትዮጵያን ዘሎ ናይ ዶብ ሽግር ክፍታሕ እንተኾይኑ ነዚ መስርሕ'ዚ ጥራይ'ዩ ክኽተል ዝኽእል።ይኽተሎ ድማ ኣሎ።እንተ እቲ ናይ ህግደፍ ግብረ መልሲ ግን ጽላለ ጥራይ'ዩ ኢለ ኣስሚረሉ ክሓልፍ እመርጽ። ምኽንያቱ ነዞም ዝተፈላለዩ ልኡኻት ምርካብን ምዝርራብን ንኤርትራ የርብሓ'በር ትኸስሮ የለን። እቲ ዘሕዝን በዚ ጽሉል ስጉምትታት መላእ ህዝቢ ኤርትራ ግዳይ ይኸውን ስለ ዘሎ ጥራይ'ዩ።

ኢሳያስ ድማ፣ ሕብረተ-ሰብ ዓለም “ንወያኔ” ጸቕጢ ስለ ዘይገበረሉ፣ ዱብና ክንሕንጽጽ ኣይከኣልናን ብምባል፣ ንሕብረተ-ሰብ ዓለም ብምኽሳስ፣ ነቲ ናይ ከበባ መንፈስ ዳግማይ ብምልዕዓል፣ ንህዝብና ጅሆ ሒዙዎ ኣሎ። ብሓቂ ክርአ እንከሎ ግን፣ ሕብረተ-ሰብ ዓ ለም ኣብ'ቲ ኢሳያስ ሓንጊዱሉ ዝነበረ እዋን፣ ብተደጋጋሚ ይልምኖ ድኣ ነበረ'ምበር፣ ኣብ ልዕሊኡ ዝኾነ ይኹን ጸቕጢ ወይ'ውን ስጉምቲ ኣይወሰደን። ሕጂ ድኣ፣ ኢሳያስ ሕብረተ-ሰብ ዓለም ኣንታይ ክገብረሉ እዩ ዝጽበ ዘሎ። ብርግጽ፣ ሕብረተ-ሰብ ዓለም ነቲ ብይን ተቐቢሉዎ እዩ። ነቲ ብይን ተግባራዊ ንምግባር ድማ፣ ጻዕርታት የካይድ ኣሎ። እቲ ብይን ስለ ዝተተግበረ ኣብ መንጎ ክልቲኣተን ሃገራት ሰላም ክሰፍን'ዩ ኢልካ ምሕሳብ ግን ህጻንነት ምዃኑ ሕብረተሰብ ዓለም ዝጠፍኦ ኣይኮነን። ጠንቂ ናይ'ቲ ውግእ'ውን ናይ ዶብ ክርክር'ዩ ኢሉ ማሕበረሰብ ዓለም ይኣምን'ዩ ኢልካ ምሕሳብ ድርብ ዕሽነት'ዩ። ዶብ መመሳመሲ ናይ'ቲ ኣዕናዊ ውግእ ምኻኑ ኣዐርዩ ዝፈልጦ ጉዳይ'ዩ።

ሕብረተ-ሰብ ዓለም፣ ልክዕ ከምቲ ንኢሳያስ ዝለመኖ፣ ንመንግስቲ ኢትዮጵያ እውን ክልምኖ እዩ ዝኽእል። ካብኡ ሓሊፉ፣ ኣብ ልዕሊ መንግስቲ ኢትዮጵያ ካልእ ዝገብሮ ነገር ይልቦን። ቅንጣብ ፍልጠት ብዛዕባ ኣህጉራዊ ዝምድናታት ዘሎዎ ሰብ ዝርድኦ ጉዳይ'ዩ። ምናልባት ኢሳያስ ንልማኖን ምኽርን ሕብረተ-ሰብ ዓለም ሰሚዑ ነይሩ እንተ ዝኸውን፣ ኣነ ንሕብረተ-ሰብ ዓለም ሰሚዐ እየ፣ መንግስቲ ኢትዮጵያ ኣይሰምዐን፣ ምበለ። ዘረብኡ ሞራላዊ ሓይሊ ረኺቡ ገለ ሰማዕቲ'ውን ኣይምሰኣነን። ሕጂ ኢሳያስ ነቲ ኣቐድም ኣቢሉ ዘይሰምዖን ምኽሩ ዝተሓስመን ሕብረተ-ሰብ ዓለም እንታይ ክገብረሉ'ዩ ዝጽበን ዝደልን ዘሎ? 'ክውዕየካ ብማንካ ክዝሕለካ ብኢድካ' እንድኣሉ ተግባራት ህግደፍ ዝኸውን ዘሎ። 'ኢድ ሸናሒት ጸናሒት' ዝብል ምስላ'ኮ ኣብ ሂወት ተራ ኣሎዎ።

እቲ ኮይኑ እቲ ኣብ ኣእምሮ ህዝብና ሱር ዝሰደደ ናይ ከበባ መንፈስ፣ድሕሪ ነጻነት ዝቐንጠጠሉ ውድዓዊ ክውንነት ተፈጢሩ ክነሱ፣ህግደፍ መልክዑ ቀይሩ ቀጺልዎ'ዩ። ከም ሳዕቤኑ ድማ ሃገርና ካብ ሕብረተሰብ ዓለም ተነጺላ። ናይ'ዚ መረጋገጺን መምሃሪ ተምኩሮ ክኾነና ዝኽእልን እዚ ዝስዕብ ኣብነት ምርኣይ ጥራይ እኹል'ዩ። ንሱ ከኣ፣– ኣብ ግንቦት 2000፣ ሰራዊት ኢትዮጵያ ንውሽጢ ኤርትራ ሰንጢቑ ብምእታው፣ ገዚፍ ክፋል ልኡላዊ መሬትና ምስ ተቖጻጸረ፣ መንግስቲ ኤርትራ ኣብ ሕቡራት ሃገራት ጥርዓ ን ኣቕሪባ። ብዘይካ ሊብያን ፓኪስታንን፣ ኢትዮጵያ፣ ንኽትወጽእ ንኤርትራ ዝደገፈት ኣባል ሃገር ኣብ ሓፈሻዊ ባይቶ ሕቡራት ሃገራት ኣይነበረትን።ኣብ'ቲ ግዜ'ቲ ሊብያን ፓኪስታንን ኣብ ማሕረሰብ ዓለም እንታይ ቦታ ነይርወን ኩሉና ንፈልጦ እመስለኒ። ንምድጋሙ ግን፣ ፍንፉናት'የን ነይረን።ሃገርና ብዘይ ኣዕሩኽ ተሪፋ ዘላ ህግደፍ ሕጊ በረኻ ስለ ዘዘውትር'ዩ።

ህግደፍ ነዚ ነባር ናይ ከበባ መንፈስ መዘሚዙ ስልጣኑ ንከናውሕ ምፍታኑ ግብኡ'ዩ ዝገብር ዘሎ። ኣብ ስልጣን ዘጽንሖ ሜላታት ካብ መቓብር ፍሒሩ ብምውጻእ፣ ሓድሽ ናይ ኣተሓሳስባ ደግሲ ብምፍጣር ክቃለስ ናይ ዕላማ ጉዳይ'ዩ። ብተወሳኺ ህግደፍ እንተኾይንሉ፣ ተሓታቲ ናይ ኩሎም አዕነውቲ ፖሊሲታቱ ከም ዘይኮነ ንምርግጋጽን ነብሱ ነጻ ንምውጻእን ከም ዝቃለስ ርዱእ እመስለኒ። ስለዚ ጉድለታቱ ናብ ካልኦት ከጸግዖም ምፍታኑ'ውን የግባእብኣሉ'ዩ። እቲ ዝገርም ንህግደፍ ንቃወም ኣሎና ዝብሉ ሰባት ኣሰር ህግደፍ ተኸቲሎም ጉድለታት ህግደፍ እንዳመኻኻ ንሕብረተሰብ ዓለም ክወቕሱ ክትርኢ ከሎኻ'ዩ። እቲ ማሕበረሰብ ዓለም እኮ እቲ ንፈልጦ ማሕበረሰብ ዓ ለም'ዩ። ሓድሽ ዝተወልደ ማሕበረሰብ ዓለም የለን። ዝኾነት ሃገር ረብሓኣ ክሳብ ዘይተተንከፈ ንካልኦት ተሓሊቓ ኣብ ናይ እንዳማታ ጽልኢ ኢዳ ኣይትሕወስን'ያ።

ፍታሕ ዝመጽእ ካብ'ቶም ክልተ ሰብ ጉዳይ ጥራይ'ዩ። ማሕበረሰብ ዓለም ከሳልጥ ጥራይ'ዩ ዝኽእል።

ኣብ መደምደምታ ኣደን ጓልን ተብሃሂለንኦ ዝብሃል ዛንታ ክጠቕስ እመርጽ። ንሱ ድማ፡- ኣደ ተሓጺና ናብ ስድረኣ ንዝተመልሰት ጓላ "ሕጽኖት ከመይ ነይሩ?" ኢላ ትሓታ። እታ መርዓት ድማ፡ "ኣደየ ምሸት ምሸት ኣበይ ኣጥፊእክያ ክብል ትንፋሰይ ኣምሊቑኒ ሓግዩ"፡ ብምባል ትምልስ፡ ኣደ ትቕብል ኣቢላ "ዘይ ኣቦኺስ ንሳ እንዳበሉ'ዮም ጽሓይ ዝዓረበቶም" ኢላ መሊሳትላ ይበሃል። መሲልካ እንታይ ኣምጻእካ እንድዩ እቲ ነገር፡ መንግስቲ ኢትዮጵያ ውግእ ተጀሚሩ ክሳብ ብወተሃደራዊ ሓይሊ ጽብለልትነት ረኺቡ ድሌቱ ዝፍጽም፡ ሓንቲ መውጽኢት ኣፉ ዝነበረት ክሲ፡ ማሕረሰብ ዓለም ምስ ኢርትራ ኣሸራዩ እትብል'ያ። ዓለም ጸግዒ ኤርትራ ሒዛ ዘርያትና እትብል'ያ። ሕብረተሰብ ዓለም ቅሉዕ ወራር የተባብዕ ኣሎ እትብል'ያ።ኤርትራ ክትቕጻዕ ዝግብኣ ዓለም በንጻሩ የቀባጥረላ'ሎ እትብል'ያ። ሕጂ ከኣ እቲ ጉዳይ ተጋላቢጦሽ ኰይኑ፡እቲ ኣቐዲሙ መንግስቲ ኢትዮጵያ ኣብ ልዕሊ ማሕበረሰብ ዓለም ዝገብሮ ዝነበረ ክሲ ህግደፍ ይደግሞ ኣሎ። እዚ ክሲ'ዚ ፍታሕ ዘምጽእ ኣይኮነን።ከም'ቲ ኣቦ እታ መርዓት ክሳብ ጽሓይ ዝዓርቦ ክደጋግሞ እንተዘይኮይኑ። ፍታሕ ዝመጽእ ካብ'ቶም ክልተ ሰብ ጉዳይ ጥራይ'ዩ።

## መ. ጃህራን ትምክሕትን ሓሶትን፡

ኩልትና ከም እንግንዘቦ፡ መግዛእቲ ጥላያን ኰነ ኢሉ፡ ንህዝቢ ኤርትራ ብሓፈሻ፡ ንህዝቢ ከበሳ ድማ ብፍላይ፡ ካብ ናይ ከባቢ ኣሕዋት ህዝብታት ንምርሓቕን ንምንጻልን ክብል፡ ካብ ኣስመራ ዝመበገሲኡ ዝዘርግሖ ትምክሕታዊ ኣተሓሳስባ ከምዝነበረ፡ ዝተፈልጠ'ዩ። ጭፍራ ህግዲፍ'ውን፡ በቲ ሓደ መዳይ፡ ነቶም ባዕዳውያን ገዛእቲ ከስርጹዎ ዝፈተኑ ተንኮል ብምጥቃም፡ በቲ ካልእ መዳይ ከኣ፡ እቲ ብምስዋእቲ ጀጋኑ ዝተረጋገጸ ነጻነት፡ በቲ ጭፍራን መራሒኡን ጥራሕ ከም ዝመጸ ጌርካ ብምዝንታው፡ ንኹሎም ብቕልጽምና ስዒርናዮም ዝብል፡ ጃህራን ትምክሕትን ተወሲኹዎ፡ ብድሕሪ ነጻነት፡ ምስ'ቲ ናይ ከበባ መንፈስ ተላዕጢጡን ተሓናፊጹን፡ ከም በሓድሽ ተኾሊዑ ክገንን ጀሚሩ'ዩ።

ታሪኾም ኣብ'ቲ ጽንኩር ኩነታት እንታይ ከምዝነበረ ንፈልጦም ድማ፡ ሃገር ነጻ ውጽእ ምስበለት፡ መሬት ኣይትጽርና ክብሉ ጀመሩ። ቀንዲ መርኣያ ናቱ ከኣ፡ ኣብ ምቁንጻብ ዘይተጋደሉ ሰባት፣ ባህልናን ልምዲናን ዝጽየፎ ዓበይቲ ወለዲን ሽማግለታትን ምንእኣስ፣ ነቲ ጸቢብ ናይ ገደሊ ተመኩሮ ከም ኣድማሳዊ መዓቀኒ ብምውሳድ፡ ኻልኦት ናይ ህይወት ተሞክሮታት ምንጻግ...ወዘተ፡ ንምጥቃስ ይከኣል።ሓደ ዘይተማህረ መራሕ መስርዕ ተጋዳላይ ካብ ሓደ ዶክቶር ዝሓሸ ክእለት ምምሕዳር ከም ዘሎዎ'ውን መራሕ ህግደፍ ከይሓፈረ መዲሩ'ዩ።

ጃንዳ ህግደፍ ኣብ ውሽጢ ንዝርከብ ህዝቢ ጥራይ ኣይኮነን ኣቆናጺቡ፡፡ ኣብ ኣህጉራዊ መዳይ'ውን መርሒ ህግዲፍ ነዚ ተግባራት'ዚ፡ ኣንጸባሪቑዎ እዩ። ንኣብነት፡ ኤርትራ ብ1993 ብዕሊ ልዑላዊት ሃገር ምስ ኰነት፡ ሽዑ ንሽዑ፡ ውድብ ሓድነት ኣፍሪቃ ብኢሳያስ ከምዝነኣኣሰን ዝቈናጸብን ኰይኑ እዩ። ንህዝብን መንግስትን ሱዳን ብምስትንዓቕ፡ ንመንግስቲ ሱዳን ኣብ ውሽጢ ሰለስተ ኣዋራሕ፡ ንምግልባጥ ተወጢኑ'ዩ። "ሰማይ ዝደቡ" ሓገዝ ንተቓወምቲ ሱዳን ክንውፊ ኢና ብምባል መራሕ ህግደፍ ጨዲሩ'ዩ።

ምጭዳር ጥራይ ኣይኮነን፥ ብተግባር ኀኹሉ ሕግታት ኣህጉራዊ ዝምድናታት ብምጥሓስን ዲፕሎማስያዊ ስነ-ምግባር ብምስባርን፥ ኣብ ኣስመራ ዝነበረ ህንጻ ኢምባሲ ሱዳን ንተቓወምቲ ዓዲልዎ'ዩ። ብተመሳሳሊ ህዝቢ ትግራይ ልዕሊ 65 ሽሕ መንእሰያት ሰዊኡ ክብሩ ከም ዘረጋገጸ ታሪኽ ዝምስክሮ ሓቂ ክነሱ፥ "ንወያኔ ሓንጊርና ኣዲስ ኣበባ ኣእቲናዮም"፥ ብምባል ተመዲሩን ተዘሚሩን'ዩ። ሕጂ'ውን እንተኾነ መራኻቢ ብዙሓን ህግዲፍ ነዚ እየን ዘኳማስዓ ዘለዋ። እዚ ናይ ኣስተሓቃርን ምቁንጻባትን ፈተነ፥ ከም መርኣያ ናይ'ዞም ኣብ ልዕሊ ክንገልጾም ዝፈተና ትምክሕታውን ጃህረኛን ኣተሓሳስባታት'ዮም።

ሕሉፍ ሓሊፉ ድማ፥ ምንጭር ናይ'ዚ ጃንዳ'ዚ፥ ካብ ክቱር ትምክሕትን ትዕቢትን ተበጊሱ፥ ተፈጥሮኣዊ ዑደት ናይ ምቕያር ወይ'ውን ደው ናይ ምባል ክእለት ከምዘለዎ ንምርኣይ ክመጣጠር ፈቲኑ እዩ። እዚ ድማ፥ ብ1998፥ ኣብ መንጎ ኤርትራን ኢትዮጵያን ጐንጺ ምስ ተፈጥረ፥ መላእ ሕብረተ-ሰብ ዓለም፥ ካብ ባድመ ውጻእ ኢሉ ይልምነሉ ኣብ ዝነበረሉ እዋን፥ መራሕ ጃንዳ ህግዲፍ፥ “ካብ ባድመ ወጻና ማለት ጸሓይ ምስ ጠፍኣት ተመሊሳ ኣይተብርቕን'ያ ማለት ይቐልል” ብምባል፥ ትምክሕታውን ጃህረኛን ባህሪ ናይ'ቲ ጃንዳ፥ ኣብ መላእ ሕብረተ-ሰብ ዓለም ተጠሊዑ ኣቃልዩ። እዚ ጥራይ ዘይኮነ፥ መራሕ ህግዲፍ፥ ዕዋላዊ ጃህራታትን ፎኽራታትን እውን ኣስሚዑ እዩ። ገለ ካብኦም ንምጥቃስ፥ “ኣጋይሽና ጽቡቕ ጌርና ከነአንግዶም ኢና”፥ “ናይዚኣቶም ዘረባ ኣብ ቀዳድ ገረወይና ዘሎ ድምጺ'ዩ”፥ “ናይ ወያኔ ፈራዕራዕ ትርጉም ዘይብሉ'ዩ”፥ ውግእስ ኣስቲ ከይኑ ይኣዩ፥ “ንዑ ንፈታተን”...ወዘተ ዝብሉ ኣቃሊሑ'ዩ።

መራሕ ህግዲፍ ከምዚ ዝኣመሰለ ነውራም ዘረባታት ክዛረብ ከሎ፥ ብብዙሓት ኤርትራውያን ከምቌራጽን ዘይወላወልን መራሒ ይውሰድ ከምዝነበረ ዝከሓድ ኣይኮነን። ከምዚኦም ዝኣመሰሉ ዘረባታት ዕዳ ሃገርን ህዝብን ምዃኖም ተረሲዑ፥ ትምክሕትታቱ ዝቕበሉ ነይሮም ጥራይ ዘይኮነስ፥ ከም ኣገደስቲ ጥቕስታት'ውን ኣብ ማልያ ብምጽሓፍ ተኸዲኖሞ'ዮም። ንኣብነት፥ “ፈራዕ፥ ፈራዕራዕ” ዝብል ጽሑፍ ዘለዎ ማልያ ተሓቲሙ ሰባት ኣብ ኣመሪካ ይኽደኑዎ ምንባሮም ሓበሬታ ነይሩ። እዚ ዝጠቕሶ ዘለኹ ኣብነታት፥ ትምክሕትን ጃህራን መራሒ ጃንዳ ህግዲፍ ኣብ ገለ ክፋል ናይ'ቲ ኣብ ወጻኢ ዝነበር ህዝብና ተቐባልነት ከምዝነበሮ ንምርግጋጽ'የ። ሕጂ'ውን ሃገር ብሰንኪ እቲ ጃንዳ እንዳተበተነት እንከላ፥ ኣብ ጥራይ መዓኮሮም "ንሕና ተዋጊእና ስዒርና ተማጒትና ረቲዕ ና" ዝብሉ ሰባት ክትሪኢ እንክሎኻ ኣሰር ናይ'ዚ ክልሳ-ሓሳብ'ዚ ህያው ምኻኑ ዘረጋግጽ'ዩ። ስለ'ዚ፥ ትምክሕትን ጃህራን፥ ንህግዲፍ ኣብ ገለ ክፋል ሕብረተ-ሰብና ኀኽዑቌብ ኣኽኢሉዎ እዩ።

ጃህራን ትምክሕትን ህግዲፍ፥ ሕጂ ናብ ቅሉዕ ፈጠራን ሓሶትን ተቐይሩ፥ ኩሉ ፕሮፓጋንዳዊ መሳርሒታት ናይ'ቲ መንግስቲ፥ ኣብ ፈጠራን ሓሶትን ተጸሚዱ ይርከብ። እምበኣር፥ እዚ ጭፍራ'ዚ፥ ትርፍራፍ ገባቲ ማርክሰ-ለኒናዊ ኣተሓሳስባ ብምኽታል፥ ኀኹሉ ውልቃዊ-መሰላት ዜጋታት ብምጭፍላቕ፥ መልእ ሃገር ናብ ወተሃደራዊ መዓስከር ብምቕያር፥ መላእ ኣፍራዪ ጉልበት ብዘይ ደሞዝ ብምስራሕ፥ ብስም ልምዓት ሃገር መላእ መንእሰይ ወሎዶ ብሕታዊ ጊላ ናይ ሓደ ጃንዳ ብምግባር፥ ናብ ተስፍኣ ዝጸልመተ ሃገር ቀይሩዋ ክነሱ፥ ብወፍሪ ዋርሳይ ይከኣሎ ልምዓት ክረጋገጽ ይከኣል'ዩ፥ ኢሎም ዝትስፈዉ ዜጋታት ክትሪኢ እንክሎኻ፥ ፕሮፓጋንዳዊ ሓሶታት ህግዲፍ ክሳብ ክንደይ ኣብ ልዕሊ ገለ ወገናት ተዓዊቱ ከምዘሎ፥ መርኣያ እዩ። እዚ ወፍሪ'ዚ፥ ልምዓት ኣረጋጊጹ እንተ ዝነብር 80% ናይ ህዝቢና ተጻባይ ረዲኤት ምኾነ'ዶ? ብተመሳስሳሊ፥ ኣብ ከተማታት ዝነብር ህዝብና፥ ክልተ ሰለስተ ባኒ ንምግዝእ ካብ ፍርቂ ለይቲ ክሳብ ወጋሕታ ተሰሪዑ ምሓደረ'ዶ? እቶም ዝኣምኑ'ሞ እንታይ ዘይገበሩ?

ምኽንያቱ፡ ኩሎም ቶታላዊ ስርዓታት ብጽዑቕ ፕሮፓጋንዳ ዝተሰነየ ህዝቢ ብኽፌል ክኣምኖ ዝኽእል ገነታዊ (UTOPIAN) ዕላማታት (GOALS) ክሰርሕሉ ይጽዕሩ'ዮም። ህግደፍ ኣብ ሓጺር ግዜ ኤርትራ ናብ ሲንጋፖር ክቕይራ'የ ኢሉ ክሓልም ከሎ፣ ኣየኖት ትካላት ሒዝካ? እንታይ ሰብኣውን ኣካላውን ትሕተ-ቅርጺ ውኒንካ? ብኽንደይ ርእሰማል ተበጊስካ? ናይ ደገን ውሽጥን ርእሰማል ዝስሕብ ባይታ ኣንጺፍካ'ዶ? ናይ ደገን ናይ ውሽጥን ኣዕሩኽ ኣፍሪኻ'ዶ? ኣየናይ ቁጠባዊ ጽላት'ዩ ብቐዳምነት ተሰሪዑ ቅልጡፍ ኣበርክቶ ዝገብር? ዝተመርጸ ወይ ዝተመርጹ ቁጠባዊ ጽላታት እንተልዮም'ከ ፧እቲ ምርጫ ብሞያውያን ተመስኪሩሉ'ዶ? ዝብሉ ሕቶታት፡ ኣሸንኳይዶ በቲ ተራ ህዝቢ በቶም ናይ ቁጠባ ምሁራት'ውን ኣይቀረበሉን። ከም ሰቦም ኣሚኖምን ተታሊሎምን።

ብተመሳሳሊ፡ ብመደብ ዋርሳይ ይከኣሎ ወፍሪ ባርነት ሃገር ከልምዕ'የ ኢሉ ክንቀሳቐስ ከሎ፡ ነታ ፍልማዊት ቁጠባዊ ኣሃዱ ስድራ-ቤት እንዳ ኣፍረስካ ከመይ ጌርካ ሃገር ከተማዕብል? ዝበሎ ውሑድ'ዩ። መላእ መንእሰይ ናብ ጊላ ቀይሩ፡ ልምዓት ከረጋግጽ'የ ክብል ከሎ፡ ትጉሽተትካ ዝብሎ ዘሎ ውሑድ'ዩ። ጽባሕ ዝበላሾን ዝፈርስን መገድታት ይሰርሕ ኣሎ ተባሂሉ ኣብ ገለ ኩርንዓት ይምስከረሉ ኣሎ። ግርምቢጥ ዝኾነ ናይ ልምዓ ት ፖሊሲ ይኽተል ከም ዘሎ ዘቃልዖ ውሑድ ሰብ'ዩ። እቲ ዕንወት ግን ኣብ ልዕሊ ናይ ኩሉና ስድራ-ቤታት ይፍጸም ከም ዘሎ እንዳረኣናዮ ከሎና ገለ ተስፋታት ነሕድር።

ልምዓት ስለ ዘየለ፡ ኣብ ሃገርና ሰደድ የለን። ሰደድ ስለ ዘየለ ናይ ወጻኢ ባጤራ ክድለብ ኣይተኻእለን። ስርዓት ህግዲፍ ናይ ወጻኢ ባጤራ ስለ ዝሓጸሮ ነታ ሃገር ከንቀሳቕስ ዝኽእል ነዳዲ ክገዝእ ይኽእል የሎን። ነዳዲ ስለ ዘየለ ከኣ፡ ኣብ ሃገርና ህዝባዊ መጐዓዝያ ለሚሱ እዩ። እንበኣር፡ እዚ ተሰሪሑ ዝበሃል ዘሎ መንገዲ፡ ወተሃደራዊ መኮንናት ክሸራሽሩሉ እንተ ዘይኮይኑ ህዝቢ ዝጥቀመሉ ኣይኮነን። ውሑዳት መሻርኽቲ ህግደፍ ኣብ ወጻኢ ዝነብሩ'ውን ይሽርሽሩሉን ይኾኑ። ህዝቢ ብሕጽረት ነዳዲ ኣብ ቀብሪ መቕርቡ'ውን ክውዕል ይኽእል የለን። ኣብ ከም'ዚ ዝኣመሰለ ቅሉውላው ዝወደቐ ቁጠባዊ ፖሊሲ ልምዓት ሃገር ከረጋግጽ'ዩ ድማ ይበሃለና ኣሎ። እጹብ!!

ህዝቢ ተሌቪዥን ናይ ህግዲፍ ይከታተል'ዩ። ጸጽቡቑ ድማ፡ የርእዩዎ። ኣብ ኣፍ ሂምቦል ፥ ሳዋ ፥ ዕላበርዕድን ሞሎቨር ዘለዉ ብጊላታት ዝስራሕ ጀራዲን ናይ ህግድፍ ብቐጻሊ ኣብ ተሌቪዥን የርእዩዎ'ዮም። ሃገር ነልምዕ ኣሎና ከኣ ይብሉ። እዚ ኣብ ጁባታት ውሑዳት ዝኣቱ እቶት፡ ብረሃጽ እቶም ባሪዩ እዩ ዝፈሪ። በዚ ኣገባብ'ዚ ዝካየድ ማእቶት ሃገር ክትለምዕ'ያ ኢሎም ክሕስዉ ከለዉ፡ ገለ ክፉል ካብ'ቲ ህዝቢ ሓቂ'ዩ ዝመስሎ። ኣብ መላእ ኣስመራ ህዝቢ ባኒ ንክገዝእ ተሰሪዑ ከምዝሓድር፡ ኣብ ላዕሊ ገሊጸ ነይረ። ብቲቪ ኤረ እዚ ኣስካሕካሒ መነባብሮ'ዚ ተራእዩ'ዶ ይፈልጥ? ኣይፈልጥን'ዩ። መራሒ ካምቦድያ፡ ፖልፖት ብባርነት ዘስርሖ ዝነበረ ምሩጽ ናይ ሩዝ ሕርሻታት ስኢሉ ብምቕራብን ምህርቲ ሩዝ ናይ'ታ ሃገር ይውስኽ ከምዘሎ ብምሕሳውን፡ ህዝቢ ካምቦድያ ጽቡቕ ከምዘሎ፡ ንዓለም ዘእመነሉ እዋናት ነይሩ'ዩ። እቲ ህዝቢ ግን፡ ብጥሜት'ዩ ይበርስ ነይሩ፡፡ ህዝብና ካብ ኣብ ትሕቲ ዝኾነ ባዕዳዊ መግዛእቲ ዘሕለፎ፣ መነባብሮ ናይ ሕጂ ዝኸፍእ ክነሱ፥ተሌቪጅን ኤርትራ፥ከርፋሕ መነባብሮ ህዝቢና ኣርእያቶ ኣይትፈልጥን'ያ። ከም'ዚ ጀርዲን ኣልሚዐ፥ጽባሕ ብውሕጅ ዝበላሾ መገዲ ሰሪሐ ብዝብል ነፍሒታት ግን ህዝቢ ጸሚሙ'ዩ። ጽባሕ ኤርትራ ገነት

ክንገብራ ኢና ዝብል ሓሶት፣ ሓቂ ዝመስሎ ህዝቢ ከኣ ኣሎ። ስለ'ዚ፣ ሓሶት ንህግዲፍ ግዝያዊ ዑቕባ ሂቡዎ'ሎ።

ሓደ ካብ'ቲ ዘሾ̂ርዕ ክብርታትና ሓቅነት'ዩ። ተሓቢሉ ይኹን ብገለ ጥቕምታት ብሓሶት ዝመስከረ ኣብ ሕብረተሰብና ውጉዝ'ዩ። ክሳብ መውስቦ ምኽላእ ዝበጽሕ ተነጽሎ ድማ የጓንፎ። "ወዲ ሓሳዊ ምስክር" እቲ ዝኸፍአ ጸርፍን ውርደትን'ዩ። ብተመሳሳሊ ሰሪሕካን ርሂጽካ ምብላዕ እንበር ዘይናትካ ምድላይ ነውሪ'ዩ። "ብልዒ ሓላፌ ሽም ተራፌ" ዝብል ምስላ መግለጺ ስነ-ኣእምሮ ናይ ህዝብና'ዩ ምባል ምግናን ኣይኮነን።ኣብ ግዜ ፈደረሽን ብጉቦ ዝሳለጥ ጉዳይ ኣይነበረን። ጉቦ ኣብ ሃገርና ዝተኣታቶ ምስ መግዛእቲ ኣምሓራ'ዩ።

ህግደፍ ነዚ ጽሩይ ኣእምሮ ህዝቢ መዘሚዙዎ'ዩ። ህዝቢና፣ ንተጋደልቲ ነጻነት ስለ ዘምጽኡ ጥራይ ኣይኮነን የኽብሮምን ይኣምኖምን ነይሩ። ከም ንሰናይ ተግባር ዝተበጀዉን ሰማእታትን ቅዱሳትን ገይሩ'ዩ ይርእዮም ነይሩ። ኣብ ግዜ ምምሕዳር ተጋደልቲ ፍትሒ ክጉዕጸጽ ይኽእል'ዩ፣ከዳናግሩን ከታልሉን ይኽእሉ'ዮም፣ ዝብል ቅንጣብ ጥርጣረ ኣይነበሮን። ብፍላይ ንመራሕ መንግስቲ ከኣ ከም ሓለቓ መላእኽቲ ገይሩ'ዩ ይርእዮ ነይሩ። እዚ ኣረኣእያ'ዚ ምስቲ ኣብ ኣእምሮ ህዝቢና ንወለዶታት ዝሰረጸ ጸረ-ሓሶት ኣተሓሳስባ ተደሚሩ ህግደፍ እሙንን ቅንዑን ንኽበሃል መሰረት ኮይኑ'ዩ። ህዝቢና እንታይነት ህግደፍ ይፈልጥ ስለ ዘይነበረ ህግደፍ ዝብሎ ኩሉ ሓቂ ይመስሎ ነይሩ'ዩ። ንኸጥፍኦምን ክድህሎምን ንረቶም ክዘምቶምን ዝደለዮም ሰባት ኣብ ፍሉይ ቤት ፍርዲ ወሲዱ ድላዩ ክገብሮም ከሎ፣ ሃገር ካብ መጠፋፋእቲ የጽርያ ኣሎ ተባሂሉ'ዩ ተኣሚኑ። ጉዳይ ኤርሚያስ ደበሳይን (ፓፓዮ) ብዙሓት ኣባላት ኩባንያ ቀይሕ ባሕሪን ብፖልቲካዊ ድርኺት ህግደፍ ከጥፍኦም ተበጊሱ ክነሱ፣ኣብ ህዝቢ ግን ከም ንብረት ህዝቢ ዝበልዑ መጠፋፋቲ ገይሩ'ዩ ኣቕሪብዎም። ህዝቢ ድማ ኣሚኑ።

ስለ'ዚ ህግደፍ ገንታዊን ዘይትግበርን ተስፋታት ብምሃብ ጥራይ ኣይኮነን ህዝቢ ኣታሊሉ ተእማንነት ናይ ህዝቢ ረኺቡ፡፡ እንታይ ድኣ ሓሶት ኣብ'ቲ ሕብረተሰብ ዝኸፋአ ጽያፍ ብምዃኑ፣ ናይ ተጋደልቲ ደቂ መንግስቲ ድማ ክሕሱ ኣይክእልን'ዩ ኢሉ ስለ ዝኣመነ'ዩ። እዚ ዳሕርዋይ እምነት ዋላ ህግደፍ ዝኸፍአ ሓሳዊ ምዃኑ ኣብ ተቓሊዕሉ ዘሎ ህሞት፣ ኣብ መዋእለን ሽቂለን ሰውራ ዝዓንገላ ገለ ኣዴታት  ኣሰሩ ኣይሃሰሰን ዘሎ።

ኩሎም ቶታላዊ ስርዓታት ብሓሶት ህዝቦምን ዓለምን እንዳታለሉ'ዮም ዝነብሩ። ህግደፍ'ውን ከም ሓደ ቶታላዊ ስርዓት ብዘይ ሓሶት ህላወ የብሉን። ብስነፍልጠት ኩነተ-ህላወ ናይ  ነገር (MATTER) ምንቕናቕ (MOTION) ኢዩ። ነገር ኣብ ምንቕናቕ'ዩ ዝነብር። ስለዚ ነገር እንተልዩ ምንቕናቕ ኣሎ። ምንቕናቕ እንተልዩ ድማ ነገር ኣሎ። ስልዚ ህግደፍ ድማ ከም ሓደ ቶታላዊ ስርዓት ኣብ ሓሶት'ዩ ዝነብር። ስ'ለዚ ህግደፍ እንተልዩ ሓሶት ኣሎ። ህላወ ዘይሕሱ ህግደፍ ህላወ ህግደፍ የለን ማለት'ዩ።

## መደምደምታ

ብኣረኣእያይ እቲ መሰረታዊ ህግደፍ ተዓቍብሉን ተሓቢእሉን ዘሎ ስነ ሓሳብ ኮሚንስታዊ'ዩ። ካብ ካልኦት ኮሙኒስታዊ ቶታላዊ ስርዓታት ፈሊኻ ክትርእዮ ዝከእል ኣይኮነን። ምስ'ዚ ስነ-ሓሳብ'ዚ ተዳቂሎምን መሰነይትኡ ኮይኖምን ህግደፍ ንነዊሕ እዋን ዝተጠቕመሎም ከም ርእሶም ዝኸኣሉ ኣተሓሳስባታት ኣቕሪበዮም ኣሎኹ። ኣብ ላዕሊ

ከም ዝገለጽክዎ ህግደፍ ተቐናቅንቱ ንምጽናት ደርባዊ ቃልሲ ጥራይ ዘይኮነ ዝጥቀም፡፡ ኣውራጃዊ ክስታት'ውን ዓይነታዊ መሳርሒኡ ከም ዝኾነ ጭብጥታት ኣቕሪበ ነይረ። ንልዕሊ 30 ዓመታት ስለ ዝተጠቕመሉ፡ ህዝቢ ኤርትራ ውሽጣዊ ሓድነቱ ንምዕቃብ ተሪር ቃልሲ'ኳ የካይድ ይሃሉ፡ ብፍላይ ኣብ ገለ ክፋል ኣብ ወጻኢ ኣብ ዝርከብ ህዝቢ መሕብኢ ኮይንዎ'ሎ። በተሓሳስባ ካብ'ቲ ጃንዳ ብዙሕ ዘይፍለዩ ኣብ ውሽጢ ደምበ ተቓውሞ ዝርከቡ በኣታታት ነቲ ሜላ ይጥቀምሉ ስለ ዘሎዉ'ውን ስነ-ሓሳብ ናይ'ቲ ጃንዳ ንምቕታል ቁሩብ ግዜ ዝሓትት ኮይኑ'ሎ።

ብተመሳሳሊ ጃንዳ ህግደፍ፡ ኣብ ክንዲ ንቡርን ዓለም ዝጥቀመሉ ሕጊታትን ምዝውታር፡ ሕጊ በረኻ ኣብ ውሽጢ ህዝቡን ምስ ጎረባቢቱን ስለዝተጠቕመ ማሕበረሰብ ዓለም ተጸይፍዎ'ዩ። ህግደፍ ግን ነቲ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ታሪኽ ብሕብረተሰብ ዓለም ብዘጋጠሞ ተነጽሎ  ብምምዝማዝ ሓንሳብ ዓለም ሰብኣዊ ረዲኤት ኣጕዲላትለይ፡ ኣብ ገለ ግዚያት ረዲኤት የድልየካ'ዩ ኢላትኒ ብምባል ኣብ ሓድሕዱ ዝተሃራረም ክሲታት የቕርብ። እቲ ቀንዲ ህግደፍ ዘቕርቦ ኽሲ ግን ምስ ኢትዮጵያ ኣሻርያ ኢሉ ከም ዕቡድ ከልቢ ዝነብሖ'ዩ።

ብሓቂ ንምዝራብ እቲ ክዉንነት'ቲ ብድሕሪ ነጻነት ተቐይሩ'ዩ ነይሩ'ዩ። ካብ ብዙሓት ሃገራት ካብ ንኢትዮጵያ ንኤርትራ ዝውሕዝ ዝነበረ ናይ ልምዓት ሓገዛት ይበዝሕ። ዓ ለም ንስርዓት ህግደፍ ጉሒፋቶ ዘላ ሕገ-ኣልቦ ስለዝኾነ'ዩ። ውግእ ወሊዑ ንዓ ኣይፋልካን እቲ ሽግር ብሰላም ፍትሓዮ፡ ኢሎም ለሚኖሞ፡ ስለ ዝቕበጸን፡ ካብ ባድመ ከባቢኣን ሰራዊትና ምስ ተደፍአ፡ ርዒዱን ጠልቅዩን ንምሸቱ ነቲ እማመ ናይ ሓድነት ኣፍሪቃ ተቐቢለዮ ኣሎኹ ኢሉ ዘርባዕባዕ ስለ ዝበለን፡ ብዘይካ ስነመጎት ሓይሊ ንቡር ኣህጉራዊ ዝምድናታት ከም ዘይርድኦ ንዓለም ስለ ዘፍለጣ'ዩ። ናይ መዋእል መቓልስቱን ጋዜጠኛታትን ምስ ኣሰረ ኣብ ፍርዲ ኣቕርቦም፡ገበን እንተ ኣልይዎም ብሕጊ ቅጽዓዮም ምስ በልዎ ሕጊ ጫካ'የ ዝጥቀም ኢሉ ብምጉዕባዕ ስለ ዝመለሰሎም'ዮም ፎእ ኢሎሞ። ኣብ ውሽጢ ሃገር ይኹን ምስ ጎረባብቱ ወይ ምስ ማሕበረሰብ ዓለም ሕጊ ጠጠቒሙ ዘይፈልጥ ኣብ'ዛ ናይ ዶብ ውሳነ ምስ በጽሐ ንፖለቲካዊ ሃልኪ ስለትጠቕሞ ወያነ ሕጊ ይረግጹ ኣሎዉ (ሕጊ ኣይረገጹን ማለተይ ኣይኮንኩን) ኢሉ ንብዓት ሓርገጽ ክነብዕ ከሎ ንሱ ጸረ ኩሎም ሕግታት ከሎ ንመን'ዩ ከስምዕ። "ኳሌታኹም ልጎሙ" ክትብል ከሎኻ'ኮ ኳሌታኻ መጀመርያ ምስ ለጎምካ'ዩ ክብሃል ዝግባእ። እንተኾነ እቲ ናይ ከበባ መንፈስ (ንሕገ-ኣልቦ ተግባራቱ ከም መሸፈኒ ብምጥቃም) ትምክሕትን ጃህራን ሓሶትን ወሲኽካ፡ ናይ'ዚ ኣብ ኤርትራ  ስልጣን ሒዙ ዘሎ ጃንዳ ሓደ ካብቶም ህዝቢ ኤርትራ ንምትላል ዝጥቀመሎም ስነ-ሓሳብ ኮይኑ ንረኽቦ።

እዚ ዝተሓናፈጸ ስነ-ሓሳብ'ዚ፡ ነዚ ጃንዳ ኣብ ሕቑፊ ህዝቢ ኤርትራ ኘክሕባእ ሓጊዙዎ እዩ። ሕጂ'ውን እንተኾነ፡ ብኹሉ መልክዓቱ ዕርቃኑ ዝወጸ ቶታላዊ ስርዓት ክነሱ፡ ንዕ ኡን ንስነ-ሓሳቡን ዝጣበቑን ዝሓቕቑፉን ኣብ ወጻኢ ከም ዘለዉ ዝከሓድ ኣይኮነን።

ጃንዳ ህግደፍ በዚ ኣብ ላዕሊ ክንትንትኖ ዝፈተንና ኮሞኒስታዊ ስነ-ሓሳብ ዝሰረቱ ድቓላ ስነ-ሓሳብ ተኽዊሉ፡  ንመንእሰያት ኤርትራ፡ ሃገራዊ ኣገልግሎት ብዝብል ምስምስ፡ ካብ ከተማታትን ገጠራትን ሃገር ብምርሓቕ ኣብ በረኻታት ከምዝሰፍሩ ምግባር፣ ንዜጋታት ፊን ከምዘበሎ ምእሳርን ምቕታልን፣ ህዝቢ ኣብ ማእቶት ከምዘይዋፈር፡— ማለት ሓሪሱ፡ ጓስዩ፡ ነጊዱን ሸቂሉን ከምዘይበልዕን ከምዝሳቐን ካብ ዓዱ ከምዝስደድን ምግባር፣ ካብ ሜዳ ሒዙዎ ዝመጸ ጸረ-ምሁራት ብዝገደደ መልክዑ ብምቕጻል፣ ህዝቢ ኘኸይመሃር ምእንታን፡ ትምህርቲ ብምጕንዳብ፡ ነታ እንኮ ዩኒቨርሲቲ ከም ትጽልምት ምግባር፣ ናይ ዕርፍቲ ግዜኹም ኣሕሊፍኩም፡ ንእሽቶይ ናይ ድሲፕሊን ጉድለት

ኣርኢኹም ብምባል መንእሰያት ምቅታል፡ ንኹሎም ኣፎም ዝኸፈቱ ምእሳርን ምቅታልን፡ ዓይነታዊ ኣብነት ናይ ጨካን ባህርያቱ ድማ፡ ኣካለ-ሰንኩላን ምርሻን፡ወዘተ ክጥቀሱ ይከኣል። ክሳብ ሕጂ ኣብ ኤርትራ፡ ዋላ'ኳ ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ኣሃዛዊ ጸብጻብ ንምቕራብ ዘሸግር እንተኾነ፡ ብሰንኪ እዚ ስርዓት'ዚ ክንደይ ሰብ ተቐቲሉን ጠፊኡን እዩ፡፡ ኣብ ማእሰርቲ ዓዲ ኣበይቶ ዝተፈጸመ ሰለስተ ተደጋጋሚ ቕትለታት እቲ ዝተቓለዐ'ዩ።

ኣስታት 80%ናይ ህዝቢና ሓረስታይን ጓሳን'ዩ።ኩሉ ክሓርስን ክጓስን ዝኽእል ኣብ መዓ ስከራት ተዳጒኑ ስለ ዘሎ እቶም ኣላዪ ዘድልዮም ኣረጋውያንን ቆልዑን ኣብ ዘይመዓ ልቶም ይቕዘፉ'ዮም ዘለው። ስለ'ዚ፡ እዚ ጃንዳ'ዚ ተዓቀኒቡሉ ዘሎ ሓንፈጽ ስነሓሳብ ንህዝቢ ኤርትራ ንምጽናት ዝዓለመ ምዃኑ ዘማትእ ኣይኮነን።

እዚ ኢሳያስ ዝመርሖ ጃንዳ ስለምንታይ'ዩ ኤርትራ ንምጽናት ውራየይ ኢለ ተታሒዝዎ ዘሎ ዝብል ሕቶ ንምምላስ ንኹሉና ከም ዝሕርብተና ርዱእ'ዩ። መልሲ ካብ ምስኣን ዝተላዕለ'ዩ ይመስለና ኢሳይያስ ጽሩይ ኤርትራዊ ስለዘይኮነ'ዩ ተብሂሉ ክጽሓፍን ክምለስን ኣንቢብናን ሰሚዕናን። እዚ ንውሪ ዝኾነ ኣበሃህላ'ዩ። ኢሳይያስ ካብ ማህጸን ኤርትራን ካብ ዝተሓላለኸ ቃልሲ ኤርትራን ዝተወልደ ኤርትራዊ'ዩ። ካብኡ ንላዕሊ ኤርትራዊ'የ ዝብል ሰብ ትጋገ ኣሎኻ ንብሎ።

እቲ ሽግር ናይ ኢሳይያስ ጥራይ ኣይኮነን።እቲ ሽግር እቲ ስነ-ሓሳብ'ዩ።እቲ ሽግር በዚ ስነሓሳብ ናይ ዝምራሕ ውድብ ወይ ስርዓት'ዩ። ብመሰርቱ እቲ ሽግር ናይ ውልቀ-ሰባት ኣይኮነን። ስለዚ መሰረታዊ ለውጢ ክግበር ኣሎዎ ክንብል ከሎና እቲ ስርዓትን እተሓሳስብኡን ክንቕሉ ኣሎዎም ማለት'ዩ። መሰረታዊ ሽግር ኢሳይያስ ግን ኣብ ክልተ'የን ክጠቓለላ ዝኽእላ፡- ቀዳማይ—ፍትወት ስልጣን'ዩ። ኢሳይያስ ክቱር ስልጣን ስለ ዝፈቱ ንስልጣነይ የስግኡኒ'ዮም ዝብሎም ተጋደልቲ ብዙሓት ቀንጺሉ'ዩ። ስለዚ አእዳዉ ብደም ስለ ዝተሓጽበ፣ ንእሽቶይ ቁልዒ ደሞክራሲ እንተ ተቐልቂላ፡ ኣምስይኡ ናብ ባርዕ ከም ትቕየር ስለ ዝፈልጥ፡ እቲ ባርዕ ከኣ መጀመርያ ንዕኡ ከም ዘንድድ ስለ ዝርዳእ ናይ ድሕረይ ሳዕሪ ኣይትብቆል ስጉምቲ ክወስድ ርዱእ'ዩ። ካልኣይ "ሰብ'ከ እንታይ ክብለኒ" ዝብል ስክፍታ ኣጥፊኡ'ዩ። ናይ ጥዑይ ኣእምሮ ዘሎዎ ሰብ ኣተሓሳስባ ከኣ ኣይኮነን።

ኣብ ምህናጽ እቲ ስርዓት ኢሳያስ ልሉይ ግደ ከም ዝነበሮ ዝከሓድ'ኳ እንተዘይኮነ በይኑ ጥራይ ዝገበሮ ግን ኣይኮነን። እቲ ስርዓት ድማ ንኢሳይያስ ወሊዱ። ልክዕ'ዩ ኢሳያስ ከም ኩሎም ኣብ ፍጹም ዲክታተርነት ዝበጽሑ መራሕቲ ንስልጣኑ ዘስግኦ ሰብ ክቕንጽል ድሉው'ዩ። ሓው ወዲ እንኡ ክቕንጽል ድልው'ዩ። ኣብ ስልጣኑ ንምቕንጻል ድማ ዝኾነ ዓይነት ሜላን ክልሰ-ሓሳብን ክጥቀም ድልው'ዩ። እዚ ድማ ናይ ኩሎም ትጋገዩ ኣሎኹም ዝብሎም ኣካል ዘይብሎም ተግባራት ኮሞኒስታዊ ስርዓታት'ዩ። ስለ'ዚ እቲ ሽግር ኪነው ኢሳያስ ኮይኑ ናይ'ቲ ስርዓትን ኣተሓሳስብኡን'ዩ። መሰረት ናይ'ቲ ሽግር ኣቲ ስነ-ሓሳብ'ዩ። እዚ ስነሓሳብ'ዚ ክንቀል ኣሎዎ።

ዝኾነኮይኑ፡ ኩላትና ከምዘይንስሕቶ፡ ኣብ ዓለምና ብገለ ጨካናት ስርዓታትን መራሕቶምን፡ ኣብ ልዕሊ አህዛብ ዓብይቲ በደላት ከምዝተፈጸሙ ዝዝከር እዩ። ንኣብነት፡ ብዮሴፍ ስታሊን ብስም ኢንዱስትርያል ሶሻሊዝም ኣብ ዜጋታት ሕብረት-ሶቬት ነበር ዝወረደ ግፍዕታትን ገበናትን፡ ኣብ ግዜ ማኦ ሰቱንግ ዓብይ ዝላ ንቕድሚት፡ድሕሪኡ ዝሰዓበ ባህላዊ ሰውራ ብዝብሉ ኣምራት ኣብ ህዝቢ ቻይና ዝወረደ ገበናት፡ ኣብ ካምቦድያ ብመራሒ ካመሩጅ ዝነበረ ፖልፖት ኣብ ልዕሊ ህዝቢ

***ዝተፈጸመ ኣዝ'ዩ ኣስካሕካሒ ዝኾነ ኣረሜናዊ ግፍዕታትን፡ ንምጥቃስ ይከኣል። ስርዓት ህግዲፍ ብባህርያቱ፡ ካብዞም ስርዓታት እዚኣቶም ዘይፍለ እኳ እንተኾነ፡ ብመንጽር ኣብ ኤርትራ ዝፍጸም ዘሎ ግፍዕታት ከነነጻጽሮ ከሎና፡ ምስ ናይ ፖልፖት ዝያዳ ተመሳሳልነት ኣለዎ። ንኣብነት ዝኣክል፡ ፖልፖት ዳርጋ ኩሉ ከተመኛ ንገጠር ሰጒጉ፡ ኣብ ናይ ሩዝ ሕርሻ ከምዝዋፈሩን ኣብኡ ብጥሜት ከምዝሞቱን ጌሩ'ዩ።***

***ስርዓት ኢሳያስ እውን፡ ኩሉ ካብ 18 ክሳብ 50 ዓመት ዘሎ ዜጋ ንበረኻታት ኣውጺኡ፡ ብጠበንጃ እንዳ ሓለወ፡ ወፍሪ ዋርሳይ ይካሎ ብዝብል ምስምስ፡ ኣብ ቆላታት መሻላ ክጽህዩ ተዋፊሮም ብዓሶ ክረግፉን ንርእዮ ዘሎና ጉዳይ'ዩ። ሃዲምኩም ተባሂሎም ዝርሸኑን ኣብ ናኹራ ኣብ ኣብያተ-ማእሰርቲ ዝሰቐዩ ዘለውን ብኣሽሓት ዝቑጸሩ'ዮም። ፖልፖት ባጤራ ከም መለዋወጢ ኣቕሓ ኣብ ካምቦዲያ ኣጥፊእዎ ነይሩ'ዩ። ኢትዮ-ኤርትራ ወግእ ምስ ጎሃረ ኣብ 1999 ኢሳይያስ ነቶም ሚንስተራት ጸዊዑ ኩሉ ደሞዝ ተቛሪጹ መላእ ህዝቢ ካብ ቶሚን መግቡን ክዳውንቱን እንዳ ተዋህቦ ንኽሰርሕ እማመ ኣቕሪቡሎም፡ ክኸውን ከም ዘይክእል ስለ ዝተቓወምዎ ከተግብሮ ኣይከኣለን። ስለ'ዚ ፖልፖት ኣብ ሰብዓታት ይነብር ስለ ዝነበረ ዘካይዶም ዝነበረ ተግባራት፡ ካብ'ዞም ሕጂ ኢሳይያስ ዝገብሮም ዘሎ፡ ናይ ኣገባብ ፍልልይ ክህሉ ግድነት'ዩ። ተግባራቶም ግን ብትሕዝቶ ፍልልይ የብሉን። ክልቲኣቶም ነቲ ብስሙ ዝምሕሉን ዝጥሕሉን ህዝቢ ንምጥፋእ ዝተፈጥሩ'ዮም።***

***ስለ'ዚ ህግደፍ ኣብ'ዚ ሓንፈጽ ስነ-ሓሳብ ይነብር ኣሎ፡፡ ሃገር ድማ የጥፍእ ኣሎ። ሃገር ንምድሓን ዝጥለብ ዘሎ ስነ-ሓሳብ ከኣ ተቕውሞ (Negatation) ናይ ስነ-ሓሳብ'ዚ ህግደፍ ኢዩ።***

***ብተጋዳላይ ኣድሓኖም ገብረማርያም***
hagos20@yahoo.com